# ረመፅ

ልሳን ቃልሲ መፅሄት #ረመፅ

ሻብዓይ ሕታም

# መዋፅኦ ትግራይ እንታይ እዩ?



መሰጋገሪ መንግስቲ
ስሙር ብሄራዊ ባይቶ
መኸተ ህወሓት
?

መጋቢት 2014 ኣቆፃፅራ ግእዝ



ገድሊ ሓዱሽ ወለዶ! !

# መልእኽቲ #ረመፅ

## ባህሊ ምትእንጋድ ብዙሕነት ሓሳብ: ተስፋ መፃኢት ትግራይ!

ዝተፈላለዩ ሓሳባት ክዝረቡን ክስመዑን ዕድል ምሃብ ካብ መግለፂታት ስልጣነን ምዕባለን ማሕበረሰብ ሓደ እዩ። ዝተፈላለዩ ሓሳባት ክሽራሽሩ ዝፈቅድ ነፃነት ኣብ ምህላው ዝፍጠር ውስንነትን ብልጫን ድማ መዐቀኒ ንቕሓታዊ ምዕባለ እቲ ማሕበረሰብ እዩ። እንተምንታይሲ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝህሉ ፖለቲካዊ ሃዋህውን ምንቅስቓስ ትካላት ሚድያን ካብቲ ህዝቢ ቦቚሉ ዝጠጥዐ ስለዝኾነ።

መፅሄት #ረመፅ: ህዝቢ ትግራይ ብዙሓት ሓሳባት ክሸከም ዘኽእል እንግድዓ ዝወነነ ስልጡን ህዝቢ ክኸውን ኣለዎ ኢላ ትኣምን። እቶም ገጢሞሙና ዘለው ሓርጎፅጎፃት እንብደሆም ሓሳባት መሚዩን ፋሪኹን ዘዋፅአ ወሲዱ ዘይጠቕሞ ዝድርቢ ወናኒ ምዕቡላት ፖለቲካዊ ክብርታትን ፀጋታትን ዝኾነ ማሕበረሰብ ክፍጠር ከሎ እዩ። ዝተፈላለዩ ወያነታት ወሊዑ ከመይ ክዕወት ከምዝኽእል ንዝፈልጥ ህዝቢ: ከም እግረ ተኸል ቆልዓ ምናባዊ 'ሕንጉዳያት' እናፈጠርካ: ፀለእቲን ፈተውቲን ዝበሃሉ ኣተሓሳስባታት ስኢልካ 'ሑሕ' ምባል፥ ነቲ ህዝቢ ይኹን ነቶም ዕውታት ጉዕዞታት ወያነ ፀርፊ እዩ። ዕዳጋ ንበይንኻ ሓፂርካ ብምሓዝ(Market Blockage) ካልኦት ሓሳባት ናብ ዕዳጋ ወሪዶም ከይሸወጡን ከይዕደጉን ኬላታት ዘብዝሕ ኣከዋውዳ በይነ-ተወዳዳሪነት፥ ኣብ ፅሬትን ትሕዝቶን ምህርትኻ ካብ ዘይምትእምማን ዝብገስ ፀገም እውን እዩ። ድልየቱ ክመርፅን ክትግብርን ዝኽእለሉ ተፈጥርኣዊ መሰል መንጢልኻ ኩሉ ነገር ኣነ ክነግረኩም፣ ኣነ ከርእየኩም፣ ኣነ ክመርሐኩም ዘብል ፖለቲካዊ-ኣያዊነት(Political-Parentalism) ኣብ ንቕሓታዊ ምዕባለ እቲ ማሕበረሰብ ከም ምልጋፅ ይውሰድ።

መፅሄት #ረመፅ ነቲ ህዝብና ገጢሙዎ ዘሎ ወራር ኣንፃር ህላወ ክትምክት ወለዶኣዊ ሓላፍነት ተሰኪማ፥ ምስቲ ተጋዲሉ ዘይርብርብ ህዝባ ህዝቢ ትግራይ መስርዕ ሒዛ ተቓሊሳን ትቃለስ ኣላን። ፀለእቲ ህዝቢ ትግራይ መሊኦም ክሳብ ዝመሓው ድማ ቃልሳ ኣሐይላ ክትቅፅል እያ። ጎና ጎኒ ድማ፥ ብኹለ መዳይ ዝማዕበለት ትግራይ ንምፍጣር ኣብ ዝግበር ርብርብ ናይ ባዕላ ግደ ኣብ ምፅዋት ትርከብ። ኣብ ምስሳን ብሄራዊ ረብሓ ትግራይ ተሰማሚዖም፡ ከመይ ነሰስኖ ኣብ ዝብል ዝተፈላለዩ መንገዲ ሒዞም፡ ትግራይ ከሳግር ዝኽእል ሓሳብ ኣለና ንዝብሉ ወገናት ብዘይ ኣድልዎ መድረኽ ትህብ፤ መበገሲን መእሰሪን ትሕዝቶታት መፅሄት #ረመፅ ብሄራዊ ረብሓ ትግራይ ስለዝኾነ።

መፅሄት #ረመፅ ምስ መላእ ህዝቢን ተጋዳላይን ትግራይ ካብ ዝተቓለሰትሎምን ተቓሊሳ ዘዐወተቶምን መትከላት ሓደ ህዝቢ ትግራይ ብወረርቲ ዝተመንጠሎ ሓሳብካ ብናፃ ናይ ምግላፅ መሰል ምምላስ እዩ። እዚ ኣካል ውፅኢት ፍረ-ቓልሰይ እዩ ኢላ እትኣምኖ መሰል ተጠቒማ፥ ብዙሓት ሓሳባት ዝሽራሽርሉ መድረኽ ንምፍጣር ኣብ ትገብሮ ጉዕዞ ኩሉ ትግራዋይን ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላትን ልዑል ሓገዝ ክህቡ እዮም ኢላ ትኣምን። መረፃ ትግራይ ስዒቡ ብራኽ ህዝቢ ትግራይ ፀላዕላዕ ዘበሎም፡ ጨና ዲሞክራሲ ዘይፈልጡ ወረርቲ ኣምባገነን ስርዓታት ኣብዩን ኢሳያስን እንብቀሎም፡ ነቕ ዘይብል ዲሞክራስያዊ ስርዓት ብምትካል ስለዝኾነን ብዓብይኡ ድማ ህዝብና ዲሞክራሲ ስለዝግብኦን እዩ። መግለፂ ስርዓት ዲሞክራሲ ካብ ዝኾኑ ትካላት ድማ፥ ምጥያሽ ናፃ ትካላት ሚድያን ባህሊ ምትእንጋድ ብዙሕነት ሓሳብን ኣብ ቅድሚት ይስርዑ።

ሓደሽቲ ሓሳባትን ጠለባትን፡

# ንትግራይ መዋፅኦ ይኾንዋ ዶ?

'ዓፀቦ'(ዓፀባ) እትብል ቃል ንዓመታት ደቂሳትሉ ካብ ዝነበረ ቦታ እነሆ ተንሲኣ ኩሉ ዝጥቀመላ ቃል ኮይና ኣላ። ከምቲ በዓል Oxford English Dictionary በብዓመቱ ብበዝሒ ኣብ ጥቕሚ ዝዋዓሉ ወይ እውን ሓደሽቲ ቃላት እናበሉ ዝመርፅዎ፡ ሓደሽቲ ወይ ዝያዳ ኣብ ጥቕሚ ዝዋዓለ ቃል ዝሓሪ ኣካል ተዝህልወና 'ዓፀቦ' ትብል ቃል ብዘይጥርጥር ናይ 2014 ኣ.ግ ዝያዳ ኣብ ረብሓ ዝዋዓለት ቃል ተባሂላ ምተመረፀት።

ኣብ ከተማታት ትግራይ ብልመና ዝመሓደር ሰብ ቁፅሩ ይዛይድ ከምዘሎ ንማንም ግልፂ እዩ። ዕፅዋን ከባን ዝወለዶ ዓፀቦ ነብሰን ሸይጠን ዝሓድራ ቁፅሪ ኣሓትና እንትውሰኾ እውን ንርኢ ኣለና። ሙውቓት ዝነበራ ከተማታት ትግራይ ፅምዋ ዓሲልወን ኣሎ። ግልጋሎት ባንኪ ስለዘይረክብ ኣብ ኣፍደገ ባንኪ ጠጠው ኢሉ ዝልምን ማእኸላይን ልዕሊኡን ኣታዊ ዘለዎ ዝኾነ ሰብ እውን ምርኣይ ንትግራይን ንተጋሩን ንቡር ኾይኑና እኒሁ። ብኻሊእ ገፁ ድማ እቶም ንትግራዋይነት ይገልፁ እዮም ንብሎም ሓቦን ተፃዋርነትን ከምኡ እውን ምትሕግጋዝ እዚ ኹሉ ፀበባን ዓፀቦን እናሃለወ እውን ከም ኩልግዚኦም ኣብ ቦተኦም ኣለው ምባል ይከኣል።

ብኻሊእ ሸነኹ ድማ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ ማሕበረሰብን ፖለቲካዊ ሊሂቃን ትግራይ ነቲ ኹነት(circumstance) እዚ ዝገልፁ ዝተፈላለዩ ርኢቶታት ከቕርቡን ክዛረቡን ንሰምዕ። 'ሐዚ እውን ካብ ፀገምና ዘድሕነና መስመር ህወሓት እዩ' ካብ ዝብል ፅንፊ ክሳብ 'ፖለቲካ ህወሓት በስቢሱ እዩ፡ ይኣኽሎ' ዝብል ካሊእ ፅንፍን ሓሳብን ይስማዕ እዩ። 'ኣነን ገዛይን ብሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ንኣምን'(in TDF, we trust) ዝብል ሓሳብ ድማ ዓው ኢሉ ዝስማዕ ድምፂ እዩ። 'ድምፂ ህዝቢ ይከበር፡ ድሕንነትን ሃለዋትን ህዝቢ ትግራይ ምቕዳም' ካብ ዝብል ክሳብ ሕጋውን ሞራላውን ቅቡልነት ዘለዎ መንግስቲ የለን 'መሰጋገሪ መንግስቲ ሐዚ' ዝብል ካሊእ ሓሳብ ድማ መስመር ተሰሚሩሉ ይረአ። ካሊእ 'ስሙር ብሄራዊ ባይቶ ሐዚ' ዝብል ሓሳብ ድማ ኣሎ። እቶም ዝተፈላለዩ ሓሳባት ንዕዳጋ ከቕርቡ ዋላ ሓደ ዓይነት ባይታ(level ground) ኣይርከቡ እምበር ካብ ምስማዕ ዓዲ ኣይዋዓሉን።

ንምኟኑ ትግራይ ከመይ ኣላ? ህልው ኩነታታ ከመይ ይግለፅ? እቶም ሓደሽቲ ዝበሃሉ ጠለባትን ሓሳባትን ኸ እንታይ እዮም ዝብሉ ዘለው? ካብቲ ኩሉ መዋጥር፣ ዓፀቦ፣ ከባን ፀበባን ኸ መዋፅኦና እንታይ እዩ? ኢልና ምእንታ ክንፍትሽ፤ ካብ ኣመራርሓ ኣርባዕቲኦን ብሄራዊያን ውድባትና(ህወሓት፣ ባይቶና፣ ሳወትን ውናትን) ሓደሓደን ክልተ ሙህራት ፖለቲካን ሕጊን ኣዘራሪብና ዘዋደድናዮ ፀብፃብ እነሆ።

# ህልው ኩነታትናን ፈተናታቱን

ትግራይ ኣብ ቀጣን መገዲ ትርከብ፡ ንየማን ዶ ንፀጋም? ናብ ልምዓት ዶ ናብ ጥፍኣት? ንዓወት ዶስ ንስዕረት? ኣብ ትኽደሉን ትመርፀሉን ፈታኒ እዋንን መገዲን ከምዘላ ኹሎም ነዚ ፅሑፍ ዘዘራረብናዮም ፖለቲከኛታትን ሙሁራትን ይስማዕምዑ። እዚ ዘለናዮ ኩነታት እቲ ሓደ ገፁ ዓፀቦን ፀበባን፣ ዕፅዋን ከባን፣ ጥምየትን ሞትን ፣ እቲ ካልኣዋይ ገፁ ድማ ሓቦ፣ ተፃዋርነት፣ ተወፋይነትን ምእንተ ህዝብኻ በይዛነትን ጀግንነትን መግለፂታቱ ከምዝኾኑ እውን ይገልፁ።

ዶክተር ሙዑዝ ጊደይ ኣብ ኢንስቲትዩት መፅናዕትን ምርምርን ፖሊሲ ትግራይ(TIPS) ሓላፊ ዘርፊ ሰናይ ምሕደራን ዲሞክራሲን እዩ። ዝገጠመናን ዘለናሉን ኩነታት ኣብ ዓለም ካብ ዝተርአዩ ፍልይ ዝበለ ከም ዝኾነ ንኳታር ከም ኣብነት ፀሪሑ ዝገልፅ ዶክተር ሙዑዝ 'ንኣብነት ቃጣር(Qatar) ኣላ። ኣብ Gulf States ከምቲ ናትና ዓይነት ዕፅዋን ተፃብኦን በፂሕዋ ነይሩ። ይኹን እምበር ቃጣር እዚ እትፍንፀሐሉ ብዙሕ ዕድላት  ነይሮምዋ። መሓዙት ሃገራት ነይሮምዋ፤ ካብቶም super powers ዝበሃሉ እውን ዝሕግዝዋ ኣይሰኣነትን። ናይና ናይዚ ተፃራሪ እዩ። እታ ዓዲ እውን ከሒዳትና፡ ዓለም እውን ሃምኡ። ኣብ ርእሲኡ ውሱን ሃፍተ ገነት ሒዝና ዕቁር ዝበሃል ሃፍቲ ከይነበረና almost existential ዝኾነ ናይ ሃለዋትን ድሕንነትን ሓደጋ እዩ ገጢሙና። ኣብ ታሪክ ዓለም rare circumstance ክበሃል ዝኽእል እዩ፡ ዳርጋ ዘይተርአየ ዓይነት' ይብል። መስራቲ ሆርን ኣፌርስን በዓልሞያ ሕጊ ዝኾነን ዳንኤል ብርሃነ ድማ ' ክሳብ ሃገር ምኳን ዝብፅሑሉ ኩነታት ክፍጠረሉ ዝኽእል ሓዱሽ ምዕራፍ እዩ' ይብል።

ሓላፊ ክፍሊ ውዳብ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ(ሳወት) ዝኾነ ዓብለሎም መለስ ኣብዚ ኹነታት 'ዋና መልከፅ ዘለናሉ ኩነታት ክሳብ ሐዚ ዝመፃናሉ፣ ዝነበርናሉን ዝተመራሕናሉን ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ኣሰራርሓታትን ሕግታትን ምብስባሶምን ምጥፋኦምን የመላኽተና። ትግራይ ብጭቡጥ ኩለመዳያዊ ጠለባታ ክምልስ ዝኽእል ቅቡል፣ ሕጋዊን ሞራላውን መንግስቲ ኣብ ዘይብሉ ብርኪ ትርከብ። ብሓፂሩ ትግራይ መንግስቲ ኣልቦ እያ። ኣብ መንጎ ከመርሕ ዝተመረፀን ሕብረተሰብን ዝተኣተወ ውዕላዊ ሕጊ(contractual system) ዝፈረሰሉ ኩነታት ንርከብ። እዚ እቲ ኹናት ዝፈጠሮ fundamental ለውጢ እዩ። እቲ ሕማም፣ ሞት፣ ስቓይን መረረትን ህዝቢ ከምቲ መጀመርያ ዝገለፅናዮ manifestations ወይ መርኣያታት እዮም እምበር ፍልፍል ፀገማትና ኣይኾኑን። ዋና ፀገም ዘሎ ነቲ ስቓይን ሞትን ክከላኸል ዝኽእል ዓቕሚ ዘለዎ፣ ቅቡል፣ ብደንቢ መሓውራቱ ዘንቀሳቕስ፣ ሕግን ስልጣንን ዝተውሃቦ መንግስቲ ዘይምህላው እዩ። እቲ ናይ ህዝቢ መረረታትን እቲ ሲስተምን ኣተሓሒዝኻ እንትረአ ቅቡል ዝኾነ፣ ዓቕሚ ዘለዎ፣ ሕጋዊን ጠለብ ህዝቢ ክምልስ ዝኽእልን መንግስቲ ኣብ ዘይብሉ ብርኪ ንርከብ ምባል ይከኣል' ይብል።

ኣባል ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት፡ ከምኡ እውን ዋና ዳይሬክተር ኢንስቲትዩት መፅናዕትን ምርምርን ፖሊሲ ትግራይ(TIPS) እዩ፡ ዶክተር ፍስሃ ሃፍተፅዮን። ዶክተር ፍስሃ ነቲ ዘለናሉ ኩነታት ተኣናፊ ከምኡ እውን እቲ ቀጠና ሓደገኛን ብዙሕ ተዋሳእቲ ከምዘለውዎን  ዝገልፅ ኾይኑ፣ ንድሕሪት ተመሊሱ 'ኣብዚ ድሑር ዝኾነ ቀርኒ ኣፍሪካ ኢትዮጵያ ፉሉይ ልምዓትን  ፅልዋን ነይሩዋ። ናይታ ሃገር ፀላእቲ ዝበሃሉ ወይ ኣብቲ ቀጠና ረብሓ ኣለና ዝብሉ ሃገራት ሓደ ትንታነ ነይርዎም(ኢትዮጵያ ፈጢራቶ ዝነበረት ፅልዋ ይኹን ልምዓት 'ኮሩ' ናይ ተጋሩ እዩ ዝብል)።

ብሓፂሩ ትግራይ መንግስቲ ኣልቦ እያ። ኣብ መንጎ ከመርሕ ዝተመረፀን ሕብረተሰብን ዝተኣተወ ውዕላዊ ሕጊ(contractual system) ዝፈረሰሉ ኩነታት ንርከብ። እዚ እቲ ኹናት ዝፈጠሮ fundamental ለውጢ እዩ።

ኣብ ሶማልያ ዘሎ ይኹን ኣብ ኤርትራ ዘሎ በላዒ ሰብ መንግስቲ ማእኸል ናይዚ ልምዓትን ምርግጋዕን ተጋሩ እዮም ይብል፣ ኣብ ማእኸላይ ምብራቕ ዘሎ ኣኽራራይ ኣሸባሪ እውን ተመሳሳሊ ይብል.. እቲ ምዕራብ ዓለም ድማ እነሆ ነገራት ካብ corporate interest ጥራይ ዝርኢ ተመሳሳሊ ርድኢት ዘለዎ። ነዚ እዩ ድማ ነቲ ሐዚ ኣዲሳባ ዘሎ ሽያጢ ዓዲ ስርዓት ይሕሸኒ ዝበለ። እቶም መቓልስትና ብሓደ ልምዓት ኣምፂና ዝበልናዮም ኢትዮጵያዊያን እውን ነዚ ሓቂ ኢሎም ተቐቢሎም ከዲያምና(ናይ ስልጣን እምበር ናይ ቃልሲ መሓዙትና ለካ ኣይነበሩን)። በዚ ድማ ገዚፍ ዝበሃል ልፍንታዊ ፀላኢ ኣንፃርና ዘሚቱ። ህዝቢ ትግራይ ነዚ መልሲ ዝኾን ድማ ተኣምራዊ ብዝበሃል መልክዑ ካብ መሬት ተላዒሉ ኣርሚታት ክሳብ ምህናፅ በፂሑ። ድሕሪ እዚ ኣንፃር ፅንተት ትግራይ ዝተገበረን ዝግበር ዘሎን ቃልሲ ተስፋታት እውን ፈተናታት እውን ክህልውዎ እዮም' ይብል።

'ፀላኢ ንትግራይ ሙሉእ ብሙሉእ ተቖፃፂርዋ እንተሎ ኣብ በረኻ ምስ ላዕለዎት ኣመራርሓ ህወሓትን እቲ ሰራዊትን ስለዝነበርና፡ specifically ቃልስና ሰለስተ

objectives ከምዘቅመጥናሎም፡ ማለት እውን ምልሰት መንግስትነት ትግራይ፣ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ምርግጋፅን መሰል ዓርሰ ውሰና ትግራይ ምኽባርን ከምዝነበሩ ይፈልጥ' ዝብል ድማ መሰራትን ሓላፊ ክፍሊ ፖለቲካ ውድብ ናፅነት ትግራይ(ውናት) ዝኾነ መሓሪ ዮሃንስ እዩ። መሓሪ ' እዞም ዕላማታት እዚኦም ዳርጋ ኣይተመለሱን ምባል ይከኣል። መንግስትነት (ዋላ ዓይነት ናይቲ መንግስትን ከመይ ይመራሕን ኣብ ዝብል ተዘይተስማዕማዕና) እቲ ኣብ ዝሓለፈ መረፃ ተወከልቲ ህዝቢ ዘምረፀ ፓርቲ ተመሊሱ ኣሎ።መንግስቲ ዝመስል ነገር እውን ከጣይሽ ይሙክር ኣሎ። ብርግፅ በይኑ ክውስን ኣይግበኣን ዝብል ሕቶታት እናልዓልና ንርከብ። እቲ ግዝኣታዊ ሓድነት እውን ዛጊድ ኣይተመለሰን(ምዕራብ ትግራይ ዛጊድ ኣብ ኢድ ፀላኢ እዩ ዘሎ)። እቲ መሰል ርእሰውሳነ እውን ገና እዩ ዘሎ። ድሕሪ ሰነ 21 ክሳብ ሕዳር ታሕሳስ እቲ ቃልሲ ከይድዎ ዝነበረ ናህሪ a bit ዝሕል ዝበለ ይመስል። ናይ ህዝብናን ስራዊትናን ናይ ምቅላስ ወነ ኣብ ቦትኡ ኣሎ ኢለ ይኣምን። ፖለቲካዊን ዲፕሎማስያዊን ደውታ ግን ብግልፂ ተራእዩ እዩ። ዘተ ሰላም ይበሃል ግልፅነት የብሉን። ብሕታዊ ወሳኒ እዚ ህዝባዊ ቃልሲ ህወሓት ክኸውን የብሉን እንትንብል ሱቚልና ካብ መሬት ተላዒልና ከይኾነስ ሕጋዊ ፣ፖለቲካዊን ሞራላውን ምኽንያታት ስለዘለውና እዩም። ካሊእ ፀላእትና ንህዝብና ንምስኳን ከም ዕፅዋ ዝበሉ desperation ክፈጥሩ ዝኽእሉ ስልትታት ምሂዞም እዮም። በቲ ናትና ወገን ድማ ናይ ስልጣን ስሰዐ ዝሓዞ ህወሓት ጠለባት ህዝቢ ክምልስ ኣይካኣለን። ንህዝብናን ነቲ  ቃልሲን ዘይምጥን ፀገም ምሕደራ ኣሎ። ፍትሒ ይጓደል ኣሎ። መዓት ምጥፍፋኣት ኣሎ። ሰብ ይጠሚ ሐዚ ድማ ይሰደትሎ። እዚታት ኩሉ ንዛረብ ኣለና(ፍታሕ ክመፅእ እውን ምስቲ ሰቪላዊ ምምሕዳር እየ ዝብል ንዘራረብ ኢና) ግን ፈጣሪ ፀገም ንበይኑ መፍትሒ ከምፅእ ከምዘይኽእል ዝተረደአ ኣይመስለንን' ይብል።

ናሽናል ኢንተረስትኻ ዲፋይን እንተዘይ ገይርኻ ነጋዳይኻ ኸይዱ ንፀላኢ ዝረብሖ ነገር ኹሉ ብኮንትሮባንድ ክሽጠሉ ይኽእል እዩ። ናሽናል ኢንተረስቱ ለየፅፈፈ ህዝቢ መራሕቱ ህዝቢ ኣብ ፀበባን ጥምየትን እንዳሃለወ ውስኪ ስትይ ክሓድሩ እዮም።

ክንፈገብርኤል ገብረየውሃንስ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ኣባል ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ(ባይቶና) እዩ። ክንፈገብርኤል 'ከምቲ ልሙድ ብሄርተኝነት ትግራይ ንስልቲ(Tactic) እዩ ዝውዕል ዘሎ። ዘለናዮ ኩነት ብሄራዊ ረብሓኻ ብደንቢ define ተዘይገይርካ ዝመፅካ መዓት  ይመስለኒ። ረብሓታትና እንታይ እዮም? ዘይንሰግሮ መስመር እንታይ እዩ? ኣብ ብሄራዊ

ረብሓታትና ስምምዕ ኣለና ዶ?... ከም ተጋሩ ብዙሕ ዘይኸድናሎም ዛዕባታት እዮም። ናሽናል ኢንተረስትኻ ዲፋይን እንተዘይ ገይርኻ ነጋዳይኻ ኸይዱ ንፀላኢ ዝረብሖ ነገር ኹሉ ብኮንትሮባንድ ክሽጠሉ ይኽእል እዩ። ናሽናል ኢንተረስቱ ለየፅፈፈ ህዝቢ መራሕቱ ህዝቢ ኣብ ፀበባን ጥምየትን እንዳሃለወ ውስኪ ስትይ ክሓድሩ እዮም። ብዙሕ ግዘ ብሄራዊ ረብሓታትና ከይኾኑስ ፀላእትና እዮም  ዘሕብሩና። ካልኦት ነገስታት ይኹን መራሕቲ ኢትዮጵያ ከንበርክኹና ይደልዩ ነይሮም መንግስቲ ኣብይ ግን ከፅንተና እዩ መፂኡ። ዘለናሉ እዋን ንገዛኢ ውድብ ጥራይ ዝግደፍ ወይ ዝውቀስ ጥራይ ከይኾነስ ኩላትና እውን ዓርስና ንፍትሽሉ ግዘ እውን እዩ' ይብል።

## ሓደሽቲ ጠለባትን ሓሳባትን፤ ሞገቶምን ፈተናታቶምን

ኣንፃር ፅንተት ህዝቢ ትግራይ ዝግበር ቃልሲ ካብ ዝጅመር እነሆ 17 ኣዋርሕ ሓሊፎምዎ። ሓየታትን ዋዕሮታትን ትግራይ ምእንተ ህዝቢ ትግራይ በይዛ ኢሎም ተሰዊኦም፤ ኣካሎም እውን ጎዲሉ እዩ። ንልፍንታውያን ሃገራትን  ዘመናዊ ኣፅዋራት ቴክኖሎጂን ገጢሞም ካብ ዝበዝሕ ክፋል ትግራይና ንፀላኢ ኣባሪሮምዎ እዮም። ቅድሚኡ እውን ሕቶታት ይለዓልዎ ዝነበሩ ፖለቲካን ዲፕሎማሲን ትግራይ ግን ብፍላይ ፀላእቱ ናደራዓዓመ ንሽዋ ገስጊሱ ዝነበረ ሰራዊት ትግራይ ዓለምለኻዊ ፅዕንቶታት በዚሕዎን መንግስቲ ትግራይ ንሰላም ዕድል ንምፍጣር ኢሉ ብዝወሰኖ ውሳነ ናብ ዶባት ትግራይ እንትምለስ እቶም ፖለቲካዊ ሕቶታት ዝያዳ ክለዓሉ ጀሚሮም ኣለው።

## ሀ. ስሙር ብሄራዊ ባይቶ?

እዚ ሓሳብ ባዓልናዩ ባይቶና እዩ። ላዕለዋይ ኣመራርሓ ባይቶና ክንፈገብርኤል 'እቲ ቃልሲ ህዝባዊ ቃልሲ እዩ ነይሩ። ኩሉ ዝተሳተፈሉን መሪሕነት ዝሃበሉን ነይሩ ኢልና ንኣምን። ስርዓተ መንግስቲ ናብ ቦትኡ ምምላስ ክብሪ እዩሞ መንግስቲ ተመሊሱ። ሓምለ 17 ተወከልቲ ቤትምኽሪ ኣብ ዝፀወያ ኣኼባ እንታይ ኢልና? 'ተፈቲንኩም ወዲቅኹም ኢኹም፣ ካልኣይ ክትወድቁ ኣይንፈቅድን'። ነዚ ቃልስና ዝመርሕ፣ ዘዋድድን ሓይሊ ዝእከብን ገዚፍ ትካል፤ ናይ መንግስቲ ኣካል ኾይኑ ይምፃእ ኢልና። minimum መሪፅና ኢናሞ ይሕመቕ ይፀብቕ ቱመንግስቲ ክፈርሰና ኣይንደልን። መሪፅና የኻለይ። ኪድ ከይንብሎ ኣብ ኩናት ኣለና። ንትግራይ እቱ best ኣየኑ እዩ? ክንብል ግን ኣለና። ህዝባዊ ኩናት ብባህሪኡ ብሓደ ሓይሊ ጥራይ ኣይምራሕን። ተዋሂብዎ እውን ኣይከኣለን። ስለዚ ዓቕሚ ዘለዎ ዝተወደበን ዘይተወደበን ትግራዋይ፣ ንረብሓ ትግራይ ጠጠው ዝበላ ውድባት፣ ሰራዊትን መንግስትን ትግራይን ዝሓቆፈ ሰሙር ብሄራዊ ባይቶ ይጣየሽ ኢልና። እዚ ትካል ታይ ይሰርሕ? ናይ ዲፕሎማሲ፣ ድርድርን ደጀንን ስራሕ ይሰርሕ። የዕጥቕ፣ ይዕጠቕ.. ኢኮኖሚ ትግራይ ናይ ምሕዋይ ስራሕቲ ይሰርሕ። basically ሰራዊት ዝመርሕ እውን እዚ ትካል ይኸውን። እቲ ህዝባዊ ኩናት እውን እቲ ሪፈረንደም እውን ዘተሓባብር ይኸውን። እዚ ትካል ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ትግራይ ዝጣየሽ ኾይኑ ግዚኡ ድማ ክሳብ ሪፈረንደም ይፀንሕ፡ ድሕሪኡ ሃገር ምስመፀት ስግግር መንግስቲ ይመፅእ' ይብል። እቲ ስሙር ብሄራዊ ባይቶ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ትግራይ ይጣየሽ እናበልካ፣ ተመሊስኻ ዳርጋ ኩሉ ስልጣናት መንግስቲ ምውሳድ ዝዓይነቱ ትንታነ ልክዕ ኣይኾነን ንዝብል ሞገት ክንፈገብርኤል 'ስሙር ባይቶ እንትንብል መንግስቲ ኣይከኣልካንም ኣካል መንግስቲ ዝኸውን ነፃ ትካል ነጣይሽ ኢና ንብሎ ዘለና። መንግስቲ ሓቋፋይ ኾይኑ ስልጣን redefine ይገብርሎ ማለትዩ። ውረድ ምባል ናይ ባዕሉ ሕማቕ consequence ኣለዎ እዩ። ስግግር ተይልካ እውን ሓዱሽ trend እዩ ናብ ፖለቲካ ትግራይ ዘተኣታትው። በዚ ድማ መንግስቲ ድኽም ብዝበለ ቁፅሪ ንዓ ውረድ ይመፅእ' ይብል።

## ለ. መሰጋገሪ መንግስቲ?

እዚ ሓሳብ ብውናትን ሳወትን እንትለዓል ብፍላይ ዕድል ማሕበራዊ ሚድያ ንዝረከብ ትግራዋይ ኣብ ክልተ መቒሉ እናዘራረበ ይርከብ። ኣመራርሓ ሳወት ዝኾነ ዓብለሎም 'እንታይ ኢና ንብል ዘለና? ኣብ ትግራይ ቁልጭ ኢሉ ዝርአ ሓቂ ኣሎ። ሕግን ሕገመንግስታዊ ስርዓትን ፈሪሱ፤ ዋላ ሓደ ኣብ ተግባር ኣብ ዘየለሉ፤ ብኻሊእ ገፁ ድማ እቲ 'ብዝኾነ ኣጋጣሚ' ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ እውን ንረብሓ ህዝብና ብዝጠቅም መገዲ ከሻግሮ ይኽእል እዩ ኢልካ ተስፋ ኣብ ዘይትሪኣሉ ኩነት ኢና ንርከብ። ከምዚ ዝበለ ኩነታት እንትገጥም ፖለቲካዊ ሓይልታት ኣማራፂ ሓሳብ ክህቡ ግድን ይኸውን። እቶም ክመፁ ዝኽእሉ ኣማራፂታት ኽልተ ዓይነት ክኾኑ ይኽእሉ። ሓደ እቶም ዘለው ሕግታትን ኣሰራርሓታትን ከይፈረሱ ይፀንሑሞ ግን ዘፈፅሞም ኣካል ዘይሃለወ እንትተርፍ(if there is a weakness in the executive body) ሕጋዊ ብዝኾነ መንገዲ ዝግበሩ መንግስታዊ ምትዕርራያት እዮም። care taker ገለ ዝብልዋቶ መንግስቲ የምፅእ ድማ። well established political system ኣሎ ግን ጠለባት ህዝቢ deliver ዝገብር ኣካል ክሰኣን ከሎ ዝፍጠር እዩ። እቲ ኻልእዋይ ኸዓ፡ ሕገመንግስታዊ ስርዓት ይፈርስሞ ከም ብሓድሽ ስረታ ዝገበረሉ መገዲ ክተናዲ ከለኻ ዝፍጠር እዩ። ኣብታ ዓዲ ዝነበሩ ሕጊታት ድሕሪ እቲ ኹናት ጀኖሳይድ ምፍፃሙ automatically ፈሪሶም እዮም።ኩሉ ነገር ኣብ ዝፈረሰሉ ብርኪ ኢና ዘለና። እምበኣር ከምዚ እንድሕር ኾይኑ ዝጎድለና ዘሎ ንህዝቢ ሰርቪስ ዘቕርብ፣ ፀጥታ ዝሕሉ ወይ ልምዓት ዘምፅእ መንግስቲ ጥራሕ ከይኾነስ፤ ብዋናነት እዚኦም ጠጠው ዝብልሉ ሕጋዊን ፖለቲካውን ማዕቐፍ እዩ ጎዲሉና ዘሎ። ኣብ ከምዚ ዝበሉ extra constitutional ዝኾኑ ኩነታት ክንህሉ ከለና ፈለማ እቲ ጠጠው እንብለሉ ሰረት ኢና ክነጣይሽ ዘለና። እዚ እንገብረሉ philosophical ርድኢት ከዓ እንታይ እዩ? ህዝብታት ብሰናይ ፍቓዶም ገይሮም ብውዕል ዝእሰር ንውልቀሰባት ወይ ንጉጅለ ስልጣን ይህቡ እዮም። እንድሕር ደኣ እቲ contractual ዝኾነ ስልጣን ዓላምኡን ዝተጣየሸሉ መሰረታዊ ቁምነገርን ዘይኣሳኺዑ ድማ እቲ ብውዕሊ ንዝኾነ ሓይሊ ወይ ውልቀሰብ ሂብዎ ዝነበረ

ስልጣን መሊሱ ንባዕሉ ይወስዶ። ሰራዊ ስልጣንን ሕጊን ናይ ምኺን ተፈጥራዊ መሰል ናብቲ ህዝቢ ይምለስ ማለት እዩ። ህዝቢ ትግራይ ብውዕል ንህወሓት ሂብዎ ዝነበረ ስልጣን ዓላምኡ ስለዘየሳኸዐ እቲ ስልጣን ናብ ተፈጥሯዊ ሰራዊኡ ህዝቢ ትግራይ ክምለስ ግድን ይኾን ማለት እዩ። ሕዚ ትግራይ ዘላትሉ ብርኪ እዚ እዩ። ናብ ህዝቢ ትግራይ ተመሊሱ እዩ ክንብል እንከለና ሱቔልካ theory ኣይኮነን ብጭቡጥ መንግስቲ ክሕልወኒ እዩ ኢሉ ዘጣየሾ መንግስቲ ምሕላው ኣብይዎ መንግስቲ እውን ፈሪሱ ህዝቢ ደቁን ሃፍቱን ብምሃብ መስዋእቲ ብምኽፋል ባዕሉ ከድሕንን ባዕሉ ክከላኸልን ሞኪሩ እዩ። ክመውትን ክስዋእን ተኽብሮን ትቕበሎን ህዝቢ ስርዓት ንክሰርሕ ኣይኾንን ክትብሎ ኣይትኽእልን። in actual term ስግግር መንግስቲ ክንብል እንከለና ከምዚ ካብ ፍልስፍናን ጭቡጥ ኩነታትን ተላዒልና ምኳና ግልፂ ክኸውን ኣለዎ። ሕገመንግስቲ ኣብ ዘይብሉ ብርኪ ስለእንርከብ ነዚ ክፍተት ዝመልእ መሰጋገሪ መንግስቲ የድሊ ኢና ንብል ዘለና። መሰጋገሪ መንግስቲ ማለት ዘጋጠሙኻ ሓጓፋት እትደፍነሉ ቕቡልን ሕጋውን መንግስቲ ማለት እዩ' ይብል

ነዚ መሰጋገሪ መንግስቲ ካብ ዝጠልቡ ውድባት ሓደ ዝኾነ ውናት ድሕሪ ሰነ 21 ኣብ ዝነበሩ ናይ መጀመርያ ኣዋርሕ 'ካውንስል' ይፅውዕ ከም ዝነበረ ዘዘኻኸር መሓሪ ዮሃንስ 'ፈለማ ካውንስል ኢልና እንትንመፅእ Calculations ነይሮምና። እቲ ህዝቢ እውን መጀመርታ ካብ በረኻ ምስመፃና ከምቲ ናይ ስልጣን ባእሲ ንገብር ዘለና ከይመስሎ ስክፍታታት ነይሩና። ህወሓት እውን ገዲምስ ውነ ክገዝእ ይኸውን፤ እቲ ኣብ ሰራዊትና ይኹን ህዝብና ገዛኢ ሓሳብ ምኳን ዝኸኣለ ባህጊ ሃገርነት ክቕበልን ከሰጉምን እዩ ዝብል ሓሳብ ነይሩና። ዳሓር ግን መኸተ ሒዝና እናተቓለስና ሰራዊትና ደሴ ምስበፅሐ ኣብ ትግራይ ንዝርከባ ብሄራውያን(ሃገራውያን) ውድባትን ኣተሓሳሰባትን ግድፍድፍ ኣቢሉ ናብ ኣዲስ ኣበባ እናማዓደወ ፌደሬሽን ዶ ኮንፌዴሬሽን ክብል ጀመረ። እዙይ ኸዓ ሓደገኛ እዩ። ኣብ ፅሑፍ ዘሎ ፕሮግራሞም እዩ ዘይተቐየረ እምበር ተቐይሮም እዮም ኢልና ኣሚና ዝነበርና እዚ ምግባር እንትጅምሩ ሓደግኡ ብግልፂ ተራእዩና። እቲ ገዛኢ ውድብ ናብ ኣዲስ ኣበባ ምምዕዳው ምስጀመረ ብውድብ ህወሓት ሃገር ክረጋገፅ ኣይኽእልን ዝብል ገምጋም ሒዝና ክንጠልቦ ዝግበአና Transitional government(ስግግር መንግስቲ) ክምዝኾነ ወሲና። እዚ እቲ ውድብን መንግስትን ባዕሉ እዩ ክጠልቦ ዝግባእ ነይሩ። ዓዲ እየ ዘጥፍእ ዘለኹም ሓግዙኒ ክብል ይግባእ ነይሩ። ግን ኣይኮነን። ካብ ሕጊ፣ ሞራልን ቅቡልነትን ፈቲሽና ዘምፃናዮ ስግግር መንግስቲ ሕዚ ይቕበልዎ ድዮም ኣይቕበልዎን ኻሊእ ዛዕባ እዩ። ተዝቕበልዎ ትግራይ ምተረብሐት። ብሰለማዊ መንገዲ ንዝቃለስ ማንም እውን ካብዚ ዝበለፀ ኣማራፂ ዘለዎ ኣይመስለንን። ሕዚ ፖለቲካዊን ዲፕሎማስያዊን ኺሳራታት ኣለው። እዚ ስግግር ንብሎ ዘለና ነዚ ፖለቲካዊን ዲፕሎማስያዊን ደውታ ክፈትሕ ኢና ነሰጉም ዘለና። እዚ ደውታ ብስግግር መንግስቲ ኣቢልና ደው ተዘየቢልናዮ ኸይዱ ኸይዱ ነቲ ሰራዊትና እውን ምፅላው ኣይክተርፎን። ኣብዚ ክርሳዕ ዘይብሉ፡ ህወሓት ናብ ኣዲስ ኣበባ እንተማዕዱ ናይ ፌዴሬሽን ዶ ኮንፌዴሬሽን ሓይልታት ኣኪቡ ኢሉ ስግግር ፀዊዑ ምንባሩ እዩ። ህወሓት እንትፅውዕ ልክዕ ውናትን ሳወትን እንትፅውዓ ጌጋ ምባል ልክዕ ኣይኾነን' ይብል።

## ሐ. መስመር ህወሓት?

ዋሃቢ ቃል ሴንትራል ኮማንድ ትግራይን ኣባል ሰራሕ ፈፃሚ ህወሓትን ዝኾነ ጌታቸው ረዳ ብተደጋጋሚ 'ዋና ዕላማና ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ምርግጋፅ እዩ' እንትብል ይስማዕ እዩ። ኣቦወንበር ህወሓትን ፕሬዝደንት ትግራይን ዶ/ር ደብረፅዮን ገብረሚካኤል እውን ብተደጋጋሚ ነዛ ሓሳብ የልዕልዋ እዮም። ካሊእ ካብ ደንበ ህወሓት ብተደጋጋሚ ዝስማዕ ሓሳብ መስል ዓርሰውሳነ ህዝቢ ትግራይ ምርግጋፅ ዝብል እዩ። ኣባል ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ዝኾነ ዶክተር ፍሰሃ ሃፍተፅዮን 'ናይ ግዘ ጉዳይ እዩ እምበር እቲ ኹነታት ተቐይሩ እዩ። ዘይግቡእ ዝኾኑ ኣረዳድኣታት illusions ክህልው የብሎምን። መሪሕነት ህወሓት እቲ ኹነታት fundamentally ከምዝተቐየረ ኣፀቢቕና ንርዳእ ኢና። ሓደሓደ ሰባት ብፆትና እውን እንተይተረፉ 'ብግልፂ ወፂኹም ስለ ምግንፃል ዘይትጭርሑ? ገለመለ ክብሉና ንሰምዕ ኢና። ኣብዚ ህወሓት ልምዲ ዘለዎ ውድብ ከምዝኾነ ፈፂሙ ክርሳዕ የብሉን። ኣብኡ ዘሎ መሪሕነት እውን ቀሊል ዝበሃል ዓቅሚ ኣይኮነን ዘለዎ። ኩነታት ኣፀቢቑ ዝርዳእ፡ ዘለው ጉድለታት ተረዲኡ፣ እቲ ዘዋፅእ ነገር እውን

ዝፈልጥ እዩ። መሰረታዊ ዝኾነ ዛዕባ ግን ኣለና፤ ጉዳይ ቅደም ሰዓብ!። እንታይ ምግባር ይቐድም? ብእርይ ቁፅሪ ኢና ንምርምር። ኣብ መፅነታይ ኩናት ኣለና።ፈለማ ንሱ ነፍሽሎ። ንነዊሕ ግዘ ዝጥምት ፍኖተካርታ ትልሚ ባህጊ ድማ ይህልወና። እዚ ከም ውድብ ይኹን መንግስቲ ቅድሚ ሐዚ እውን ሰሪሕና ዘርኣናዮ እዩ ሐዚ እውን ኣለና እዩ። ንቀፃሊ እውን ማንም ንትግራይ ዝረብሕ ንብሎ ሓሳብ ሓዊስና ክንኸይድ ድልዋት ኢና። እዚ ብጥንቃቐ፣ ብልሓትን ጥበብን እዩ ክምራሕ ዘለዎ እምበር ንህዝብኻ ዘይኾን ተስፋ ብምሃብ ወይ እውን ቅደም ሰዓብ ኣዛቢዕኻ ንሓደጋ ብተቃለዐሉ መገዲ ክኸውን የብሉን። ኹሉ ቀሊዕኻ ምውጋዕ ግቡእ ኣይመስለንን። ናይ ምፅናት ኹናት፣ ክባን ዕፅዋን ኣሎ፤ ህዝብና ኣብ ስቓይ ኣሎ። ፈለማ ነዚ መልክዕ ነትሕዞ። ድሕሪኡ ኩሉ ቅደም ሰዓቡ ሓልዩ ይመፅእ። ቅድሚ ቱፈረስ ቱጋሪ ምቕዳም ኣየድልን። ለዋህ ምኳን. shortsighted ምኳን ኣየድልን.. ተግባራዊ ክኸውን ዝኽእል ናብ መሬት ክወርድ ዝኽእል ሓሳብ ክተምፅእ ይግባእ። ነዚ ዝምጥን ምድላዋት ከምዘለና ዝጠራጠር ተሃልዩ ብዙሕ ኣይትስግኡ እየ ክብል ዝደሊ' ይብል።

ኣብ ናይ ወርሒ ለካቲት ሕታሙ፣ መፅሄት ወይን ንስራሕ ፈፃሚ ህወሓትን ኣባል ሴንትራል ኮማንድን ዝኾነ ኣለም ገብረዋህድ ጋሻ ገይሩ ዘቕረቦ እንትኸውን፤ ካብ ሳወትን ውናትን ዝተልዓለ ሕቶ ስግግር መንግስቲ ኣመልኪቱ "ህዝቢ ፈለማ ሃለዋተይ ከረጋግፅ፡ ምስታ ሃለዋተይ ድማ ዝመረፅኩዎ መንግስቲ ናብ ቦትኡ ክምለስ ኣለዎ ኢሉ እዩ ተቓሊሱ። ህዝቢ ትግራይ ከምዚ ኢሉ ተቓሊሱ ደሙን ደም ደቁን ከፊሉ እዩ። እዚኣ ጥሒሶም ሐዚ መንግስቲ የብልካን መንግስቲ ይፍረስ፤ ስግግር መንግስቲ ይጣየሽ ዝብሉ ፍጡራት እንታይ ኢኻ ክትብሎም ትኽእል? ሓደ ብቀጥታ ኣብዱ ካብ ዝበሎ ብምንታይ ትፈልዮ? ብወድዓዊ ፖለቲካዊ ኣሰላልፋ እንታይ ይፈልዮ? እዚኣ ዝብል ውድብ ይኹን ውልቀሰበ፤ ኣብዛ መርገፂ እዚኣ ሸንኮለል ዝብል ማንም ካብ ኣብዱ ዝፍለየሉ መገዲ የለን። መንግስተይ ክመርፅ እየ ስለዝበለ እዩ ንህዝቢ ትግራይ ከጥፈኦ እየ ዝበለ።እቶም ኣብ ትግራይ ዘለው ፖለቲካዊ ውድባት እውን ስግግር መንግስቲ እምበር እዚ መንግስቲ ክጠፍእ ኣለዎ እዮም ዝብሉ ዘለው። እዚኦም ካብቶም ጨፍለቕቲ ዝኾኑ ተስፋሕፋሕቲ ሊሂቃን ኣምሓራ እንታይ ይፈልዮም? ስግግር መንግስቲ እናበልኻ ዕንክሊል ምባል ንህዝቢ ትግራይ ንዕቐት እዩ" ኢሉ ነይሩ።

ዶክተር ፍስሃ ነቶም ካብ ካልኦት ውድባት ዝመፅእ ዘሎ ሓዱሽ ጠለባትን ሓሳባትን ድማ 'ኣብ ዛዕባ ስግግር መግስቲ ይኹን ስሙር ብሄራዊ ባይቶ እቲ ህዝቢ እንታይ ኢሉ? ኢለ እየ ክሓትት ዝደሊ። ህዝቢ እንታይ እዩ ዝደሊ እውን ክንርኢ ኣለና። መሪፅኻዮስ ብሓይሊ ተወቂዑ ንበረኻ ኸይዱስ፣ ኣካል እቲ ቃልሲ ኾይንካ ናብ ቦትኡ ክምለስ ሓቢርኻ ተቓሊስካስ.. ዳሓር ዜና ስለዝሓመቐ ወይ ስለዝፀበቐ ዕፅፍ ኢልካ ስግግር መግስቲ ዶ ስሙር ባይቶ ምባል ዘኺድ ኣይመስለንን። ብሱሩ እውን ኣብ ሕማቅ ግዘ ዝዕመሙ ልሙዳት ኣከያይዳታትን ኣሰራርሓታትን ኣለው እዮም። ዘርኢ ናይ ምፅናት ኩናት ክግበረካ ከሎ ነቶም ጉድለታት ናይ ዲሞክራሲ ይኹን ናይ መሰል ጉዳያት እርንብ ኢልካ ዓቕምኻ ኣኪብኻ ተደላድለሉ  እምበር ናብ ካሊእ ገና ታይ ምኳኑ ዘይትፈልጦ  ኸይዱ ኣይትኣቱን። ነቲ ዘለካ ገዲፍካ ናብ ስግግር ገለ ምኻድ እቲ ኣንፃር ሓደጋ  ምንፃት ትገብሮ ቃልሲ ገዲፍካ ኣንፈት ምቕያር እዩ ዝኸውን። ናይ ሕጊ ሕቶ እንተልዕሉ እውን ይሰምዕ እየ። ዝተመረፀ መግስቲ ዝተመረፀሉ ዕላማ ዘይሓውሶም ሓደሓደ ስልጣናት ወሲዱ እዩ ኢልካ ክሙግቱ ይሰምዕ እየ(ንኣብነት ህዝቢ ናይ ምክልኻል ስራሕቲ ክሰርሕ ዝነበሮ እቲ ፌደራል መግስቲ ነይሩ ነገር ግን ንህዝብኻ ዘፅንቶ ዘሎ ንሱ ኾይኑ እንትትረኽቦ፡  ነቲ letter ከይኾነስ ነቲ መሰረታዊ ኣተሓሳስባ ኢኻ ትርኢ። ባዓልኻ ክትከላኸሎ ሓላፍነት ወይ ስልጣን ክትወስድ ግድን ይኾን ድማ። ብመሰረት ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ናብ defacto state ትኸድ ማለትዩ። ኣብ ህፁፅን ሓዱሽን ኩነት(emergency) ዲፋክቶ ኾይንካ ምምፃእ ልሙድ እዩ። በዚ ድማ ሓደሓደ ዘይነበሩኻ ስልጣናት ክትወስድ ትኽእል ወይ ድማ ንዲሞክራሲ ገለ ተባሂሎም ተዋሂቦም ዝነበሩ ስልጣናት ተፅብብ ትኽእል ኢኻ። እታ ብህዝቢ ድምፂ ዝተረኸበት ስልጣን ክንዲ ተጠቒምካ ዓቅምኻ ተደላደል.. እዚ ኩነት እቲ ስልጣን exercise ክትገብረሉ ኣይፈቅድን ኢልካ ነዚ ዘኽፍእ ኣማራፂ ምምፃእ እቲ ህዝቢ ከምዝበሎ ጌጋ እዩ።ኣብዚ ክርሳዕ ዘይብሉ ግን ኣብቲ ዙርያ ዝተመረፀ መንግስቲን ሕጋዊ መገዲን፣ ፖለቲካሊ እንተሪኢናዮ እውን ኣብቲ ንሓደጋ ዘየቃልዕ ኣካይዳ ውሽጢ ኩሉ ኪቃለስን ክመኻኸርን ባይታ ክነመቻቹ ይግባእ። ሕጋዊ ዝኾነ መንግስቲ ኣሎ ንዑኡ ነጠናኽሮ፣ ንመኻኸር ምባል ናይ ጢዒና እዩ፤ ዘለኽዎ ውድብ ይኩን መንግስቲ እውን

ይቕበሎ እዩ። ካብኡ ዝወፀ ግን ነቲ ዘለናዮ ኹነታት፣ ነቲ እዋን ህፁፅ ግዘ፣ ነቶም መትከላት ኹናትን ዲሞክራሲን ከምኡ እውን ነቲ ትግራይ ንሓዋሩ ክትኾኖ ዝግባእ ዘይምጥንን ዝጥሕስን እዩ' ኢሉ ይምጉት።

## ሓደሽቲ ጠለባት፡ ብዓይኒ ሰብ-ሞያ

ካብቶም ተቓወምቲ ውድባት ይኹን ካብ ህወሓት ዝሰምዖም ሞግታት ክልቲኦም ልክዕ ኣይመስለንን ዝብል ዶክተር ሙዑዝ 'ስግግር መንግስቲ ዶ ስሙር ባይቶ ዝብልዎ፡ ድልየቶም እሱ ኣይመስለንን። attention ሓቋፋይነትን ተሳትፎን ዝደለዩ ይመስለኒ። ኣብ ናትግራይ ዕድል ሓደ ውድብ ጥራይ ክውስን የብሉይ ካብ ዝብል ሓሳብ ዝፍልፍል ይመስለኒ። ዘቕረብሉ መገዲ እውን proper የኾነይ። ዋላ ውናቱ ባይቶንኡ ቅድሚ ሐዚ ዝፈጠርዎ ዕግርግር ኣድላይ የነበረይ። ብርግፅ ዋና ፍልፍል ናይዚ ኹሉ ፀገም ሓደ ውድብ ጥራይ ሓሲቡ ናትግራይ ፀገም ክፈትሕዩ ዝብል ኣተሓሳስባ ስለዝነበረ 'ዩ። ንኣብነት ኣብ ዲፕሎማሲ ይኹን ካልኦት ስራሕቲ፤ ኣምሓሩኳ ተሪኢናስ ብሽም ኣምሓራን ኢትዮጵያን ዝተወደቡ ዓሰርተ ገለ ፓርቲታት ኣጀንደኦም ብዝተፈላለየ መገዲ ናይ ምቕራብ ዕድለ ኣለዎም። ንሕናኸ? ኣርባዕተ ፓርቲ ወሲኽና ህወሓት ኣብ ዝሕዞ ኣጀንዳ ተወሳኺ ኻሊእ ኣጀንዳ ተምፃኣ ተጠቀምቲ ኢና ንኾን። ናይ ኣመለኻኽታ ብዝሃነት ይጠቕመና እምበ ኣይንድኣናን። እስራኤላውያን the 10th man rule ዝብልዋቶ ዝተፈላለየ ሓሳባት ዘለዎም ውድባት ከፍ ኢሎም ዝመኽርሉን ሓደ ዝተፈለየ ሓሳብ ዘለዎ ተተረኺቡ ሓሳቡ accommodate ዝገብርሉን ነገር ናባና ክነምፅኦ ኣለና።. ካብቶም ብድሕንነትን ሃለዋትን ትግራይ ዝጣልዑ ውድባት ወፃኢ ዘለው ውድባት say ክህልዎም ሓሳባቶም accommodate ክግበር ኣለዎ' ይብሉ።

እዞም ሓደሽቲ ጠለባት ፀላኢ ካብ መቐለ ካብ ዝወፅእ ጀሚሩ ሕልፍሕልፍ እናበሉ ይስምዑ ከም ዝነበሩ ዘዘኻኽር ዳንኤል ብርሃነ 'as long as functional ዝኾነ ናይ ስግግር መንግስቲ ምጥያሽ ናይ ሕጊ ፀገም የብሉን። ስግግር ኢልካ ክትመፅእ ከለኻ ቅድመ ኩነቱ ይሰርሕ ድዩ ኣይሰርሕን ኣብ ምጥላሉ እዩ። ስግግር ብባዕሉ means እምበር end ከምዘይኾነ ክርሳዕ የብሉን። ብመረፃ ተመሪፀ ምስ ዝብል ሓሳብ እውን ብመሰረቱ ዝጋጮ ኣይኾነን። የግድስ ዝሐሸ ሓይሊ ዝእከብ እዩ። ብመሰረቱ ናይ መረፃ ዲሞክራሲ ካብ ካልኦት ናይ መንግስቲ ኣወቃቕራታት ዝሐሸ እዩ ዝበሃል ዝበለፀ inclusive ሰለዝኾነ እዩ። ዝበለፀ ብዘስፋሕኻዮን ሓቋፋይ ብዝገበርካዮን ቁፅሪ ብመትከል ደረጃ ዝድገፍ እምበር ዝንቀፍ የብሉን። ነገር ግን 'ፋንክሽናሊቲኡ' ክረጋገፅ ኣለዎ' ይብል

ካብዚ ወፃኢ ኣስፍሕ ኣቢልና ብትካላት ብርኪ ክንርኢ ከለና፡ ሓደሓዲኦም ግድን ዘይሻረዊ ወይ ድማ ንኹሉ ዝሓቑፉ ክኾኑ ኣለዎም ዝብል ዳንኤል 'ንኣብነት እዞም ትካላት ዲሞክራሲ ዝበሃሉ ሚድያ፣ ቤትፍርዲ፣ ናይ ፀጥታ ኣካላት ወዘተ ንሐዚ ይኹን ንሓዋሩ ካብ ኹሉ ፓርቲ ዝተዋፀአ ቦርድ ተጣይሽሎም ወይ ተሃድሶ ተኻይድሎም ናፃ ዝኾነ ቦርድ ወይ ኮሚሽን የድልዮም 'ዩ። ብቐዋሚነት ከም ትግራይ ቲቪ ዝበሉ ይኹን ካልኦት ናይ ልምዓት ትካላት ናፃ ብዝኾነ ቦርድ ክምርሑ ኣለዎም። እዚኦም ናብ ስግግር መንግስቲ ዶ ናብ ገለ ከይኣተውኻ ክስተኻኸሉ ዝግበኦም እዮም' ይብል።

## ዝሓለፈ መረፃ፣ ህልው ኩነታትን ሕገ-መንግስትን

ሓላፊ ክፍሊ ፖለቲካ ውናት ዝኾነ መሓሪ ' ስግግር መንግስቲ ምስቲ መረፃ ክተሓሓዝ የብሉን። ኣብ መረፃ ተሳቲፍኹም እንዲኹም ዝተመረፀ ዘይትቕበልዎ ዝብል ሞገት ዕምቆት ዘይብሉ እዩ። ከም ጀመርቲ ውድባት ኣብቲ ዝሓለፈ መረፃ ብዙሕ ዋጋ ኸፊልና ተሳቲፍና። ምእንተ ምንታይ? ምእንተ መሰል ዓርሰ ውሳነ ትግራይ፣ ምእንተ ቅቡል መንግስትነት ትግራይ፣ ምእንተ ትግራይ ዝከላኸል መንግስቲ ክህልው ዝብሉ ካብቶም ምኽንያታትና ውሽጢ እዮም። እቲ ኹናት ስዒቡ ዝመፀ ግን ኻልእ ምዕባለ እዩ። እቲ መረፃ ዝሃበና ቁመና ጠፊኡስ፡ ዓለም እዩ ኣፍልጦ ዘይሃበና እምበር ናይ ሃገረ መንግስቲ ቑመና እዩ ዘለና። ከም ሃገረ መንግስቲ ድማ ሓዱሽ ስምምዕ ሓዱሽ ሕገ መንግስቲ የድልየና። ሕዚ ታይ

ኢና እንብል ዘለና? ፖለቲካዊ ምርድዳኣት ኣምፂእና ምትዕርራይ ንግበር እዩ። እቲ ፈጢርናዮ ዘለና ቑመና ሕጋዊ ሽፋን ክንህቦ ኣለና' ኢና ንብል ዘለና' ይብል።

ዓብለሎም መለስ ነዚ ሓሳብ ብዘራጉድ መልክዑ 'ምስ መረፃ ተተሓሒዙ ሳወት ካብ ፖለቲካዊ እምነትና ተበጊስና ኢና እቲ መረፃ ክካየድ ብቕዳምነት ዝሰራሕና። ንቐፃሊ ናይ ትግራይ ጉዕዞ እውን ሕጋውን ቕቡልን መንግስቲ ክምዘድሊ ስለንኣምን። እዚ ማለት ግን እቲ መረፃ ሰቒሉ Universal እዩ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ዝኾነ ሕግን ኣሰራርሓን እዩ ዝሰርሕ። ስለዚ እቲ መረፃ ዝተገበረሉ ሕጊ፣ ኣሰራርሓ፣ ባይታ፣ ሓቂ ተቐይሩ እዩ። ኣብዚ እንድሕር ዘይንስማዕማዕ ኾይንና ኣብ ኣተናትና እዩ እቲ ኣፈላላይ ዘሎ። So as if መረፃ ምንዓቕ ወይ መረፃ ትኽክል ኣይኮነን ክምዝበልና ተገይሩ ክውሰድ የብሉን። እቲ መረፃ ዝተኻየደሉ ባይታ ምስቲ ሕዚ ዘለናዮ ዝተፈላለየ እዩ ኢና ንብል ዘለና። ስለዚ ክም ሳወት መረፃ ንኽንነፅግ ዝኾነ ይኹን Ground የብልናን። in fact ቑፅሪ ሓደ ናይ መረፃ ደገፍቲ ኢና፤ እቲ መረፃ ዝተመረፀሉ ኣገባብ ብትኽክል ዓላምኡ ኣየሳኸዐን ስለዚ ክንጠቕሶ ኣይንኽእልን ኢና ንብለ ዘለና' ይብል። ክንፈገብርኤል ብወገኑ 'ዓቕሚ ትግራዋይ ዝእክብ ትካልን ፕላትፎርምን ነጣይሽ ኢና ንብሎ ዘለና። ተመሪፀ 'የ ኢሉ ክሙግት ንዘደሊ ጌጋ ኢና ንብሎ። ብናይ ክልል ሕገመንግስቲ እዩ ተመሪፁ ነይሩ፤ እቲ ናይ ክልል constitution ድማ ሓደ ክልተ ሰልስተ.. ኢሉ ቆፂሩ እዩ ስልጣንካን ሓላፍነትኻን ዘፍልጠካ። ሐዚ ዘለናዮ ብርኪ ግን ንሱ ኣይኮነን ዘሎ። ተቐይሩ እዩ' ይብል። ንድሕሪት ምልስ ኢሉ ድማ ' ብዙሓት ሰባት ኣብ መረፃ ሃገረ ትግራይ ኣይትብሉን ነይርኹም እንትብሉና ይሰምዕ እየ። እዚ ክርክርና ብውነ ካብ ዘይምድማፅ ወይ እውን ማንፌስቶና ካብ ዘይምንባብ ዝመፅእ እዩ እምበር ማንፌስቶና ብግልፂ ዓባይ ልምዕትን ዲምክራስያዊትን ሃገረ ትግራይ ኢሉ ብግልፂ ገሊፅዎ እዩ። ኮንፌዴሬሽን ኢልና እንትንመፅእ ድማ ምስ ኢትዮጵያ ዝብል ክምዘይነበሮ ሐዚ ኾይነ እንትሓስቦ ብዙሕ ሰብ ክምዘየስተባሃሎ ይርደኣኒ እዩ። ትግራይ ሃገር ትኸውን ክንብል ከለና ካብ ኤርትራ፣ ቅማንት፣ ኣገው ይኹን ሱዳን ዝጓደል ነገር ክህልወና ክምዝኽእል ሓሲብና ኢና ኮንፌደሬሽን ዝበልና። ንኣብነት ሓደ ብግልፂ ንናፃ ሃገር እየ ዝቃለስ ኢሉ ዝመፀ ውድብ(ውናት) እቲ ሕገመንግስቲ ተጠቒሙ እዩ ሃገር ክረክብ ዝጉስጉስ ነይሩ። ንሕና እቲ ሕገመንግስቲ ካርታ ድያ ሽጉጥ ዘይትፍለጥ ከይህበና ንፈርሕ ስለዝነበርና እዩ እቲ ሕገመንግስቲ ካብ ቀደሙ እውን ዘይንቕበሎ ዝነበርና' ዝብል ኾይኑ.. ሐዚ ብዘሎ ኩነታት ናብ ድርድር ዝኸወድ እንተኾይኑ ንዝብል ሓሳብ 'bargain ናይ ምግባር ዓቕምና እንተዕቢና ኣብቲ ሕገመንግስቲ ዘለው ሓደሓደ ዝጠቕሙ elements ክንጥቀመሎም ንኽእል ኢና' ይብል። ዶክተር ፍሰሃ ነቲ ሕገመንግስቲን ድርድርን ዝምልከት ብወገኑ 'ነዛ ኢትዮጵያ ትበሃል ዝሕዝዋ ዝነበሩ ሕግን ሕገመንግስታዊ ስርዓትን ክምዝፈረሱ ንርዳእ ኢና። ኣብቲ ምፍራሱ ጥር ትብል ግደ ድማ የብልናን። ምስ ኣፍረስዎ ድማ ብፍላይ ንህላወናን ረብሓናን ሓደጋ ኾይኑ እንትመፅእ ክነድሕኖ ደድሕሪኡ ንኸደሉ ምኽንያት ኣይክህሉን። ነገር ግን መንፈስ ናይቲ ሕገመንግስቲ(ላዕለዋይ በዓል ስልጣንነት ህዝብን መስል ዓርሰውሳነን) ክንጥቀመሎምን ብልጫ ክንወስደሉን ንኽእል ኢና' ይብል።

## መዋፅኦና ከመይ ንርከቦ?

ነዚ ፅሑፍ ዘዘራረብናዮም ኩሎም ፖለቲከኛታትን መሁራትን እቲ መዋፅኦ(way out) ዝብልዎ ሓሳባቶም ክቐርቡ ከለው ልዕሊ ኹሉን ቅድሚ ኩሉን ውሽጣዊ ስምረት(internal harmony) ወሳኒ ክምዝኾነ ይስማዕምዑን ደጋጊሞም ኣስሚሮም ይዛረብሉ።

ካብቲ ጀኽጀኽ ክንወፅእ እንተኾይና መኸተ ትግራይ ውሽጡ ዲሞክራሲያዊ፤ ደግኡ ድማ ንፀላእቱ ዘይምሕር ክኸውን ኣለዎ ዝብል መሓሪ ዮሃንስ 'እቲ ይመርሕ ኣለኹ ዝብል ሓይሊ ነቲ ቃልስና ናብ ሓደጋ ዘእቱ ኣካይዳ ይኸድ ክምዘሎ ኣብ ቃልስና ዘጋጠመ ደውታ ግልፂ ገይርዎ እዩ። ንህወሓት ኣይፀልኦምን፤ intentionally ንትግራይ ይጎድእዋ እዮም ኢለ እውን ኣይሓስብን። ግን እንታይ ይገብሩ ክምዘለው ዝፈልጡ ኣይመስለንን። ህወሓት ሐዚ ሐዚ ንመኸተ ትግራይ liability(ዕዳ) እዮም ዝኾንዎ ዘለው ዝመስል። ዓቕሚ ትግራይ ናይ ምጥቃም ድሌት ዘለዎም ኣይመስሉን።

## ካሊእ ይትረፍ 93 ካብቲ ውድብ ወፂኦም ብዙሕ ዋጋ ዝኸፈሉን፤ ትግራይ ተወሪራ ኢሎም ኣብ ሽምግልነኦም ደጊሞም ንትግራይ ዘተቓለሱን ዘቃለሱን ሰብ ልምዲ ኣያታት እኳስ ቆላሕ ዝብሎም ስኢኖም ልምዶም ከይተጠቐምናሎም ንሓልፍ ኣለና።

ንሕናን ሳወትን ብስግግር መንግስቲ ዝተቐንበበ መፍትሒ ኣመፂእና ኣለና ። ምናልባት ንሕናን ሳወትን እዚ ብምባልና ካሊእ ይትረፍ ካብ ናይ ታሪኽ ተሓታትነት ናፃ ክንከውን ይኽውን። ሕድሕድና ዲሞክራሲ ከምዝስዕር ክንኣምንን ክንተኣማመንን ኣለና' ይብል። ክንፈገብርኤል ገብረዮሃንስ ብወገኑ 'መዋፅኦና ዲሲፕሊን ዝተዓጠቐ መሪሕነት እዩ ዝጠልብ። ካብ መሬት መፂኡ ናብ መኪና ምስደየበ ህዝቡ ዘይርስዕ መሪሕነት የድሊ። ህዝቢ ጠምዩ ገዛ ኣዕፅዩ ውስኪ ዝሰቲ መሪሕነት ተሃልዩ፤ ሕልፊን ዘይግበኦን ስጋ እናቐረሰ ዝበልዕ ሃፍታም እንተሃልዩ፤ ብትኽክል ኣየማሓደርካዮምን እምበር ጥሜት የለን ማለት 'ዩ። ዝሞት፣ ዝስዋእን ዝጠምን በቲ ሓደ ገፅ፤ ሓዱሽ ደርቢ(class) ዝመስል መሪሕነትን ሃፍታምን በቲ ሓደ ገፅ ሒዝኻ ምዕዋት ኽቢድ እዩ። ሓቋፊ ክኸውን እየ ምባል ጥራይ ዋጋ የብሉን። platform እዩ ክዳለው ዘለዎ። ኩላትና personal egos(ኣነነትና) ክነጥፍእ ይግባእ። ኣብ ትግራይ ሓደ ሕመቕ ኣሎ። ካብ ህዝቢ መንግስቲ ይዓቢ ካብ መንግስቲ ህወሓት ይዓቢ ካብ ህወሓት ድማ ዶክተር ደብረፅዮን ይዓቢ ዝብልዋቶ። እዚ ሓደገኛ እዩ። ልዕሊ ውድብ ብትካላቱ ዝግለፅ መንግስቲ ይዓቢ፤ ካብ ውልቀሰብ ድማ ውድብ ይዓቢ። 'ኣዮኻ ናይና' ዕስለነት እዩ ኣምፂኡ። ጀነራል ተኽለብርሃን ሓደ እዋን 'ናይ ትግራይ ፀገም ማሕበረሰባዊን መዋቕራዊን እዩ፤ ትካላዊ ለውጢ ድማ ክንብህግ ኣለና' ዝበሎ ክንወስዶ ይግባእ' ይብል።

ሓደ ህዝቢ ብጉጉይ ኣተሓሳስባ ተተመሪሑ ዋጋ ዝኸፍለሉ ባይታ እዩ ዝፍጠር ዝብል ድማ ዓብለሎም መለስ እዩ። ዓብለሎም ' ንትግራይ መዋፅኦ ዝኾኑ ሓሳባት መሊኦም እዮም። ፀገም ዘሎ ዋጋ ዝኸፈል ነዞም ሓሳባት ናብ ተግባር ክሽረፍሉ ዘኽእል ኣኽኣላይ ባይታ(enabling environment ) ስለዘየለ እዩ። ንሕና ብዋናነት ናይ ትግራይ ዓቕሚ ብምእካብ ብዝፍጠር ሓዱሽ ስግግር መንግስቲ እዩ እቲ ናይ ህልውና ሓደጋና ነፍሸል ኢልና ንኣምን። በቶም ነዚ ዓውዲ ዝምጥኑ ሓደሽቲ ኣተሓሳሰባትን ኣሰራርሓታትን ኢና መዋፅኦና ክንረክብ ንኽእል ንብል። እቲ ስግግር መንግስቲ ክነምፅኦ ከለና ብዋናነት ስለ ሓይልኻ ምእካብን ምምኽካርን እዩ ነጥቡ። ኣብቲ ዝፍጠር መሰጋገሪ መንግስቲ ድማ ብዙሓት ሓሳባት ክውለዱ ግድን እዩ። ሰብ ክርደኦ ኣለዎ ዝብሎ ዓቕምናን ሓሳባትን እንተንእከብ ኢና መፍትሒታት ንረኽቦም። ንበይንኻ እዚ እዚ እዩ ቱመፍትሒ ምባል እንታይ ከምዘምፅኣልና ብቐሊሉ ካብ ህወሓት ምምሃር ይከኣል እዩ። እቲ ዋና መፍትሒ ዝኸውን እቶም ሓሳባት ዝፍልፍልሉ ባይታ(environment) ምፍጣር እዩ። ሳወትን ውናትን ነዚ ስግግር መንግስቲ ንብሎ' ይብል። ዶክተር ፍሰሃ ብወገኑ 'ነቲ ዘለናዮ ኩነታት ዝምጥን መፍትሕታት ክህልውና ግድን እዩ።ዝተወደበን ዘይተወደበን ዓቕሚ ትግራይ ናይ ምእካብን ምድልዳልን ስራሕቲ ክንዓምም ዕዮገዛና እዩ። ኩሉ ድማ 'ቅደም ሰዓብ' ክርዳእ ግድን እዩ።

ክንገብሮ ዝግበኣና ዘይገይርና ተተሪፍና እንታይ ከምዝመፀና ካብ ታሪኽናን ተሞክሮ ዓለምን ንመሃሮ ብዙሕ እዩ። ዘለናዮ ብርኪ ተኣናፊ ኾይኑ ካብ ምጥፋእ ክሳብ ስልጣነ ምህናፅ ክወስድ ኣብ ዝኽእል መገዲ ከምዘለና ተረዲእና ነዚ ህልው ኩነታት ብዝምጥንን ንህዝቢና ብዘኽብርን መልክዑ ኣብ ዙርያ መንግስቲ ተሰሊፉና መዋፅኦና ክንረኽቦ ግድን እዩ' ይብል።

ነቲ መዋፅኦና ዝተፈላለዩ scenario ክነቕምጠሉ ንኽእል ኢና ዝብል ዶክተር ሙዑዝ 'ሓደ.. ፀላእቲ እቲ ዕፅዋን ከባን protracted(ብዝተናወሐ) መገዲ ሓቦናን ሕራነን ክርብርብ ከምዝሰርሑሉ ፉሉጥ እዩ። ንሕና እውን እዛ ሐዚ ትረአላ truce ተጠቒምና ቱናይ ሰላም ፃኒሒት ክነውሕ ዝኽእለሉ መገዲ ኣናዲና ብኹለመዳይ ንባዕልና ክነጠናኽረላ ይግባእ። ዲፕሎማሲና ድኹም

> ዝተወደበን ዘይተወደበን ዓቕሚ ትግራይ ናይ ምእካብን ምድልዳልን ስራሕቲ ክንዓምም ዕዮገዛና እዩ። ኩሉ ድማ 'ቅደም ሰዓብ' ክርዳእ ግድን እዩ።

እዩ ነጠናኸር። ባዓል ሃውቲ ዝውንንዎ መሳርሕታት ምውናን ከመይ ይኣብየና? ክንብል ይግባእ። ምስ እዚ ተተሓሒዙ ክርሳዕ ዘይብሉ ኣብዚ ሕጊ ዘይፍለጠሉ ቀጠና 'ሕልፊ ሕጊ መኸበርቲ' እንኾነሉ ነገር ጠጠው ክብል እኒኦዎ። ካሊእ 'ፅምዶ ብዘይፍልጦ' ዝበሃል ኣሎ። እቲ ካብ ሸዋ ብምምላስና እንረኽቦ ዲፕሎማስያዊ ኸስቢ ብደንቢ ተተጠቒምናሉ፣ ቱሰላም ከቕፅል ትሰርሐሉሞ by default ከም ሃገር ክወስዱኻ ወይ ብማዕረ ቁመና ክሪኡኻ ዝኽእልሉ ባይታ ይፍጠር። ካሊእ እቲ ዕፅዋን ክባን ተዘይተፈንጢሑ ወታደራዊ ዓቕምና ተጠቒምና ኣብታ ተሕሞም ክንቁንጭዎም ግድን እዩ። እንድሕር ናብ ሰላም ኣይመፅእይ ኢሉ ዕረፍቲ ክትኸልኦ ግድን እዩ። both መገዲ ክንጫወቶ እኒኣና' ይብል። ዳንኤል ብርሃነ ድማ 'ናብ ፀገም ከይተኣቲ ዝገብረካ፣ ፀገም ተገጢሙካ ክትወፅእ ዝገብረካ ድማ ዘለካ ዓቕሚ ኣኪብካ ክሳብ ጫፍ ክትጥቀመሉ ትኽእለሉ ባይታ ተፈጢርካ ጥራይ እዩ። ፖለቲካሊ inclusive ተኾይኑ ብሕጊ ብትካላውነትን ተኣሚንና ሐዚ እውን ካብ ፀገም ንወፅእ ፅባሕ እውን ፀገም ከይመፅእ ንከላኸሎ። ኣብ ኩሉ ዓቕምና ፀንቂቑ ዝጥቀም ኣሰራርሓ እናሰራሕና ስለዘይመፃና እዩ እውንኮ ፀገምና ዝኸበደ' ይብል።

ዘመና ናይ ስቓይ፣ መከራን ሞትን ከምኡ ድማ ናይ ጅግንነት፣ ደላይ ሓቂን ፍትሕን እዩ። ረብሓታትና ኩሎም ብእርይ ቁፅሪ ክነኽብር ስቓይ ህዝብና ደው ክነብልን እታ ናይ 'መወዳእታ ሳሓቕ' ናትና ክትኾንን ፖለቲካና ስልጡንን በሊሕን(shrewd) ክኾን ግድን እዩ። እዚ ክኾን ብዙሓት ናፃ ፖለቲካዊ መድረኻትን ምኽክራትን የድልዩና። ኩላትና ዘብዐኛታት ውሽጣዊን ብሄራውን ስምረትና ክንከውን ድማ ግድን ይኸውን።

## ደላዪ ሰላም ተጋዳላይ!!

# ባህጊ ሓርነት

ታዕሊም ዝሃበኒ ፀጋታት ብዙሓት እዮም። ተጋዳላይነት ዝህነፀሉ ዓብይ ናይ ህይወት ቤት ትምህርቲ እዩ። 'ዘይግድሾ' ዓይነት ሰብ ኾይንካ ኣቲኻስ ንወዲ ዓዲኻ ግዱስ ኾይንካ እትወፀሉ ማእኸል። ምስ ዝተፈላለየ ናይ ህይወት ልምዲ ዘለዎም ምልላየይ ድማ ካብ ዘሐጉሱኒ ነገራት ሓደ እዩ፣ ሓዱሽ ልምዲ ኻሊእ ሓዱሽ ናይ ህይወት ገፅ እውን ትርኢ። ተዓላሚ ኾይነ ፈለማ ናብቲ ማእኸል እንትኣቱ ፈለማ ምስ መን ተፋሊጠን ተቐራሪበን? ቤቴልሄም ምስ እትበሃል ካብ ኹሉ ተዓላማይ ብዕድመ ዝነኣሰት ቆልዓ ነይሩ(ቤቲ ሸኮር! ኣበይ ትህሉ ትኾን ሐዚ?).. ቤቲ ክትስሕቕ ክትጫወት መዓት እያ። ምስ ኹሉ ክትታኸን ክትቃለስ እትደሊ ምንም ጭንቂ ዘይብላ ፍጥረት እያ። ብዕድመ ንእሽቶን ስለዝኾነት ኹሉ እዩ ዝልእኻ። "ኣቦዋይ ይሙት ዘይገድፈካ" እናበለት መዳልታዊ እተኳድዶ ሰብ ኣይትስእንን። መጀመርታ ምስኣተኹ መዒኣ መላጠይ እናረኣየት "ቕድሚ ምልፃይኻ ሪኣካ ነይረስ መላጥ ኣየጥዕመልኻን" ኢላ ከት ኢላ እናስሓቐት ዝቐረበትኒ ንሳ እያ። ብድሕሪኡ ቐስ ብቐስ እናተላመድኹ ብዙሓት ኣዕሪኸቲ ኣፍርየ። ኣሸናፊ፣ ኣቢቲ፣ እሜቤት፣ ሙሴ፣ ድንኩል(ክንደይ ተጋዳላይ ግን ድንኩል ወፀሉ) ወዘተ ወዘተ ዕድመ ልክዐይ ክርስዓም ዘይኽእል ብፆተይ ረኺበ እየ።

ሓደ ድማ ነይሩ ካብ ኩሉ ተዓላማይ ፍልይ ዝበለ ህድኣት ዝነበሮ። ናይ ኣያና መራሒ ቀዳማይ ወያነ ብላታ ሃይለማርያም ስም ዘለዎ። ሃይለማርያም ቁጡብ ዝበሃል

ዓይነት ሰብ እዩ። ምስ ሃይለማርያም ብዛዕባ ዝኾነ ቅውም-ነገር እምበር ኻልእ ከተውግዕ የፀግመልኻ እዩ(ንሰን እውን ንቁሩብ ደቃይቕ እዩ ዘውገዐካ).. ኣብ ከቢድ ስልጠና ይኹን መሪር ፀሓይ ኩሉግዘ ምስ ህድኣቱ ኢኻ ትሪኦ፡ ምስ ሰብ ብዙሕ ናይ ምትሕውዋስ ባህሪ እውን ኣይትሪኣሉን። ብርቱዕ ዝበሃል ሰውነት ዘለዎ ተጋዳላይ ኾይኑ ቁልዕነቱ ነዊሕ ዓመታት ኣብ ናዝሬት ስለዘሕለፎ ድማ ትግርኛን ኣምሓርኛን እናሓናፈፀ እዩ ዘውግዕ(ትግርኛ ሙሉእ ከውግዕ ሞኪሩ እንትኣብዩን ክናደድን ይዕዘቦ እየ)።

ሓደ መዓልቲ ከምቲ ልሙድ ኣብ ኸቢድ ስልጠና ኣርፊድና ኣብ ጠላዕ ፀሓይ ኣብ መሬት ብወታደራዊ ኮፍ ኣበሃህላ ብመስርዕ ኮፍ ኢልና ብዛዕባ ሰልፊ እቲ ኣሰልጠኒና ክምህረና ጀመረ። "መጀመርታ ፀጋማይ እግርና ይጅምር ቐፂሉ ድማ የማንና... ፀጋም፣ የማን.... ፀጋም የማ..." ኣነ ኣብቲ ልዕሊ መላጥ ርእሰይ ድኻም እውን ነይርዎ እቲ ጠላዕ ፀሓይ እውን ኸቢዱኒ ቀልበይ እናተፈራረቐ ብዓይነይ ፅላል ይእልሽ። እቲ ኣሰልጣኒ ከይረኣየኒ ሙልቕ ኢለ ኸይደ ማይ ክሰቲ እናሓሰብኹ ከለኹ ኽልተ ሪእናዮም ዘይንፈልጥ ተጋደልቲ መፁ፤ እቲ ሓደ ነቲ ኣሰልጣኒና ኣብ እዝኑ ገለ ሕሹኽ በሎ። እቲ ኣሰልጣኒ ድማ ብሰልፊ ኮፍ ናብ ዝበልናሉ መፂኡ "ብፃይ ሃይለማርያም ትድለ ኣለኻ ሓደ ግዘ ንዓ" ኢሉ ካብ ከፍ ዝበሎ መሬት ንክለዓል ኣዘዞ።

ሃይለማርያም ናብቶም ተጋደልቲ እንትቐርብ እቲ ሓደ ተጋዳላይ እናነየየ መፂኡ ጥምጥም ኢሉ ሓቑፎሞ ተተሓሒዞም ክባኸዩ ጀመሩ። ኩሉ ተዓላማይ ግር በሎ። እንታይ ከምዝተፈጠረ ክርደኣኒ ኣይከኣለን። ዓይኒ ንዓይኒ እናተረኣኣዩ መመሊሶም እናተሓቛቖፉ ንብዓቶም ከም ማይ እናወረደ እንትርኢ ኣሕዋት ደማ ይኾኑ ኢለ ሓሰብኹ(ኣይተጋገኹን ድማ)። ቑሩብ ፀኒሑ እቲ ተጋዳላይ ናባና ቐርብ ኢሉ "ይቅርታ ብፆት ዓሰርተ ሰለስተ ዓመት ዝተፈለየኒ ሓወይ ኸዚ ስለዝረኸብኩዎ እዩ። ሸውዓተ ኣሕዋት ኣብ በረኻ ኢና ዘለና። እዙይ ሻምናይና ነዊሕ ዓመታት ኣብ ናዝሬት ዝነብር ዝነበረ ሓውና እዩ። ኣብዚ ከምዘሎ ሰሚዐ ዓይኑ ሪአዮ ክምለስ ኢለ እየ መፂአ እምበር ተጋዳላይስ ኣይበክን ይቕሬታ ግበሩለይ" በለና። ኹሉ ልቡ ዝተተንከፈ ተዓላማይ ከምቲ ዝተዘራረበ ብሓደግዘ ብጣቕዒት ኽብሩ ገለፀሎም።

ኣብ ምሳሕ ሰዓት ናብ ኮፍ ዝበለሉ ፅላል ከይደ ከዋግዖ ጀመርኹ።

"ብፃይ ደስ ዝብል ሓው ኣለካ"

"ኢ.. ኣነውን ይፈቶ እየ፡ የቀንየልና" ኢሉኒ ንእሽተይ ክምስ ኢሉ ብዝተሰባበረ ትግርኛ።

"ግን ይቅርታ እምበር ሸውዓተ ኣሕዋትኻ በረኻ እንተኾይኖም ነቶም ወለድኻ ንዓይኒ ዝሪእዎ ውላድ ተስፋ እንተኾንካዮም እንዶ ኣይምሐሸን? ንምንታይ ዘይትምለስ?" ኢለ ብድፍረት ወታደራዊ ሕጊ ዘይፈቕደለይ ሕቶ ሓተትኹዎ።

"ኣዎ ግን ንሶም ናይ ባእልቶም ወሲኖም ኣነ ድማ የተሰራብን ግፍ እያየሁ ኣይከኣልኩን፤ ኪጋደል ወሲነ" በለኒ። ብጣዕሚ ተሓቢነ ዘለኒ ኽብርን ኹርዓትን ገለፅኹሉ። ትግራዋይ መንፈስ ተቓላሳይነቱ ወትሩ ምስ ኣገረመለይ ኣሎ። ምእንተ ህላውኡን ብሄራዊ ኽብርታቱን ክብል ኹሉ ነገር ባዕሉ ኽኢሉ ይቃለስ። ኽዳን፣ ጫማ፣ ስንቂ፣ ዕጥቂ ኹሉ ባዕሉ የቐርብ። ውሕስንኡ ድማ ይሕሉ። ከም ሃይለማርያም ዝበሉ ኣሽሓት ተጋሩ ድማ ስድራ ምሉእ ምእንተ ህዝቦምን መንነቶምን ይብጀው።

እቲ ኣዝዩ ኸቢድ ዝበሃል ስልጠና ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናለመድኹዎ ኣካላዊ ጥንካረይ እውን ብስርዓት እናተስተኻኸለ ዝስልቸወኒ ዝነበረ ስልጠና ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናለመድኹዎን እናፈተኹዎን ምኻድ ጀመርኩ። ቤቲ ኽዳን እናሓፀብኹ እንትረኺባትኒ እናነየየት መፂኣ ትምንጥለኒሞ "ኣነ ክሓፅበልኻ እየ እንዶ ኣይበልኹኻን" እናበለት ዝጀመርኹዎ ኽዳውንተይ ትሓፅበለይ። ስልጠና ካብ ዝኣቱ ብጣዕሚ ቑሩብ ግዘ እየ ናይ ሓይሊ ይኹን ጋንታ ሸኽሚ ዝተሸከምኹ። ከም ዓብይ ሓዎም ስለዝሪኡኒ ሸኽመይ እውን እንተይተረፈ እቶም ብፆተይ እዮም ዝሕግዙኒ።

ሓደ እዋን ኣብ ማእኸል ስልጠና እናሃለና ነፋሪት ከተማ ከምዝወቐዐት ሰማዕና። ኣዝዩ መደንገፂ ድምፂ ስለዝነበረ ብጣዕሚ ተጨኒቕና ሓበሬታ ክንሰምዕ ናብ ዘዝሓዝናዮ ራድዮ ምጉያይ ጀመርና። ኣብ ማእኸል ንፁሃት ሰባት መንበሪ ከምዝደርበየቶ፣ ዝሞተን ዝቖሰለን በዝሒ ሰማዕና። ገለ ደቂ ኣንስትዮ ብፆትና ንብዓተን ምቁፅፃር ኣብይወን እናነብዓ ዝተረፍና ድማ ሓዘንና ውሕጥ

ውሕጥ ኣቢልና እንምረቐሉን ካብ መሰልጠኒ ወፂና ሕነ እቱ ኣብ ዘይወዓሎ ዝድፈን ዘሎ ህዝብና ክንፈዲ ተመነና። ኣብ ከምዚ ዓይነት ግዘ ምስ ኣሰልጠንቲ ዝግበር ኽትዕ 'እኹል ሰልጢና ኢና ኣውፁኡና ሕነ ክንፈዲ' ዝብል ናይ ኹሉ ተዓላማይ ሕቶ እዩ።

ንፅባሒቱ ሃይለማርያም ንገዝኡ ከምዝኸደን፡ ዓባይ ሓፍቱ ምስ ኽልተ ደቃ ካብቶም ብነፋሪት ተደቢዲቦም ህይወቶም ዝሓለፉ ንፁሃት ውሽጢ ከምዝኾኑን ተነገረና። እወ ሽሞንተ ኣሕዋት፡ ፎኞዶ ኣፅዳፍን ኣግዳልን ሓፍቶምን ከምኣ ዝበላ ብዙሓትን ከድሕኑ ይኳሽሑን ንፀላኢ ይድዕኽዎን። ፀላኢ ድማ እተን ኣብ ገዛ ዝተረፉ መሳኺን ብነፋሪት ይጭፍጭፍ። ሃይለማርያም ቅብሪ ሓፍቱ ከየርከበ ምስ ኽልተ ደቃ ተቐቢራ ፀኒሓቶ። ኽልተ መዓልቲ ፀኒሑ ሓዘኑ እንተይወደአ ናብ መሰልጠኒ ተመለሰ።

ኣብ መሰልጠኒ ማእኸል ብፃይኻ ዝኾነ ፀገም እንትበፅሖ ድሕሪ ስልጠና ምሸት ተኣኪብኻ ምፅንዕናዕ ዝተለመደ ነገር እዩ። መብዛሕትኡ ግዘ እቲ መሰልጠኒና እዩ ዝእክበና፤ ሓሓሊፉ ድማ ንሕና ንሕግዞ ነይርና። ሕዚ ግን ከመይ ኢልና ንሃይለማርያም "ኣጆኻ ፅናዕ" ክንብሎ? መን ደፋር እዩኸ እቲ መድረኽ ዝመርሖ? ኣብዚ ምስቶም ኣሰልጠንቲ ንውሕ ንዝበለ ደቓይቕ ተኻቲዕና ኣነ ንክመርሖ ተወሰነ። ኣዒንተይ ንብዓት እናንጠብጠበ፣ ከናፍረይ እናንቀጥቀጠ፣ ዝናገሮ ነገር ኹሉ ኣይጥዕምን እናበለኒ ናብ መድረኽ ወፂአ። ንሃይለማርያም ዘለና ኽብሪ ብስም እቶም ብፆትና ድሕሪ ምግላፅ እቶም ብፀላእቲ ግፍዓዊ ጨፍጫፍ ዝበፅሖም ዘሎ ህዝብና ብሙሉእ ከምዝኾነ፡ እቲ ሕማሙ ኹላትና ከም እንሓሞን ዓጢቕና ፀላእትና ዋግኦም ክረኽቡ ክንገብር ከምዝግባእን እንትዛረብ ኹሉ ተዓላማይ ኽሳዱ ደፊኡ ብኽዳኑን ብሸርጡን ንብዓቱ እናፀረገ ዝሕንዚሕ ይበኪ እዩ ዘሎ። ኣነ ድማ ኣብ መድረኽ ካብዚ ንላዕሊ ክፀንሕ ዓቕሚ ስለዝሰኣንኹ ንብዓተይ እናንጠብጠብኹ ገዲፈዮም ናብ መደቀስየይ ኸድኹ....

ብፅባሒትኡ ለይቲ ተላዒልና ከምቲ ልሙድ መንቅሒ እስፖርት ድሕሪ ምስራሕ ቑርሲ ክንበልዕ ዝተፈቐደልና ሰዓት ሓፂር ስለዝነበረ እናተጓየኹ ሃይለማርያም ክረኽቦ ናብ መደቀሲኡ እንትኸይድ ንሱ ድማ ስኢኑኒ ክምለስ ረኺብኹዎ።

"ከመይ ሃዲርካ? ትማሊ ተረብሸህ ስለነበር ክሃተካ መፂአ ስኢነካ እናተመለስኹ ነይረ" በለኒ፤ ከመይ ዝበለ ፍጥረት እዩ እዚ ኸ ደቂዓደይ? ኢለ ንባዕለይ ደመመኒ። እዚ ኹሉ ሓዘን ተሸኪሙስ ናተይ ምርባሽ ኣጨኒቑዎ ከፀናንዐኒ ናባይ ክመፅእ? ኣግሪሙለይ ንባዕለይ እውን ክፍትሽ ገይሩኒ...

"ብፃይ ደሓን ኣለኹ። እንታይ ከይኸውን ኢልካ እዩ? የግዳስ ኣነ ሕዚ ገዛኻ ተመለስ ክብለካ እየ መፂአሞ በይዛኻ ስምዐኒ ናይ ግድን ስድራ ምሉእ ክቃለስ ኣለዎ ኣይበሃልን፤ ንስኻ ኣብ ገዛ እንተፀናሕኻ እዩ ዝሐይሽ" ኢለ ሓውሲ ለመና እንትሓቶ...

"ኣሁንማ ምን ቀረኝ እቶም ንሓፍተይን ደቃን ብግፋኢ ዝቀተሉለይ እኮ ኣለው እዮም። ንኣቶም ከየጥፋእኹ ከመይ ሰላም ክረክብ? በፍፁም ኣልመለስም" በለኒ ብምሉእ ትብዓት......

ታዕሊም ወዲእና ምስተመረቕና፤ ኣብ ዝተፈላለየ ኣርሚ ስለዝበፅሓና ተፈላሊና። ፈፂሙ ካብ ርእሰይ ክወፅእ ግን ኣይከኣለን፤ ሓደ እዋን ምስኡ ዝተመደበ ምሳና ዝተዓለመ ብፃይና ብስራሕ ምኽንያት ናብ ኣሃዱና መፂኡ ረኺበ እንትሓቶ "ብፃይ ሃይለማርያም ሓያል ተዋጋኢ ኣቦ ድሽቃ እንድዩ ኾይኑ ዘሎ ፀላእቱ ሕረሕራይ ገይሩ ይፀራርጎም እዩ ዘሎ" ኢሉ ልበይ ኣተርከሰለይ...

ከርሲ ትግራወይቲ ዝወለዶ ኻሊእ ክኸውን እውን ይኽብዶ እዩ።

ብረት ዝተሸከሞ ከጥዕመሉ ኢሉ እንተይኾነስ እምብለይ ኣይግዛእን ኢሉ ዝሓንገደ፡ ውሉድ ትግራይ ስለዝኾነ እምበር ደላይ ሰላምስ ሃይለማርያም እዩ። ደላይቲ ሰላምስ ከምኡ ዝበሉ ኣሽሓት መረረት ኲናት ዘስካሕክሖም ደቂ ትግራይ እዮም። ዝግበኦምስ ትምህርትን ስራሕን እዩ ነይሩ፡ ምእንተ ሰላምን ቅሳነትን ትግራይ ግን ብረት ክሕንገጡ ግድን ኾይኑ።

ንባህግናን ረብሓናን ከምኡ ድማ ምእንተ ካሕሳ ተጋደልቲ ትግራይ ተባሂሉ እውን ሃገር ንውንን ድማ ግድን ይኸውን።

# ህወሓት ንትግራይ ፈውሳ ድዩ ሕማማ?

ደስታ ገብረመድህን ኣሰፋ

## ከም ማሕበረሰብከ ሕማማትና እንታይ እዮም?

ትግራይ ፅቡቕ ኣላ፡፡ ጥዕና መሊኡ፤ ህዝብና ፅጋብ ዓሲልዎ፡፡ ብዛዕባ ውሕስንኡ ንፃት ኣይሻቐልን፤ በጥ ኢሉ ይሓድር፡፡ ኣብ ትግራይ ፅቡቕ ኣለና፤ ኣስተርሒና ንነብር፡፡

ሕዚ ኸኣ ሓንቲ ዋዛ ኽነግረኩም፡፡ እዛ ዘዘንትወልኩም ዋዛ፤ ስላቮጅ ዢዠክ ካብ ዝበሃል ሶሎቬንያዊ ፈላስፋን ነቓፊን ዝተረኸበት እያ፡፡

ኣብ ሓደ ዓዲ እዩ ኢሎሚቶ፤ ብጩቕ ዘይበሃሎ፡፡ መንግስቲ ናይታ ዓዲ፤ ኣፍ ዜጋታቱ እንታይ ፀውዩ 'ምበር እንታይ በሊዑ ዝብልሲ ከንድቲ ኣይፅጅቦንያ ዝነበረ፡፡ ሓደ ጋሻ ኸኣ ካብ ሓደ ብሩኽ ዓዲ፤ ናብታ ዝበልናያ ሃገር ይገይሽ፡፡ ቅድሚ ናብታ ሃገር ምኻዱ ግን፤ ምስ መሓዙቱ ዝረዳድእሉ ሓዱሽ ሜላ ምሂዞም እዮም ተፈላልዮም፡፡ ደብዳበ ክልእኽ ከሎ፤ መንግስቲ ከምዘንብቦ ኣይጠፍኦን (censorship)፡፡ ስለዝኾነ ኸኣ "ደብዳበ ክፅሕፈልኩም ከለኹ፤ እንተደኣ ብዕንቆዋይ ሕብሪ ብርዒ ፅሒፈልኩም፤ እቲ ዝብሎ ዘለኹ ሓቂ እዩ፡፡ እንተደኣ ብቐይሕ ሕብሪ ፅሒፈዮ ግን ሓሶት ምዃኑ ተረድኡ፡፡" በሎም፡፡

ድሕሪ ኣዋርሕ ከኣ ቡስጣ ሰደደሎም፤ ብዕንቆዋይ ሕብሪ ዝተፅሓፈ፡፡

"ኣብዚ ኩሉ ነገር ኣዝዩ መሐጎሲ እዩ፡፡ ቀረባት ኣሎ፤ ምሉእ ዘይጎደለ፡፡ ምግቢ፤ ፍሰስ ተፋሰስ እዩ፡፡ ፊልምን ተዋስኦን፤ ከምድላይካ ይረኣይ፡፡ ኮታስ ኩሉ ነገር ይሃበኒ ይሃብኩም ዘብል እዩ፡፡ ኣብ'ዚ ዓዲ ክረኽባ ዘይከኣልኩ ሓንቲ ነገር፤ ቀይሕ ሕብሪ ብርዒ ጥራይ እያ፡፡" ትብል ነበረት እታ ደብዳበ፡፡

እሞ'ሲ፤ ነታ ፈላሚት ዓንቀፅ ናይ'ዚ ፅሑፍ፤ ብቐይሕ ሕብሪ ከምዝተፅሓፈት ቆፂርኩም ኣንብቡዋ፡፡

ናብ ቀንዲ ዋኒነይ ኣተኹ!

ምውድዳስ ኣብዚሕና፡፡ "ኣንታ ጅግና፣ ኣንቲ ዋዕሮ፡፡ መን ከማና" እናተበሃሃልና ምድሪ ትመስየና ኣላ፡፡ ዋላ ካብቲ እንንየተሉ ገሊኡ ሓቂ ይኹን፤ ንሎሚ ግን ካልእ ፈለግ እስኪ ንስዓብ፡፡ ኣበራትና እንታይ እዮም ኢልና ቁሩብ ነውግዕ፡፡ ምናልባት ሕማምና እንተለሲና፤ ፈውስና ንምንዳይ ቁሩብ እንተሓገዘና፡፡

# “ንኺድ ጥራይ“

ከም ህዝቢ ሓተትቲ ኣይኮናን፤ ብፍላይ ድማ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያትና ኣይንወጣጠርን፡፡ እቲ “ናትና“ እንብሎ መሪሕነት፤ ዘይጋገ ብፁእ ገይርካ ምቕባል ልሙድ ኮይኑ፡፡ መራሕትና “ንኺድ“ እንትብሉ፤ ንጉዕዞ ብድድ ንብል፡፡ “ናበይ? በበይ?“ ኢይበልና ንስዕቦም፡፡ ምሕታት ኣይለመድናን፤ ምሕታት ኣየልመዱናን፡፡ ንሳቶም እውን፤ ዘይምሕታትና ለሚዶምዎ፤ ናበይ ከምንኸይድን፤ በበይ ከምንኸይድን ክነግሩና ግቡእ ከምዘለዎም እኳስ ዘኪሮምዎ ኣይፈልጡን፡፡

ሳሕቲ “ናበይ ኢና'ባ?“ ዝብል ሓታቲ ምስዝርከብ “ንስኻ ዶ ካብኦም ፈሊጥካ? ኡስ!“ ንብሎ፡፡ ፍልጠትን ክእለትን ካብ ሰልጣን ዝፍልፍል ክሳብ ዝመስል፤ ነቶም ሰብ ወንበር ከኣሌ-ኩሉ (omnipotent) ገይርና ንወስዶም፡፡ ንሶም እውን ኣብ ከይዲ፤ ነዚ ጌጋ ኣሚኖምዎ ግዲ፤ ንርእሶም ብኸምኡ እዮም ዝርእዩ፡፡

ስለ'ዚ ድማ እዮም፤ ገለ እዋናት 'በዚ እስከ ኣቋራፂ መገዲ እንተሎ ንርአ' ኢሎም እንትሓስቡ (ቀዲሞም መገዲ ኣለዎዶ የብሉን ከየፃረዩ) “ንኺድ“ ይብሉና፡፡ ብሓባር መገዲ ክንእልሽ ዘይኮነስ፤ ዘብፅሑና መዕለቢ ዘሎ እናመሰለና፤ ደድሕሪኦም ኲስኲስ ንብል፡፡

እቲ ምኻድና ጥራይ ግስጋሰ እናመሰለና፤ “ንኺድ ጥራይ” ንበሃሃል፡፡

ምኻዱ እምበር፡ መዕለቢኡ ዘይፈልጥ ተጉዓዛይ ኸኣ፤ በፂሑ ዶ ኣይበፅሐን፣ መገዲ ስሒቱ ዶ ኣብ ቅኑዕ ጎደና ኣሎ ዝብል ኣይፈልጥን፡፡ ብዙሕ እዋናት፤ ንዑናይ ኢሎም ዘሳለዩና መራሕቲ መገዲ፤ እንተስ መገዲ ጠፊእዎም፤ እንተስ እቲ ዝኸድዎ ዘለዉ ካብቲ ዝነበርዎ ዘይሕሸ ምኧኑ ኣብ መገዲ ተሰቀኑርዎም፣ እንተስ ኣብ ድሕሪት ገለ ረሲዖም፤ ኣኹሊሎም ኣኹሊሎም ናብታ ዝነበርናያ እንትመልሱና፤ ህዝቢ “ንምንታይ ዘይበፃሕና?” ኢሉ ክሓትት ኣይከኣለን፡፡ እንተዝሓትት እውን “ናበይ?” ኢሎም መራሕቱ መሊሶም እንተዝሓትዎ፤ ዝብሎ የብሉን፡፡ በዚ ገይርና ናብቲ ንኸይድ ዝብል ውዕሊ ዘይኣሰረ መራሒ መገዲ፤ ሓታቲ የብሉን፡፡ መዕለቢኡ ዘይነፀረ ተጓዓዛይ ድማ፤ ናብ ዝበፅሖ የብሉን፡፡ ስቕ ኢሉ ንምኻድ ጥራይ ጨለለቃ ዝኸይድ ሰብ፤ ዝበፅሖላ ቦታ ፍልጥቲ እያ፤ ዕልምልም፡፡

ዘይሓትት ህዝቢ፤ ፋሉል መራሕቲ እዩ ዝፈጥር፡፡ ተሓታትነት ዘይብሉ መራሒ ኸኣ ተጋግዩ እውን ኣይሓንኽን፡፡ ካልእ ጌጋ ክፍፅም ስክፍ ኣይብሎን፡፡

# “ኣዮኻ ናይና”

መቐፀልታ ናይ'ቲ ናይ ዘይምሕታት ባህልና፤ ንመራሕትና እንህቦ ዕሙት ድጋፍ ካልእ ኣበርና እዩ፡፡ ህዝቢ ንመራሕቱ ዘይውዳእ ጠለብ እናቕረበ፤ ለይትን ቐትርን ንምምሕያሽ መነባብሮኡ ክተግሁ መታን፤ ድቃስ ክኸልኦም እዩ ዝግባእ፡፡ ናትና ማሕበረሰብ ግን፤ ዘይከምኡ፤ መራሕቱ ክድቕሱ ክራርዎም ኢና እንርእዮ፡፡

ነቶም ብዓንተበኦም እኳ መሰረታዊ ለውጢ ከምፅእ ዝኽእል ሜላን መገድን ክህንድሱ ዘይኽእሉ ተታኽስቲ መራሕቲ፤ “ኣዮኹም ናይና” ዝብል መደንዘዚ (Tranquilizer) እናረቐሮቐ ናብ ንዋም የእትዎም፡፡ እዚ ሕማምና፤ ናይ ሰላም እዋን ጥራይ እንተዝኸውን እኳ ኣመና ኣይምሸፍኣን፡፡ ኣብ ልዕሌና ጥፍኣትን ብርሰትን ኣንፀላልዩ እንተሎ እውን፤ ንመራሕትና ብጣቕዒትን ውደሳን ካብ ምድንዛዝ ዓዲ ኣይወዓልናን፡፡

ህዝቢ ንመራሕቱ ዘይውዳእ ጠለብ እናቕረበ፤ ለይትን ቐትርን ንምምሕያሽ መነባብሮኡ ክተግሁ መታን፤ ድቃስ ክኸልኦም እዩ ዝግባእ፡፡ ናትና ማሕበረሰብ ግን፤ ዘይከምኡ፤ መራሕቱ ክድቕሱ ክራርዎም ኢና እንርእዮ፡፡

ሕዚ ኣብ ትግራይ ዘሎ መሪሕነት፤ ናብ'ዚ ኣቲናዮ ዘለና መዋጥርን ፀበባን ከይንኣቱ ናይ ምክልኻል ሓላፍነቱ ንምንታይ ቀዲሙ ዘይተዋፀአ? ፀላእቲ ናብ ትግራይ ቅድሚ ምእታዎም ዝነበሮ ገምጋም ኩነታት፣ ዓቕምን ምድላውን እኹል ዶ ነይሩ? እኹል እንተዘይነይሩኸ፤ ካብ ዓቕሚ ምውሓድ ድዩ ዋላስ ዕሽሽነት? ጉድለት መሪሕነት ድዩ ወይስ እቲ ዘጋጠመና ክእለ ዘይክእል ሓደጋ ብምንባሩ እዩ? ኢልና ክንግምግምን ክንሓትትን ከም ህዝቢ ኣይፈተንናን፤ ድልየት እውን ኣየርኣናን፡፡

መሪሕነት ትግራይ ካብ በረኻ ናብ መቐለ እንትኣቱ፤ “ሕዚኸ ሕሉፍ ጌጋ ከይድገም እንታይ ኢኹም ክትገብሩ?“ ዝብል ሕቶ ዘይኮነስ፤ ኣዮኻ ናይና ዝብል ጭርሖን ከበሮን ሒዝና ደኣ ተቐበልናዮም፡፡

ንሳቶም እውን፤ ህዝቢ ከምኡ ክሓቶምን ክግምግሞምን ከምዘይክእል ስለዝፈልጡ፤ ግርምቢጥ ንህዝቢ “ተገማገም” ኢሎም ናብ ጎድናዊ ምትፍናን ዓደምዎ፡፡ ንሳቶም ግን፤ ገምጋም እውን ዘድሊ እንተኾይኑ ነንርእሶም እዮም ዝገማገሙ፡፡

እቲ ጉዳይ፤ 'ውድባዊ ጉዳይ' እዩ'ሞ፤ ብውድባዊ ገምጋም ኸኣ ይርእይዎ፤ ኣብ ነንሳቶም፡፡

# ናትና ነገር - ነገር 'ማፍያ' 'ኮዛ ኖስትራ'

ወዲኒታት (ማፍያ) ዓዲ ጥልያን፣ ንርእሶም 'ኮዛ ኖስትራ' ኢሎም እዮም ዝፅውዑ። ጥረ ትርጉሙ 'ናትና ነገር' ማለት እዩ። ሓለቕቶት ናይዚ ስድራ ወዲነታት፣ ነንርእሶም ዝሸማገልሉ 'ኮሚሽን' ኣለዎም። ሓዲኡ ወዲነ እንተበዲሉ፣ ጉዳዩ በዚ ኮሚሽን እዩ ዝረኣይ። ዝቕፃዕ ዝቕፀዐሉ፣ ነቕፈታ ዝገብር ነቕፈታ ገይሩ ይቕረታ ዝግበረሉ --- በዚ ኮሚሽን እዩ። ገበነኛታት ካብ ዓይኒ ሕጊ ተኸዊሎም ነንርእሶም ፍትሒ ክረኽቡ ዝፅዕርሉ መገዲ፣ መገዲ ማፍያ።

መገዲ ገምጋም መራሕቲ ህወሓት እውን፣ ብመሰረቱ ነዚ መገዲ እዚ እዩ ዝኽተል።

ዝሰረቐ፣ ስልጣኑ ተበሊፁ ንወዲ ሓፍቱ ስራሕ ዘቖፀረ --- ወዘተ ገበነኛ፣ ኣብ ክንዲ ብመቕፅዒ ገበነኛታት ኣብ ሕጊ ቐሪቡ ብስሩዕ ዝዳነ፣ ኣብ እንዳ ህወሓት ብገምጋም እዩ ጉዳዩ ዝረኣይ። ወዲነታት እንተእከቡ፣ ልዕሊ ሕጊ ዝኾንሉ ካልእ ሕጊ እዮም ዝፈጥሩ። ኣብ ቅኑዕ መገዲ ሕጊ ደው ክብሉ ዘይክእሉ ገበነኛታት፣ ነንርእሶም ይቕረ ዝበሃሃልሉ ስልቲ ገምጋምን ኮሚሽንን ይሕንፅፁ።

እዚ ውድባዊ ሕማም፣ ምስ'ቲ ብዕሙት ናይ ምድጋፍን ዘይምሕታትን ማሕበረሰባዊ ልምዲ ተሓዊሱ፣ ኣብ ትግራይ ብስሩው ፖለቲካዊ ባህሊ ከጣጥሕ ምኽንያት ኮይኑ ኣሎ።

ስልጣን እንተልዩካ፣ ሰሪቕካ ከምዘይትእሰር፣ ኣጥፊእኻ ከምዘይትቐፃዕ፣ በዲልካ ከምዘይትክሕስ ብተግባር ዝረኣዩ ዘበሉ፣ ሎሚ'ኳስ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ከቢድ ፀገም ጥሒሉ እንተሎ፣ ላምባን ካልእን ክጉሕሉዎ ኣይተሰከፉን። እንታይ ከይመፆም፣ ሃፅ እንተበለ ክግምገሙ እንዳኣ'ዮም።

ናትና ነገር - ከምኡታት እዩ።

# ብልሽውና ናብ ሕብረተሰብ እንትልሑኽ

ሓታቲ ማሕበረሰብ ኣብ ዘይብሉ፣ ልዕልና ሕጊ ኣብ ዘይነገሰሉ፣ መስርሕ ትካላዊ ምፍትታሽ (check and balance) ኣብ ዘይትግበረሉ ዓዲ፣ ብኹሉ መዳዩ ብልሹው ሃዋህው እዩ ዝፍጠር። ሰራቕን ተበላፅን ፖለቲካዊ መሪሕነት ኣብ ዘለዎ ዓዲ፣ ስልጣን ፍልፍል ሃፍትን ካልኣት ሓለፋታትን ኣብ ዝኾነሉ ከም ትግራይ ኣብ ዝኣመሰለ ዓዲ፣ ተበላፅነትን ጉሕለትን ከም ሪም (merit) ዝወስድ ሰብ እናበዝሐ ምኻዱ ኣይተርፍን። ኣብ ኢድካ ዝኣተወ ዕድል ተበሊፅካ፣ ሞራላዊን ሕጋውን ግቡእ ጠንጢንካ፣ ንውልቀ ረብሓኻ ምምዝማዝ ልምዲ እናኾነ ይመፅእ።

ኣብ'ዛ መተዓዛዘቢት ቀጣን ዘበን፣ ኣብ ትግራይ እንርእዮ ዘለና ናይ ገለ ነጋዶ መዝማዛይ ጠባይ እውን ኣካል ናይ'ዚ ንብልሽውነትን ተበላፅነትን ከም ንቡር ናይ ምቕባል ዝንባለ እዩ።

ነዚ ድማ እዩ፣ ኣብዚ ሕዚ እዋን፣ ንጥምየት ተሳጢሑ ቁንጣሮ እኽሊ ክዕድግ ካብ ደገ ንዝለኣኸሉ ቅርሺ፣ 52 ምኢታዊት ቆሪፆም ዝህቡ ናይ ሃረፃ ጎይቶት ንርእይ ዘለና።

ፖለቲካ ማለት፣ ሓሶት ቅጥፈትን ምትላልን ዝመስሎ፣ ብሉፅ ፖለቲካዊ ትንታነ ናይ ሸርሒ ትንተና (Conspiracy Theory) ገይሩ ዝወስድ፣ ንግዲ ድማ ዓዲ ኩቱን ዓዲ ምጨን ኣቲኻ (ዋላ ብምትላል)፣ ከስቢ ምርካብን ምርካብን ጥራይ እዩ ኢሉ ዝርዳእ ሰብ ኣብ ዝሰሰነሉ ዓዲ ኢና ዘለና።

ነዚ ከምዚ ዓይነት ብልሽውነት ክኣልዩ ዝኽእሉ ትካላትን ትካላውነትን ድማ ኣይሃነፅናን። መንግስታዊ ትካላት እሞ ይፅንሑልና፣ ንመሰረታዊ ረብሓ ኣባላተን ዝነጥፋ ናፃ ስቪክ ማሕበራት እኳስ ክነቕውም ኣይከኣልናን።

# ኩለን እንቋቁሖታትና፣ ኣብ ሓንቲ ዘንቢል

ካብ ሕሉፍ ልምድታቱ ክንርእዮ ከለና፣ ህወሓት ውዳበታት ኣዝዩም ዘስግእዎ ውድብ እዩ። ካብ ናቱ ምልክን ቁፅፅርን ወፃኢ ዝኾኑ ውዳበታት ከይፍጠሩ ከይተሓለለ ክሰርሕ ኢና ንርእዮ። ነተን ብስም ጥራይ ንዝተፈላለዩ ክፋላት ማሕበረሰብ ዝውክላ ማሕበራት እውን፣ ኣብ ጓጓኡ ሓቑፉ፣ መፈፀሚ ውድባዊ መደባቱ ገይሩ እዩ ዝጥቀመለን እምበር ነቲ ደው ዝበላሉ ክፋል ማሕበረሰብ ክሕለቓሉን ክሰርሓሉን ናፃ ክገድፈን ኣይመረፀን።

በዚ ምኽንያት ኸኣ፣ ሊግ ደቂ ኣንስትዮ ህወሓትን፡ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ትግራይን፣ ማሕበር መናእሰይን፡ ሊግ መናእሰይ ህወሓትን ብተግባር ከይተፈላለዩ፣ መጋበርያ ናይ ህወሓት ጥራይ ኮይኖም ንረኽቦም፡፡

ህወሓት፣ ንምቑፃርን ምቁፅፃርን ከጥዕሞ፣ ንኹለን እንቋቆሖታት ኣብ ሓንቲ ዘንቢል ይእክበን፡፡ እታ ዘንቢል ከኣ፣ ባዕላ ውድብ ህወሓት፡፡ መንግስታዊ መሓውር፣ ስቪክ ማሕበራት፣ መራኸብቲ ሓፋሽ ኩለን ኣብዛ ዘንቢል ከኣትዋ ተገይሩ፡፡

ኣብ ትግራይ ምትሕውዋስ መሓውር መንግስትን ውድብን እዩ ዘሎ ምባል ነቲ ጉዳይ ምንኣስ እዩ፡፡ ብግብሪ ኣብ ትግራይ፣ ህወሓት ጥራይ እያ ዘላ፣ ካልእ ኩሉ ኣብ ህወሓት ተላዕቂጡ ናተይ ዝብሎ ጨናን ሕብርን ከምዘይህልዎ እዩ ተገይሩ፡፡

ናይ'ዚ ተግባር ሓደገኝነት ኸኣ፣ ብሰንኪ እቲ ዘጋጠመና ወራር፣ ኩሉ ነገርና ሃደሽደሽ ምስበለ ብጋህዲ ተራእዩ፡፡ ልሳንና ተዓፂዩ፣ ዝሕለቐልና ሓደ ትግራዋይ ትካል እኳስ ከንረክብ ኣይከኣልናን፡፡ እታ ከም ኣጋጣሚ ኾይኑ፣ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳራዊ መሓውር ህወሓት ዘይፀንሐት፣ ትግራይ ሚድያ ሃውስ፣ ምስ ብዙሕ ጉድለታታ ኣብ'ቲ ፀልማት እዋን ከንደይ ዝኣክል ዘይትካእ ግደ ከምዝተፃወተት ድማ ልቢ ንበል፡፡

ኣብ ሓንቲ ዘንቢል ዝተኣከባ እንቋቁሖታት፣ እታ ዘንቢል ኣብ ዝተቐደደትሉ መዓልቲ ወይለኣን፡፡ እንቋቁሖታቱ ኣብ ሓንቲ ዘንቢል ዝእከብ ህዝቢ፣ ወይልኡ፡፡

ንኣብነትሲ፣ ንበል እሞ እቲ ሕዚ ዘለናሉ ናይ ቃልሲ ኩነት ብሓደ ወይ ብኻልእ መልክዑ ምስተዛዘመ፣ መሪሕነት ትግራይ ነቲ ሕዚ ዘሎ መንእሰይ ተጋዳላይ ዘበለ ኹሉ፣ ብዘይ ዝኾነ ናይ መጣየሲ ውጥን ከፋኑ (demobilize ክገብር) እንተዝደሊ፣ ማሕበር መናእሰይ ትግራይ ነዞም ተጋደልቲ ተሓሊቑ "ነዚ ውሳነ እዚ ብፍፁም ኣይንቕበሎን፣ እዚ ኣብ ገድሊ ዘሎ መንእሰይና ገሊኡ ትምህርቱ ወንዚፉ፣ ገሊኡ ንግዱ ጠንጢኑ፣ ገሊኡ ድማ ገራሁኡ ፆሙ ኣሕዲሩ ናብ ቃልሲ ዝመፀ እዩ፡፡ ስለዚ ድማ ዝተፈላለየ ጥቕሉል እማመ (packages) ተዳልዮምሉ ብኣግባቡ እዩ ናብ ማሕበረሰቡ ክፅንበር ዘለዎ፡፡ ገሊኡ ናፃ ናይ ትምህርቲ ዕድል፣ ገሊኡ ልቓሕ፣ ገሊኡ ድማ መስርሒ ቦታን ስራሕን ክወሃቦ ኣለዎ --- ወዘተ" ኢሉ ዶ ምተቓወመ ወይስ ነቶም ተጋደልቲ እናኣከበ "ኣንቱም ሓየታት! ኣንትን ወዓሩ! ደጊም ዕማምኩም ወዲእኹም ኣለኹም፡፡ ውድብናን መንግስትናን ---" ኢሉ ነቲ ናይ መራሕቲ ውጥን ናብቲ ተጋዳላይ ከስርፅ ምፈተነ፡፡

መልሱ፣ ፍሉጥ እዩ!

# ኣበይ ዓድኻ? ንመን ትፈልጥ?

ምልካዊ መሪሕነት፣ ኩሉሻብ ኣብ ዓፅመ-ደማዊ ተኣማንነት እዩ ዘድህብ፡፡ ናብ ስልጣንን ሓላፍነትን፣ ሞያውያን ዘይኮነ ዘፀግዕስ፣ ብዝምድናን ፍልጦን ተኣመንቲ ክኾኑ እዮም ንዝብሎም እዩ ዝእከብ፡፡ በዚ ድማ፣ ፖለቲካ ወዲ ኣሚንን ወዲ መንጎን ይፍጠር፡፡

ሞያውነት (professionalism) ጠፊኡ፣ እሙናት ከደምቲ ንኹሉ መሓውራት ይብሕትዎ፡፡ መራሕቶም እንትፅውዕዎም "እነሆኹ ጎይታይ"፣ እንትልእኽዎም "ናበይ እምበይተይ?" ካብ ምባል ሓሊፎም፣ ብርእሰ ተኣማንነቶም ዘፈፅምዎ መደብ የለን፡፡ ርእሰ እምነት ስለዘይብሎም፣ ብባዕሎም ዝውድእዎ ዋኒን የለን፡፡ በዓል ጉዳይ እንትመፆም "ፅባሕ ምፃእ" ምባል ዘብዝሑ፣ ቀልጢፎም ጉዳይ እንተወዲኦም ዝጋገዩ ስለዝመስሎም እዩ፡፡ ኣብ ዘይሞየኦም፣ ብትካቦ ኣብ ዝተዋህቦም ሓላፍነት ከምዘለዉ ስለዝፈልጡ፣ ኩሉሻብ ኣብ ፍርሒ ተዋሒጦም እዮም ዝነብሩ፡፡

ዘረበኦም ከይተረፈ፣ ነቶም ሽመት ዝሃብዎም መቕርባቶም ከመስሉ እዮም ዝፅዕሩ፡፡ ኩሎም 'ካድረታት ህወሓት' ንምንታይ ሓደ ዓይነት ቋንቋ ከምዘውግዑ ዶ ገሪምኩም ይፈልጥ? ምኽንያቱ፣ ናቶም ዝብልዎ ስብእና ስለዘይብሎም፣ ናቶም ዝብልዎ ላዛን ጣዕምን ክህልዎም ኣይኽእልን፡፡ ናይ ኩሎም መደረ፣ ዘይምዘን ዘይጭበጥ ናይ ቃላት ንድቂ ጥራይ ይኸውን፡፡

ንኣብነት፡ ሓደ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኣብ ዓመታዊ ናይ ስራሕ ገምጋሙ ከምዚ ይብል

“ሕዚ እንታይ ኢና ንብል ዘለና፤ ኣብ ዝሓለፈ ንጥፈታትና ዋላኳ ገለ ሓላፍ ዘላፍ እንተነበረ፤ ብሓፈሽኡ ግን ናብቲ ዝነፀርናዮ ሽቶ፤ በቲ ዝተነፀረ ኣንፈት ኣቢልና ክንከደሉ፤ ተሰጣጢምናን ተጎራሪስናን መደባትና ክንዓምም ---” ወዘተ ወዘተ

ብመሰረቱ፤ ሓላፍ ዘላፍ ዝበሃል ግምገማ (appraisal) ብመጠን ዝዕቀን ኣይኮነን፡፡ ክህነፅ ዝግበኦ ዝነበረ ዘይተሃነፀ ጥዕና ጣብያ ድዩ ሓላፍ ዘላፍ? ብኽነት 5 ሚልዮን ቅርሺ ድዩ? ወዘተ

መዝነት ብደመ ዓፅማዊ ዝምድና፤ ሓላፍነት ብውልቃዊ ፍልጦ እንትዕደል፤ ሞያውነት ጠፊኡ ተኣማንነት (ሕሽክርና) ይነግስ፡፡ ሽው ተተሓሒዝካ ትብስብስ፡፡

# ናፍቕ ዘበነ ማእሲ

እቲ ዝምዘን፣ ኣሃዛዊ ርጉፅነት ዘለዎ ገምጋም ዘይምውሳድ ኣብ ፖለቲካና ጥራይ ዝረአ ዘይኮነስ፤ ገለ ማሕበረሰባዊ ባእታ ከምዘለዎ’ውን እርዳእ፡፡ ከም ማሕበረሰብ፤ ንነገራት እንዕዘበሉ፣ እንገልፀሉን እንግምግመሉን መገዲ ካብቲ ሳይንሳዊ መገዲ ኣዝዩ ዝረሓቐ እዩ፡፡ መብዛሕትኡ ነገራትና ግምት እዩ፤ ነቲ ብልምዲ እንፈልጦ እውን፤ ዓቂንናን ፈቲሽናን ሳይንሳዊ ቀመር ኣይነትሕዞን፡፡

ኣብ ቀረባ እዋን፤ ምስ ክልተ ዝተፈላለዩ መሓዙተይ ዘውጋዕናዮም ኣብነታት፤ ከም መብርሂ ክጠቅስ፡፡ እቲ መሓዛይ ንነዊሕ ዓመት ዝኸደላ ቀምቃሚት ፀጉሪ ኣላቶ፡፡ ኣስታት 10 ዓመታት ኣብዚ ስራሕ ፀኒሓ፡፡ ብዙሓት ዓማዊል ኸኣ ኣለውዋ፡፡ እናሰርሐት እንተላ ዓሚል እንተመፂእዋ “ፅንሕ ኢልካ ተመለስ” ትብል፡፡

ከምዚ ክትብል ዝሰምዓ መሓዛይ “ንሓደ ሰብ ቀምቂምኪ፣ ሓፂብኪ ክትውድኢ ብማእኸላይ ክንደይ ደቓቕ ይወስደልኪ?“ ኢሉ ሓቲትዋ፡፡

“እንድዒ ወደይ! እንታይ ኢለዮሞ ክሕዞ?”

ዓሰርተ ዓመታት ኣብዚ ስራሕ ዝፀንሐት እዛ ሰብ፤ ንሓደ ሰብ ኣፀባቢቓ ክትውድእ ክንደይ ከምዝውድኣላ ክትፈልጥ ኣድላይነቱ ተራእዩዋ ኣይፈልጥን፡፡ ‘ፅንሕ ኢልካ’ ምምላስ ድሕሪ ሓደ ደቓቕ እውን ድሕሪ 40 ደቓቕ እውን ክኸውን ከምዝኽእል ኣይበርሃላን፡፡ ወይ እውን ፍልልዩ ኣይተረደኣን፡፡ ክልተ ኣብ ኢዶም ሰዓት ዝኣሰሩ ዓበይቲ ሰባት፤ “ድሓረ ንራኸብ” ዝብል ቆፀራ ሒዞም ኣብ ዝፈላለዩላ ዓዲ፤ እዚታት ዘግርም ከምዘይኮነ ፍሉጥ እዩ?!

ኣብነት ቁፅሪ ክልተ

ምስ ሓንቲ ፅብቕቲ መሓዛይ እናውጋዕና፤ “[ብዙሕ ግዜ ጥዑም ምሳሕ እንበልዐሉ ዝነበርና እንዳ መግቢ ጠቒሰ] ምግቦም ኣይከምቀደሙን” ኢለያ፡፡ በዚ ዝተላዕለ ኸኣ፤ ኣብ ከተማና ፅቡቕ ምግቢ ዝሰርሑ ዝነበሩ ኣብያተምግቢ ኣብ ከይዲ ንምንታይ ይበላሸዎም ኢልና ፈቲሽና፡፡ ዝበፃሕናሉ መልሲ፤ ነቲ ፈላማይ ኣቃምማን ኣከሻሽናን ናይቲ መግቢ፤ ሳይንሳዊ ዓቐን ኣውፂኦም ዘላቒ ክገብርዎ ስለዘይከኣሉ እዩ፡፡ ክልተ ማንካ ክስታይ፤ ኣብ ክንድዚ ዝኣክል ዋዒ፤ በብኽንድዚ ኣፈላላይ እዝን እትን እንትሕወስ ዝብል ኣከሻሽና (Recipe) ክገብርሉ ስለዘይከኣሉ፤ ከሻኒ ብዝተቐየረ ቁፅሪ ጣዕሚ ምግቦም ክቕየር ግድን ይኸውን፡፡

መኸምበቲ ናይ’ዚ ኣብነታተይ፤ መብዛሕትኡ ባህልና፣ ኣነባብራናን ኣሰራርሓናን ምስ ሳይንስ ኣይቃዶን ንምባል እዩ፡፡

እቲ ዘሰክፍ ኸኣ፤ ነዚ ድሑር ሜላ ኣነባብራ ካብ መሰረቱ ንምቕያር ዘለና ድልየት ትሑት ምዃኑ ጥራይ እንተይኮነስ፤ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ድሕረትን ንዕኡ ምኽንያት ዝኾኑ ባእታታትን ንናፍቖን ነፀባብቖን ምዃንና እዩ፡፡ ገለ ገሊኦም ከም ባህሊን ውርሻን ኢልና እንገልፆምን እነቕርቦምን ናውትን ኣተሓሳስባታትን፤ ከሕፍሩና ዝግበኦም ኮይኖም እረኸቦም፡፡

ፃሕሊ፣ ማእሲ፣ ንእዲ --- ገለመለታት፤ ንዓናኮ ክሳብ ሕዚ መናብርትና እዮም፡፡ ሰብ ተኣኪቡ ምንባር ኣብ ዝጀመረሎም ጥንታዊ ክፋላት ዓለም፤ ፃሕሊ ነይሩ፡፡ ቆርበት ብኢድካ ኣልፊዕኻ ለቐታ ምስራሕ ናይ ጥንታዊ ሰብ ጥበብ እዩ፡፡ ንሕና ግን፤ ምህዞ (innovation) ዝበሃል እንዶ ስለዘይብልና ኣብኡ ተሸኺልና ተሪፍና፡፡ እሞ ድማስ፤ ስክፍ ከይበልና ከም ‘ናይ ቀደም’ ባህልና ክነላልዮን ክንኮርዓሉን ህርዲግ ንብል!

ምስ ምግንጋን ብሄራዊ ስምዒታት ተተሓሒዙ ዝመፀ፤ ብሽፉኑ ምፅብባቕ ባህሊን ‘መበቆላዊነትን’ ኸኣ ክተኣታቶ

ንዕዘብ ኣለና። ምስዚ ዝተኣሳሰር፣ ትግራዋይ ብሄርተኝነት ምስ ኦርቶዶክሳዊ ትግራዋይነት ዘላግብ ሓድሽ ዝንባለ እውን ይረኣይ።

ከም ኣነ፣ ንትግራይ ዘዋፅኣ፣ ሳይንሳውነትን ገስጋሳይነትን ዘተባብዕ፣ ኢ-ሃይማኖታዊ (ሴኩላር) ብሄራውነት እዩ።

ህወሓት ኩሉ ነገር ፈሪስዋ እትሕዞን እትጭብጦን ምስሰኣነት እያ፣ ከይሓሰበቶ ነቲ ከም ፀቢብነት ክትነፅጎ ዝፀንሐት ትግራዋይ ብሄራውነት 'ጨቢጣቶ' ዘላ። ከምቲ፣ "ካብ ዝፀድፍ ቆንጠፍጠፈ ይሓቁፍ" ዝበሃል።

እንተዘይኮይኑ፣ ሓንቲ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዘይብላ ቁሸት እናነበረ፣ ኣርባዕተ ቤተክርስትያናት ዝሃንፅ ገባር ሕብረተሰብ ኣብ ዘለዎ ዓዲ፣ ሒሳብን ፊዚክስን ኣምሪሩ ዝፀልእ 'ጋብር ጨዳር' ዝብል ከናቲራ ኣሐቲሙ ክዘውር ዝውዕል መንእሰይ ከተመታይ ኣብ ዝበዝሓላ ዓዲ፣ ኣብ ሕድሕድ ከተማታት ናይ ሓፂን መስቀል ምትካል ዓብዩ 'ፕሮጀክተን' ዝገበራ ሃይማኖታዊ ማሕበራት ኣብ ዝሰሰናላ ዓዲ፣ ነዚ ድሕረትን ድንቁርናን ዘራጉድ ካልእ ሸከም ሒዙ ዝመፅእ ፖለቲካዊ ልሂቕ፣ ዕዳ እዩ።

## ንምዕሟቕ ዝኣክል

ሕብረተሰብና፣ ብሓደ ወገን ብድሕረትን ድንቁርናን ተሓሊኹ፣ ብኻልእ ወገን ድማ ኮነ ተባሂሉ ብፖለቲካዊ ንድፊ (by design) ፣ ዘይሓትትን ፖለቲካዊ ተሳትፎኡ ልሙስን ክኸውን ተገይሩ። ረብሓታቱ ከየለለየ፣ ብሄራዊ ባህጉ ከይነፀረ፣ ናበይ ይኸይድ ከምዘሎ ከይፈለጠ፣ ኣብ ዕንይንይ እዩ ዘሎ።

ደንበ ተቓውሞ ትግራይ፣ ቀንዲ መግለፂኡ በሃርነት (elitism) ኮይኑ፣ ኩሉ ምንቅስቓሳቱ ኣብ'ቲ ዝተምሃረን ብቐረባ ክርከብ ዝኽእል ምሕዝነታዊ ዓንኬላት ዝደረኸ እዩ። ንሓፋሽ ክውድብን ከለዓዕልን ተበግሶ ኣይረኣዩን። መብዛሕተኦም ፖለቲከኛታት ደንበ ተቓውሞ፣ ፖለቲካ ናይ ትርፊ ሰዓት ስርሖም ስለዝኾነ፣ ዋላ ዝኾነ ዓወት እንተየመዝገቡ ንዓመታት እንተዝቕፅሉ ዝከሰሩ ኣይመስሎምን።

እንዳ ገዛኢ ውድብ፣ ህወሓት ብእምነታን መርገፂኣን እንተመዚንናያ፣ ኣብ ትግራይ ካብ እትመውት ነዊሕ ገይራ። እቶም ደው ዝበለትሎም መትከላት ኩሎም ሃደሽደሽ ኢሎምዋ። ማዕርነታዊ ኢትዮጵያዊ ሓድነት፣ ሕገመንግስቲ፣ ህንፀት ኢትዮጵያዊ ሃገራውነት፣ ወዘተ ኹሉ ፈሪሱዋ።

ህወሓት ኩሉ ነገር ፈሪስዋ እትሕዞን እትጭብጦን ምስሰኣነት እያ፣ ከይሓሰበቶ ነቲ ከም ፀቢብነት ክትነፅጎ ዝፀንሐት ትግራዋይ ብሄራውነት 'ጨቢጣቶ' ዘላ። ከምቲ፣ "ካብ ዝፀድፍ ቆንጠፍጠፈ ይሓቁፍ" ዝበሃል። ካብ ሃው ዝበለ ፀድፊ ዝወደቐ ሰብ፣ ኣብ ምንቁልቋሉ ቆንጠፍጠፈ ድዩ ዳንዴር ብዘየገድስ፣ ካብ ምዕዳፍ የድሕነኒ እዩ ዝብሎ ቆፅልን ሱርን ምጭባጡ ኣይተርፎን። ኣብዚ እዋን፣ ንህወሓትን መራሕታን ዝገልፆም ህዝበኝነት (populism) ጥራይ እዩ፣ ንህዝቢ የሐጉስ እዩ ዝብልዎ ኹሉ፣ ሕሉፍ ፖለቲካዊ መርገፂኦም ብዘየገድስ፣ ዋላ'ውን ነንርእሱ ዝጋጮን ዘይቃዶን ሓሳባት እናቓረሙ እዮም ዝጓዓዙ ዘለዉ።

ኣብ እንዳ ህወሓት ዘይተቐየረ ነገር እንተሎ፣ ብቐንዱ ምልካውነት እዩ። ፀፍሒ ስልጣንን ውሳነ ወሃባይነትን፣ ዝገደደ ናብ ኢድ ኣዝዮም ውሑዳት ውልቀሰባት ወዲቑ'ሎ።

ትግራይ፣ ብሓደ ወገን ግሁድ ደጋዊ ወራሪ ፀላኢ ክጭፍልቓ ይህንደድ ኣሎ። ኣብ ውሽጣ ድማ፣ ንዘበናት ዝተዓቐረ ድሕረትን በሃምነት ፖለቲካዊ መሪሕነትን ሓሊኽዋ ኣብ ዕንይንይ እያ ዘላ።

ሕብረተሰብና፣ ብሓደ ወገን ብድሕረትን ድንቁርናን ተሓሊኹ፣ ብኻልእ ወገን ድማ ኮነ ተባሂሉ ብፖለቲካዊ ንድፊ (by design) ፣ ዘይሓትትን ፖለቲካዊ ተሳትፎኡ ልሙስን ክኸውን ተገይሩ።



# ትግራይ

## ኣብ ሞንጎ ኮኾሕን ጭቃን!

ወዲ ኣሉላ

ትግራይ ኲናት፣ ድርቂ፣ ጥሜትን ስደትን መባልይታ ክሳብ ዝመስሉ ዘበን መፀ ይረባረቡላ ኣለው። እዞም ብዘይ ቆፀሮ በቢግዚኡ ቦኽ ዝብሉ ፀገማት ብብሕትን ብልፍንትን እናተባረዩ ህዝቢ ትግራይ ግዳይ ዘይዛሪ መከራ ጌርምዎ እዮም። ቅሳነት፣ ሩፍታ፣ ዘላቒ ሰላም፣ ልምዓት፣ ዴሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ምችው ናብራ ዝበሉ ዝበዝሕ ወዲ ኣዳም ዝወነኖምን ዝነብሮምን ፀጋታት ኣብ ጓጓ ትግራይ ደሊኻ ኣይርከቡን።

ዝበዝሕ ህዝቢ ዓለም ጨና ባሩድ ካብ ዘጨኑ ወሎዶታት ሓሊፎም። ኣብ ኣዝዩ ዝበዝሕ ኩርናዓት እዛ ፕላኔት ጥሜት ታሪኽ ኮይኑ እዩ። ድርቂ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣብ ውሑዳት ዘይኮኑ ዓድታት ዋላ'ኳ ዘጋጥም እንተኾነ፣ ኣብ ሰብን እንስሳን ዝኸፍአ ሓደጋ ከየስዐበ ምቁፅፃር ዝከኣለሉ ተኽእሎ ካብ ዝብፃሕ ዓመታት ሓሊፎም። ስደት እውን ኣብ ዝበዝሑ ሃገራትን ህዝብታትን ዝርአ ኣይኮነን።

ኣብ ሓደ ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ ትግራይ ማእኸል ስሕበት ስልጣነ እዚ ኸባቢ፤ ሓያል ተዋሳኢትን ፀላዊትን ዓለማዊ ንግዲ ነይራ። እዚ ብጠንካራን ዘላቕን ስርዓተ መንግስቲ፣ ዱልዱል ሰራዊት፣ ሃፍታም ቁጠባን ውዕውዕ ንግድን ዝተሰነየ ኔሩ። ኣብቲ እዋን ሰፊሕ ግዝኣት፣ ገዚፍ ወተሃደራዊ ዓቕሚ፣ ምስ ዓበይቲ ዓድታት ዝመዓረረ ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ ዝሃነፀ መንግስቲ ነይሩ።

ትግራይ ቅድሚ ዘበናት ዝሃነፀቶ ስርዓተ መንግስቲ ይኹን ኣብቲ እዋን ዝበፀሐቶ ብርኪ ስልጣነ ካብ ዝሃስስ ነዊሕ ግዜ ኮይኑ። ብርኪ ስልጣንኣ ካብ ዘርኣዩ ሓድግታት ማለት እውን ሓወልቲታት፣ ካብ ከውሒ ተነዲሎም ዝተሰርሑ ኣብያተ ክርስትያናት፣ ናውቲ ሕርሻ፣ ሳናቲም፣ ብራናታት ወፃኢ ሐዘ ዘላቶ ብርኪ ምዕባለ ይኹን ማሕበረሰባዊ ቅርፂ ምስ ናይ ዘበነ ኣኽሱም ዝሳነ ኣይኮነን። ትግራይ ኣብ ዘበነ ኣኽሱም ካብ ዝነበራ ብራኽ ኣንቆልቂላ ኣብ ኣዝዩ ዝኸፍአ መሃሙቕ ድኽነት ትርከብ።

ኣብ ዘበነ መንግስትነት ንጉሰ ፅዮን ሃፀይ ዮሃንስ ንሓፂር እዋን ዝፀንሐ ምብርባር እኳ እንተተርኣየ፡ ነዊሕ ዝሰጎመ ኣይነበረን፤ ሰኣን ኣዞ ብሓፂሩ ተቐፅዩ። ነዚ ስዒቡ ድማ ትግራይ ግዝኣታዊ ሓድነታ ተገማሚዑ፣ ብሄራዊ ሰምረት ህዝብና ናብ ሓደጋ ኣትዩ፣ ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን ዓቕምታትና ክለምሱ ተሰሪሑ። ነዚ ብሄራዊ ውርደት ካብ እንግድዓ ህዝብና ንምቕንጣጥ ተጋሩ ግዜን ኩነታትን ምፅባዮም ኣይተረፈን። ኮይኑ ድማ ቀዳማይ ወያነ ትግራይ ኣብ 1930ታት ኣብ ብዙሓት ካባቢታት ትግራይ ተባሪዑ። ይኹን እምበር ቃልሲ ቀዳማይ ወያነ ብዙሕ ከይሰለጠ ብናይ ውሽጢን ግዳምን ውቅዒት ደው በለ። ድሕሪ ናይ 30 ዓመት ፃንሒት ዝተወልዐ ዳግማይ ወያነ ድማ ንዘበናት ህዝቢ ትግራይ ዘላደይዎ መዋቕራዊ ፀገማት ክፈትሕ፣ ህዝብና ናብ ዝግበኦን ዝምነዮን ብራኽ ክደይቦ ተሰፋ ዝተነበረሉ ቃልሲ ኔሩ። እዚ ሂወት ልዕሊ 60,000 ጀጋኑ ኢሉ እውን ኣካል ኣማኢት ኣሽሓት ተጋሩ

ዝተገበረሉ ክባር ቃልሲ፣ ስርዓት ደርጊ ብምስዓር ተዛዚሙ። ከቢድ ዋጋ ዝተኸፈሎ ቃልሲ፡ ንዘበናት ዝፀንሑ ህዝቢ ትግራይ ግዳይ ኲናት፣ ሞት፣ ጥሜት፣ ስደትን ብሄራዊ ውርደትን ዝገበርዎ ፀገማት ካብ ስሮም ዝነቅል ስርዓት ክተኽል ተስፋ ኔርዎ። ኮይኑ ግና ባህጊ ህዝቢ ትግራይን ዕላማን ድሌትን ፖለቲካዊ ስልጣን ዝዓተረ ሓይልን ፈፂሙ ዝሳነ ኣይነበረን።

እቲ ንልዕሊ ርብዒ ክፍለ ዘበን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ናይ ሰነ ሓሳብ (ideology) መሓዙቱ ስልጣን ዝዓተረ ሓይሊ ብሄራይ ዕላማ ይኹን ባህጊ ኣይነበሮን። ትግራዋይ ልኻዩ በኒኑ ናብ ኢትዮጵያዊ ገዛኢ ሓይሊ ብቐፀበት ተለዊጡ። ትግራይ ብውሽጣዊ ዓቕማ፣ ናይ ምልማዕ ድልየታን ተኽእሎኣን ልክዕ ከይተዓቢ ጅሆ ተታሒዛ። ንነዊሕ እዋን ብገዛእቲ ኢትዮጵያ ዝበፅሓ ስርዓታዊ ምዅናይን ምስ ደርጊ ዝተገበረ ነዊሕ ግዘ ዝወሰደ ኲናትን ተደሚሩ ትግራይ ኢኮኖሚኣ ዓንዩ እዩ ኔሩ። ስለዚ ንህንፀትን ሕውየትን ትግራይ ፍሉይ ትኹረትን ገዚፍ ሃፍትን ዘድሊ ዋላ'ኳ እንተነበረ፤ ነዚ ንምፍፃም ዝግድሾ መሪሕነት ስለዘይነበረ ተደራረብቲ ፀገማት ክቐፅሉ ባይታ ተመዓራርዩ። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኣወጀ ኲናት ዘርኢ ምፅናት ይኹን ይፍፀም ዘሎ ገበን ዘርኢ ምፅናት ናይቲ ንዝሓለፉ ሰለሳ ዓመታት ዝነበረ ጉጉይ ፖለቲካዊ ከይዲ ውፅኢት እዩ። እዚ ብኽልተ መልክዕ ክረኣይ ይኽእል እዩ።

እቲ መሰረታዊ ምኽንያት ህወሓት ካብ ፀጋማዊ ኣተሓሳስብኡ ዝብገስ ወያናይ ዴሞክራሲ ሰነ ሓሳብ ብሄራዊ ረብሓን ህልውናን ትግራይ ባሊህ ዝብል ኣይነበረን። ስለዚ በቲ ሓደ ወገን ኣብ ኢትዮጵያ ዘወጠኖ ለውጢ መሰረታዊን መዋቕራዊን ፀገማት እታ ሃገር ዝፈትሕ ኣይነበረን፤ ብኻልእ ሸነኽ ድማ ቅድሚት ሰሪዑ ዝቃለሰሉ ዛዕባ ደርባዊ ረብሓ ምርግጋፅ እምበር ብሄራዊ ጥቕምን ህልውናን ስለዘይነበረ፣ ብሄራዊ ረብሓ ትግራይ በዓል ዋና ዘይብሉ ክተርፍ ክኢሉ። ብኻልእ ወገን ድማ ኣብታ ሃገር ዝነበረን ዛጊድ እዉን ዝቕፅል ዘሎን ኣብ ሞንጎ ብሄራት ዘሎ ናይ ባህጊ፣ ስልጣነ፣ ታሪኽ ፍልልይ ዘስዕቦ፤ ኢትዮጵያ ከም ሃገር ዘቐፅላ ናይ ምሕደራን ስርዓትን ዓይነት ብዘይ ምንባሩን እዩ፡፡ በዚ መሰረት ካብ ምንፃል ክሳብ ሓንቲ ኣሃዳዊት ሃገር ዝደልዩ ተፃባእቲ ብሄራትን ፖሎቲካዊ ሓይልታት ዘለውዋ ኢትዮጵያ ብስርዓት ኢህወዴግ ዝተኣታተወ ሓዱሽ ስርዓት ፌደራሊዝም ዘቐፅል ዱልዱል ማሕበራዊ መሰረት ኣይነበራን፡፡ በዞም ሓይልታት ናይቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ፖለቲካዊ ሓይሊ ማሕበራዊ መሰረት ህዝቢ ትግራይ ተጌሩ ስለዝተሰርዐ፡ ግዳይ ጥቕዓት፣ ፀለመን ምዅናይ ኮይኑ፡፡ ናይዞም ክልተ ተመጋገብቲ ፀገማት ውፅኢት ድማ ንወራር ዝተቓልዐትን ድኽምትን ትግራይ ክትፈጠር ክኢላ። ህልውንኣ እተውሕሰሉ ጠንካራ ናይ ድሕንነትን ፀጥታን ሓይሊ ዘይብላ፣ ትንፋስ ቁጠባኣ ምስ ኣዲስ ኣበባ ዝተለቆመ፣ መሰረታዊ መሰረተ ልምዓታትን ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላትን ንፌዴራል መንግስቲ ዘህገረት፤ ኮታስ ህልውንኣ ብናይ ኣዲስ ኣበባ ቆለን ኣብ ‹ ኣራት ኪሎ› ብዝሰፈረ በዓል ማህተም ዝወሰነ ድኽምትን ፅግዕተኛን ትግራይ ተፈጢራ።

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኣወጀ ኲናት ዘርኢ ምፅናት ይኹን ይፍፀም ዘሎ ገበን ዘርኢ ምፅናት ናይቲ ንዝሓለፉ ሰለሳ ዓመታት ዝነበረ ጉጉይ ፖለቲካዊ ከይዲ ውፅኢት እዩ። እዚ ብኽልተ መልክዕ ክረኣይ ይኽእል እዩ።

ብኻልእ መዳይ ትግራዋይ ብፍሉይ ኣብ ኩለ መዳያዊ ዓውድን ንጥፈትን እታ ሃገር እናተገለለ፣ ሽሙ እናጠፍአ፣ ንብረቱ እናተራሰየ፣ እናተቐጥቐጠን እናሞተን ዝከላኸለሉ፣ ዝሕልዎን ዝሕለቐሉን ሓይሊ ኣይነበረን። እቲ ምስ ናይ ደርቢ መሓዙቱ ኣብ ስልጣን ዝነበረ ህወሓት፡ በደልን ግፍዕን ተጋሩ ዘቕንዝዎ ኣይነበረን። ነዚ ሓቂ ዘብርህ 2008 ኣ.ግ ኣብ ጎንደር ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝተፈፀመ ግፍዓዊ ተግባር ምርኣይ እኹል እዩ። ኣብቲ እዋን ኣማኢት ኣሽሓት ተጋሩ ንብረቶም ተሰሪቖን ተቓፂሉን ካብ ጎንደር እንትባረሩ፣ መሪሕነት ህወሓት ነዚ ግናይ ተግባር ብስውርን ቅሉዕን ዘሳወረ ብኣዴን (ናይ ሎሚ ብልፅግና) ይከላኸል ኔሩ። መራሕቲ ህወሓት ካብ ሞት፣ ስደትን ንብረት ምስኣንን ተጋሩ፤ ናይ ብኣዴን ስም ምጥፋእ ኣቀጢዕዎም «ብኣዴን ክወቀስ የብሉን» ፣«ኣብ ኣምሓራ ዘሎ ትግራዋይ ዘድሕኖ ሓው ውድብ ብኣዴን እዩ» ክብሉ ኣብ ኣደባባይ መዲሮም። ብድምር መሪሕነት ህወሓት ናይቲ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተፈፀመ ዘርኢ ምፅናት ዓቕምታት ብምፍጣር ማለት እውን መከላኸሊ ሰራዊት፣ ፖለቲካዊ ሓይሊ ብምውዳብ (እቲ ናብ ብልፅግና ዝተለወጠ ኢህወዴግ)፣ ካልኦት ኣብ ገበን ዘርኢ ምፅናት ትግራይ ኢዶም ዝሓወሱ ኣካላትን ትካላትን ኣብ ምፍጣርን ምጥንኻርን ርኡይ ተራ ዝተፃወተ ውድብ ምኧኑ ግሁድ እዩ።

ካብ ፅባሕ ሃገራዊ መረፃ 2007 ዓ/ም ኣብ ኢትዮጵያ እናተጎሃሃረ ዝመፀ ዓመፅ፡ ዒላምኡ ተጋሩ ምጥቃዕ እንተነበረ እውን፤ ናይቲ ዓመፅ ዛዕባ ይኹን ናይቶም ዓመፅ ዝመርሑ ኣካላት ድልየት 'ስርዓት ምፍራስ እዩ' ዝብል ሓውላል ርድኢት ዝሓዘ መሪሕነት ህወሓት ተጋሩ ግዳይ እቲ ስርዓት ክኾኑ ፈሪድሎም። ካብ ሃለዋትን ድሕንነትን ተጋሩ፣ ቀፃልነትን ህልውናን እቲ ኣብ ኣራት ኪሎ ዘቕሞ ስርዓት ዘቐድም ውድብ ስለዝኾነ ሂወትን ንብረትን ተጋሩ ብሓይልታት ‹ኦሮ-ማራ› ኣብ ሓደጋ ወዲቑ፣ ተጋሩ ብፅሑልና ኢሎም እንተእውዩ ዝሰምዕ ሓይሊ ኣይነበረን። ተጋሩ ኣብ ኣምሓራን ውሱናት ከባብታት ኦሮሚያን ኩሉ ዓይነት ጥቕዓት እንትበፅሖም ዘራይ፣ ሓላዊን ደጀንን ዝኾኖም ስርዓትን ወገንን ተሳኢኑ።

ብናይ ህወሓት ተሸማጋላይን ማሕበረሰባዊ መሰረቱ ዘዋርድን ባህሪ ዝተተባብዑ፤ ብዓመፅን ፖለቲካዊ ድኽመት ህወሓትን ናብ ስልጣን ዝደየቡ ሓደሽቲ ገዛእቲ ኣራት ኪሎ እቲ ኣብ ኣምሓራ ዝጀመርዎ ትግራዋይ ናይ ምግፋዕ ተግባር ሓፍ ከብልዎ ወጢኖም። ነዚ ስዒቡ ናብታ ቅድሚ 27 ዓመት ናብ ሽዋ ገዲፍዋ ዝኸደ ትግራይ ዝተመለሰ መሪሕነት ህወሓት፣ ነቲ ዝመፅእ ዝነበረ ህዝቢ ትግራይ ናይ ምጥፋእ ሓደጋ ኣለልዩ ነዚ ዝምጥን ምድላው ክገብር ኣይከኣለን። ኣብ ውሽጣዊ ጉጅለኣዊ ሕቱኽቱኽን ደምበርበርን ዝተፀመደ ገለ ኽፋል መሪሕነት እቲ ውድብ ነቲ ዓይኑ ፈጢጡ ዝመፅ ሓደጋ ተኾርምዩ ይፅበ ኔሩ። ውሱን ክፋል መሪሕነት ህወሓት ድማ ምስቶም ንፅንተት ትግራይ እጅግኦም ዝኸበሱ ሓይልታት ተመሓዝዮም ይሰርሑ ኔሮም። ደሚርካ እንትርእ፡ መሪሕነት ህወሓት ዓርሳ ዘይትከላኸል ድኽምቲ ትግራይ ብኸይዲ ብምፍጣር ይኹን፣ ስልጣን ተመንዚዑ ካብ ኣራት ኪሎ ምስተባረረ እውን ካብቲ ዝመፅእ ዝነበረ ሓደጋ ዝከላኸል ሓይሊ ብዘይምድላውን ገለ ኽፋሉ ድማ ኣካል እቲ ዘርኢ ምፅናት ዝፈፀመ ሓይሊ ብምኳንን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ታሪኻዊ ገበን ፈፂሙ እዩ።

ጠባራይን ብስርውን ባህሪ መሪሕነት ኣፀቢቕም ዝተረድኡን በዚ ዝተደፋፈሩን ፀላእቲ ፣ ጥቅምቲ 24/2013 ዓ/ም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ቅሉዕ ወራር ምፅናት ዘርኢ ኣዊጆም። ነቲ ወራር ዝከላኸል መንግስታዊ ናይ ፀጥታ ትካል ስለዘይነበረ፣ ትግራይ ኣብ ሓፂር እዋን ኣብ ኢድ ጨካናት ወረርቲ ወዲቓ። ነዚ ስዒቡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኩሉ ዓይነት ግፍዒ ወሪዱ። ኣማኢት ኣሽሓት ተቐቲሎም፣ ሚልዮናት ተመዛቢሎም፣ ዓሰርተታት ኣሽሓት ናብ ሱዳን ተሰዲዶም፣ ብዙሓት ኣሻሓት ደቂ ኣንስትዮ (ህፃውትን ዓበይቲ ኣደታትን ሓዊሱ) ተደፊረን፣ ሃፍትን ጥሪትን ትግራይ ተወሪሩን በሪሱን። ትግራይ ኣብ መዋእላ ገጢሙዋ ዘይፈልጥ በደልን ሪኣቶ ዘይትፈልጥ ውርደትን ጎኒፍዎ። ብሓፈሻ ሓይልታት ኣምሓራ፣ ስርዓታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ምስ ናይ ቀረባን ርሑቕን ሓገዝቶም ኮይኖም ኣብ ትግራይ ገበን ዘርኢ ምፅናት (ጀኖሳይድ) ፈፂሞም፣ ክሳብ ሐዚ እውን ኣይዛረየን።

ብሰሪ ጎላው ኣጠማምታ መሪሕነት ህወሓት ንፅንተትን ብርሰትን ዝተቓልዐት ትግራይ፣ ካብቲ ዘጋጠማ ንምውፃእ ምቅላስ ግድን ነይሩ። በዚ መሰረት ህዝቢ ትግራይ ግፍዒ ፀላእቲ ተሰኪሙን ክኢሉን ዝቐዝም ሰለዘይኮነ፣ ደቁ ኣዕጢቑን ኣስኒቑን ቃልሱ ኣባርዐ። እዚ ኣብ መላእ ትግራይ ብተመሳሳሊ ናህርን ወነን ዝተወለዐ ህዝባዊ ቃልሲ፤ ብዘይ ዝኾነ ኣፈላላይ ኩሉ ትግራዋይ ዝተሳፈረሉ ቃልሲ ተወሊዱ። ናይዚ ቃልሲ በዓል ዋና፣ መራሒ፣ ናይ ዕጥቅን ስንቅልን ፍልፍል ህዝቢ ትግራይ እዩ። ስለዝኾነ ኣብ ደገን ዓድን ዘሎ ትግራዋይ ኣብቲ ህዝባዊ ቃልሲ ረጊጉ፣ ብኩሉ መዳያዊ ኣገባብ ቃልሲ የዋድድ ኔሩ። ናብ በረኻታት ትግራይ ብዘይ ዝኾነ ጎስጓስ ዓሰርታት ኣሽሓትን ልዕሊኡን መንእሰይ ውሒዙ፣ ኣብ ከተማታት ዘሎ ነበራይ ብህዝባዊ እምቢታ ፀላእቲ ዕረፍቲ ክስእኑ ምግባር ጥራሕ ዘይኮነስ ፍልፍል ሎጂስቲክስ ኮይኑ፣ ኣብ መዳይ ዲፕሎማሲ ድማ ዲያስፖራ ትግራይ ዘይትካእ ግደ ተፃዊቱ እዩ። ብሓፈሻ ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ እዛ መሬት ዝነብር ትግራዋይ ዝተረባረበሉ፣ ኩሉ ብዓቕሙን ተኽእልኡን ልክዕ ዝዓመመሉ፣ ኣዝዩ ውሁዱን ዝናበብን፣ ዝያዳ ስሙርን ዕውትን ህዝባዊ ቃልሲ ተወጊኑ። ከም ውፅኢቱ ድማ ፀላእቲ ካብ ክፋላት ትግራይ ብሓይሊ ተሸኺኖም።

ትግራይ ድሕሪ ዝበፅሓ ውርደትን ብርሰትን ብቐንዱ ብዝተፈፀማ ገበን ዘርኢ ምፅናት፣ ፀላእቲ ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ትግራይ ተሳዒሮም ምስ ወፁ መፃኢኣ ክተነፅር ይግባእ ኔሩ። ይኹን ብእንግድዓ መናእሰይ ትግራይ፣ ብመስዋእቲ ተጋደልቲ ትግራይ ናብ ስልጣን ዝተመለሰ ህወሓት ነዚ ክገሃድ ዝፈቅድ ኣይነበረን። እቲ ህዝባዊ ቃልሲ ንምብሓት ብዝወሰዶ ስጉምቲ ኣብ ህዝብና ተፈጢሩ ዝነበረ ሕራነን ወነን ማይ ክዒውሉ፣ ኣብ ሰራዊትና ዝነበረ ውህደትን ስምረትን ዘሪጉዎ፣ ኣብ ማሕበረሰብ ዓለም ቃልስና ረኺብዎ ዝነበረ ትኹረትን ድጋፍን ድማ ተኸቢሱ። ህዝባዊ ቃልስና ህዝባዊ ባህሪኡ ሃሲሱ፣ ዕላምኡ ድማ ካብ ምግሃድ ሃገርነት ትግራይ ናብ ምቕፃል ማዕርነታዊ ሓድነት ኢትዮጵያ ዝብል ዕላማ ህወሓት ብምልዋጥ ናይ ዕላማን ተልእኾን ምፅባእ ኣብ መንጎ ህዝብን መሪሕነት ህወሓትን ተፈጢሩ። ስለዚ ፍትሓዊ፣ ቅቡልን ህዝባውን ቃልስና መልክዑን ባህሪኡን ብምልዋጥ ውድባዊ ሕብሪ ተለኺዩ፤ ካብ መሓዙት ሃገራትን ኣካላትን ክርከብ ዝነበረ ድጋፍ ማይ ንማይ ተሪፉ። ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ብዓይኒ ማሕበረሰብ ዓለም ውድባዊ ሰራዊት ተጌሩ ክሰኣል ተጌሩ።

ፀጋማዊ ስነ ሓሳብ ዝተሓንገጡ ሓይልታት ብዕጥቂ ቃልሲ ወይ ብዓመፅ ናብ ስልጣን ምስ ዝመፁ ኣብ ገፊሕ ፖለቲካዊ ምፅራይ እዮም ዝፀመዱ:: ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ሙሉእ ቁፅፅሮም ንምእታዉ ፀላእቲ ኢሎም ንዝበየንዎም ክፋላት ማሕበረሰብ ብዘይ ፍርዲ ምቕታል፣ ምእሳር፣ ምምዝባል፣ ናብ ግዱድ ጉልበት ስራሕ ምእታውን ምፅላምን እዮም ዝወፍሩ:: ንኣብነት 1945 ዓ/ም/ፈ ፀኒሑ ድማ 1954 ዓ/ም/ፈ ኣብ ሰሜን ቬትናም ስልጣን ዝዓተረ ብሆ ቺ ሚን ዝምራሕ ቬት ሚን (Viet Minh) ዝበሃል ናይ ፀጋም ውድብ ልዕሊ ኣርብዓ ሽሕ ቬትናማውያን ብምቕታል፣ ኣማኢት ኣሻሓት እንትኣስር፣ ካልኦት ኣማኢት ኣሽሓት ክስደዱ ጌሩ እዩ:: ብኣ/ፈ 1948 ኣብ ሰሜን ኮርያ ስልጣን ዝሓዘ ብኪም ኢል ሶንግ ዝምራሕ ኮሚኒስታዊ ሓይሊ እዉን ዓሰርተታት ኣሽሓት ብምቕንፃል፣ ኣማኢት ኣሽሓት ክእሰሩን ክስደዱን ብምግባር ይፍለጥ:: ድሕሪ ሞት ናይ መጀመሪያ መራሒ ሶቭየት ሕብረት ሌኒን ናብ ስልጣን ዝደየበ ስታሊን ሚልዮናት ብምቕታል፣ ልዕሊ 2.5 ሚልዮን ዜጋታት ሶቭየት ድማ ጉላግ ኣብ ዝበሃሉ መሳቐይቲ ማእኸላት ብምእሳር ኣብ ስልጣን ንልዕሊ ርብዒ ክፍለዘበን ክፀንሕ ክኢሉ እዩ:: መራሒ ኮሚኒስት ፓርቲ ቻይና ማኦ እዉን ብተመሳሳሊ ኣብ 1949 ዓ/ም/ፈ ናብ ስልጣን ምስ ወፀ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ዜጋታት እታ ሃገር ጨፍጪፉን ካልኦት ሚልዮናት ኣሲሩን እዩ:: ኣብ ዓለም ናብ ስልጣን ዝመፁ ናይ ፀጋም ሓይልታትን ውድባትን፤ ኣብ ስልጣን ንምዝላቕን ህዝቢ ኣርዒዶም ንምግዛእን ማእሰርትን ቕትልትን ከም መሳርሒ ይጥቀሙ::

ኣብ መወዳእታ ሰነ 2013 ዓ/ም ብኢደ ወነኑ ናብ ስልጣን ዝደየበ መሪሕነት ህወሓት እውን ምልካዊ ባህሪኡ እግሪ ንምትካል ናብ ሰፊሕ ፖለቲካዊ ጎስጓስ እዩ ኣትዩ:: ፀላእቲ ካብ ዝሓዝዎም ከባቢታት ትግራይ ወፃኢ ኣብ ዘለው ክፋላት ትግራይ፤ ናብ ገፊሕ ፖለቲካዊ ገምጋምን ምጥቑቛምን ብምእታዉ፣ ህዝብና ግዳይ ማእሰርቲ፣ ናይ ገንዘብን ንብረትን መቕፃዕቲ ኮይኑ:: ፀላእቲ ብዘወልዕዎ ኲናት ዘርኢ ምፅናት ኩሉ ዓይነት ኪሳራን ዕንወትን ዝበፅሖ ህዝቢ ትግራይ፣ ኣብ ክንዲ ደበስን ሕውየትን ንብዙሓት ፀገማት ተቓሊዑ:: መንግስቲ ብምፍራሱ ኣብ ዉሽጢ ትግራይ (ሓራ ዝወፁ ክፋላት ትግራይ)፣ ዘይሕጋውያን መሓውራትን ኮሚቴታትን ቆይሞም:: መዓልታዊ ተግባራቶም ድማ ህዝቢ ምብዝባዝ፣ ምእሳርን ምቕፃዕን እዩ:: ህዝብና ንዝተፈላለዩ ጉዳያት ካብ ዘዋፅኦ ልዕሊ ዓቕን 'መዋጮ' ብተወሳኺ ናይ መዳበሪያ ዕዳ ጥሪቱ ሸይጡ ክኸፍል ይግደድ ኣሎ::ኣብ ከተማ ዝነብር ህዝብና እውን ብተመሳሳሊ ንብረቱን ህይወቱን ዝሕልወሉ ናይ ፀጥታ ሓይሊ ስለዘየለ ግዳይ ስርቕን ኣካላዊ መጥቃዕትን ይኸውን ኣሎ::

ፀላእቲ ካብ ዘንበርዎ ክባን ዘስዕቦ ዘሎ ሰብኣዊ ህልቂትን ብተወሳኺ ኣብ ትግራይ ዘሎ ሃፍቲ ብኣግባቡ ብዘይምምሕዳር ዝጋደዱ ዘለዉ ፀገማት ማእለያ የብሎምን:: ባንክን ስርዓት ፋይናንስን ኣብ ዝተዓፀወሉ እዋን፣ ነጋዶ ብዘይ ሓታቲ ዋጋ መሰረታውያን ሸቐጣት እንትውስኹ ኮነ እንትሓብኡ ዝሓቶምን ካብ ተግባራቶም ክቑጠቡ ዘገድድን ኣካል የለን:: ገንዘብ ህዝቢ ወሑዳት ሃፋትም ነጋዶ ሒዞምዎ ንሓረፃን ንኮንትሮባንድን እንትውዕልዎ ዝሕለቐሎም እምበር፤ ረብሓን ህልውናን ህዝቢ ኣቐዲሙ ንጉጉይ ተግባራቶም ዝእርም ኣካል ዘጊድ ኣይተረኸበን:: ብተመሳሳሊ ድማ ካድረታት መሪሕነት ህወሓት ምስ መሻርኽቶም ነጋዶ ተሓባቢሮም ብዙሓት ዘይሕጋዊ ተግባራት ኣብ ምፍፃም ይርከቡ:: ሃፋትን ንብረትን ህዝብን መንግስትን ኣብ ምብኻን፣ ምሻጥን ምብልሻዉን ተፀሚዶም ኣለው:: ብዘይ ሓታቲ ነዳዲ፣ ፊኖ፣ ስኳርን ካልኦት ሃለኽቲ ሸቐጣትን ብስውርን ቅሉዕን ክቸርችሩ ይረኣ ኣሎ::

ብሓፈሻ ትግራይ ሙሉእ ንሙሉእ ንምጥፋእ ኩሉ ዓይነት ዓቕምታቶም ኣዋፊሮም ኲናት ዝወልዑ ፀላእቲ ኣለው። ብኻልእ ሸነኽ ድማ ጅግንነት፣ ሓድነት፣ ስምረት፣ ተቓላሳይነትን ብሄራዊ ስሚዒትን ተጋሩ ጠምዚዙ ንፀቢብ ውድባዊ ረብሕኡ ክጥቀመሉ ዝሰርሕ ናይ ውሽጢ ሓይሊ ኣሎ። መሪሕነት ህወሓት ዓቕምን ተኽእሎን ተጋሩ ኣልሚሱ፣ ወነን ጅግንነትን ህዝብና ኣደኽዲኹ፣ ብሄራዊ ስሚዒት መንእሰይ ትግራይ ከም ሓደጋ ሰሪዑ፤ ትግራይ ዓቕማ፣ ሓይሊ ሰባን ካልኦት ፀጋታታን ከይትጥቀም ዝገብር ዘሎ ምኽኑ ክስመረሉ ይግባእ። ትግራይ ኣብ ሞንጎ ከጥፍኣ ዝወፈረ ፀላኢ ኮኽሒ(ወራሪትና ኢትዮጵያን መላፍንታን)፤ ከይትለምዕ፣ ከይትድልድል፣ ከይትሕይልን ፈታዊ ከይህልዋን ምውስዋስ ዝኸልኣ ጭቃ (ህወሓት) ትርከብ። ትግራይ ዘለኣለማዊ ሩፍታ ክትውንን፣ ዘላቒ ልምዓትን ሰላምን ክትጎናፀፍ፣ ፍትሕን ዲሞክራስን መለለይኣ ክኾኑ፣ ፀላእታ ዘይትንክፍዋ ሓራስ ነብሪ ክትከውን፣ ዜጋታታ ዝኸርዑላን መሐበኒት ሃገር ክትገሃድ፤ ነቲ ኮኽሒ ክትፍንፅሖን ከይትንቀሳቐስ ኣጣቢቑ ዝቖረና ጭቃ ክትሓፅቦን ኣለዋ። ወራር ዘርኢ ምፅናት ፀላእቲ ኮነ ዕንደራ መሪሕነት ህወሓት ክቕፅል ምፍቃድ ማለት ታሪኽ ጉዕዞ ዒንኪላሎ ትማልን ሎምን ምድጋም እዩ ዝኸውን።

**ዓወት ንህዝቢ ትግራይ !!**

# ቀፃሊ ኣንፈት
# ተኽእሎ ህዝባዊ ተጋድሎና

ብተጋዳላይ ሕድሮም ተስፋይ (Medical Doctor)

ኣብ ሕዚ ዘሎ ህልው ኩነታት ህዝባዊ ተጋድሎና ኣብ ሞንጎ ፌዴራላዊት ኢትዮጵያ ከቕጽል ዝደሊ ውሕድ መሪሕነት ህወሓትን፤ እዚ ኩናት ብምግሃድ ሃገረ ትግራይ ብዓወት ክዛዘም ዝደሊ ኣዝዩ ዓብላላይ ድምጺ ዝውንን ህዝባዊ ሓይልን ተቖርቂሩ ይርከብ። ብምኽንያት እዚ ተገራጫዊ ዕላማታት ከዓ ተጋድሎና ፓለቲካዊ፣ ዲፕሎማስያዊን ወተሃደራውን ክሳራታት ኢሉ ድማ ደውታ ገጢምዎ ኣሎ። እቲ ሕዚ ዘሎ ደውታ ናበየናይ ገጽ ይኸይድ ይኸውን? ዝብል ሕቶ ንምምላስ፤ ከምኡ ውን ህዝቢ ትግራይ ነቲ መጻኢኡ ኣጸልሚቱ ዘሎ ኩነታት ደውታ ክፈትሕ ዘኽእሎ ሕርያን ውሳነታትን ክርከብ መእታን፤ ናይ ውሽጥናን ደገን ምዕባለታት ኣብ ግምት ዘእተዉ ኩሎም ተኽእሎታት መጻኢ ዕድል ቃልስና ብርትዓውነት ምቕማጥ ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ።

ብርግጽ ንዝቐለለ ሰእሊ ተባሂሉ ቀጻሊ ዕድል ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ወይ ከምቲ ልሙድ ብድሌት እቲ ዘይህዝባዊ መሪሕነት ተጨውዩ ናብቲ ቅድሚ ኩናት ዝነበሮ ኩነታት ክምለስ እዩ ወይ ድማ ከም ድሌት ህዝቢ ብምግሃድ ሃገረ ትግራይ ክዛዘም እዩ ኢልካ ብክልተ ተኽእሎ ጥራሕ ሓጺርካ ምቕማጥ ይከኣል እዩ። ኮይኑ ግን ሕዚ ኣብ ትግራይ ኣንጻር ኣካይዳ እቲ መሪሕነት ዝርኣይ ዘሎ ኣቓውማ፣ ኢ-ተገማቲ ፓለቲካዊ ባህርያት ኢትዮጵያን እዚ ዞባን፣ ከምኡ ውን ኣብዚ ኩናት ብቕጥታን ብተዘዋዋርን ናይ ዝሳተፉ ዘለው ዓለምለኻውያን ሓይልታት ድሌታት ኣብ ግምት ብምእታው፤ ቀጻሊ ተኽእሎ ቃልስና ክልተ መልከዓት ጥራሕ ዘይኮነስ ካልኦት ዓንቀፍትን መደናገሪትን ወይ ድማ ፍጹም ዘይተጸበናዮ ዕድላት ሒዞም ክመጹ ዝኽእሉ ምዕባለታት ከምዝህልውዎ ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ።

ህዝብና ነቶም ብሕማቕን ጽቡቕን ኣብ ቀጻሊ ጉዕዝኡ ዝጽበይዎ ዘለዎ ተኽእሎታት ካብ ሓቀኛ ባህጉ እናተልዓለ ንዓወቶም ወይ ውን ኣንጻሮም ክቃለስ እንተኾይኑ፤ ብዛዕብኦም እኹል ሰእሊ ክህልዎ ግድን ይኸውን። እንሆ ድማ፤ ነቲ ሕዚ ህዝባዊ ተጋድሎና ኣጋጢምዎ ዘሎ ባዕላውን ግዳማውን ተጻብኦታት/ብድሆታት ኣብ ግምት ዘእተው ከምኡ ቀጸልቲ ተለዋወጥቲ ምዕባለታት መሰረት ዝገበሩ፤ ኣርባዕተ ቀጸልቲ ተኽእሎታት ምስ ባህርያቶምን ሳዕቤናቶምን ተዛሚዶም ከምዝስዕብ ቀሪቦም ኣለው።

## ሀ. ምቕጻል ኩናትን ወራርን

ኣብ መፈለምታ ወርሒ ታሕሳስ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ተጋድሎና ዘጋጠሙ ፓለቲካዊ፣ ዲፕሎማሳውን ወተሃደራውን ክሳራታት ስዒቡ፤ ካብ ወርሒ ሓምለ ጀሚሩ ን ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣብ ክልላት ዓፋርን ኣምሓራን ክዋጋእ ዝጸንሐ ሰራዊትና፤ ሕዚ ዳርጋ ምሉእ ብምሉእ ናብ ዶባት ትግራይ ተመሊሱ ኣብ ናይ ምክልኻል ቁመና ይርከብ። ምዕራብ ትግራይ ሕዚ ውን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ጽምደኣውያን ወረርቲ ሓይልታት ኣምሓራ፣ ኢትዮጵያን ኤርትራን እዩ ዘሎ።

ኣብ ባይታ ዘሎ ጭቡጥ ኩነታት ክንርኢ ከለና፤ ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ብመንግስቲ ኣሜሪካን ማሕበረሰብ ዓለምን ዝቐርብ ዘሎ ጠለብ ቶኽሲ ደው ምባል ዝተቐበለ ይመስል። ከም ሓቂ ግን መንግስቲ ኢትዮጵያ ሕዚ ውን ደብዳብ ነፈርቲ ኣየቋረጸን። ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዘንበሮ ዕጽዋን ክልከላን ውን ከፍኩስ ግብራዊ ምንቅስቓስ ኣይጀመረን። ናይዚ ቀንዲ ምኽንያት ክኸውን ዝኽእል ድማ፦ ሓደ እቲ ናይ ትግራይ መሪሕነት ሕዚ ውን ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ብሓይሊ ናይ ምልዋጥ ባህጉ ደው ከምዘበለ ብግልጺ ካብ ዘይምእዋጅ ዝፈጠሮ ስእነት ምትእምማን ክኸውን ይኽእል። ካልኣይ ኣብ ወራር ትግራይ ዘተሳተፉ ሓይልታት ኣምሓራን ኤርትራን ቶኽሲ ደው ንምባል ካብ ዘይብሎም ድሌታት ተበጊሶም፤ ኣንጻር መንግስቲ ኢትዮጵያ ተቓውሞን ሽርሕን የሳልጡ ብምህላዎም ክኾውን ይኽእል። ዘይሩዘይሩ መንግስቲ ኢትዮጵያ ቶኽሲ ደው ኣቢሉ ንሰላማዊ ዘተ ቅሩብ ከምዝኾነ ምልክታት እንተሃለው እኳ፤ ሕዚ ውን ብቐንዱ ብሓይልታት ኣምሓራን ኤርትራን ዝሳለጡ ውግኣት ምስ ሓይልታት ትግራይ ይቕጽሉ እዮም ዘለዉ። ትግራይ ውን እንተኾነት ብጻላእቲ ዝተወረረ ስትራቴጂካውን ሉኣላውን መሬት ምዕራብ ትግራይ ናብ ዋንነታ ከይመለሰት ኩናት ደው ክተብል ኣይትኽእልን።

ኮታስ ኩናት ደው ኢሉ ናብ ሰላማዊ ዘተ ክእቶ ዝሕብር ምልክታት ከምዘሎ ኮይኑ፤ ካብ ባህሪ፣ ባህግን ዝተወሳሰበ ርክባትን እዞም ሰለስተ ወረርቲ ሓይልታት ብምብጋስ ከምኡ ውን ናይቲ ኣብ ትግራይ ዘሎ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ስልጣን ንሕንሕ ዘካይድ ዘሎ መሪሕነት ኣመላት ኣብ ግምት ብምእታው፤ ቀጻሊ ኩናትን ወራርን ክህሉ ከምዝኽእል ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ኣብዚ ክስመረሉ ዝግባእ ቀንዲ ነጥቢ ድማ፤ ኩናትን ወራርን ምስዝቕጽል፤ ትግራይ በቲ ሕዚ ዘሎ መሪሕነት እናተመርሐት ከምቲ ናይ ዝሓለፈ ሽድሽተ ኣዋርሕ ኣብ ዘይንጹርን ፍትሓውን ጎኒ ኩናት ኮይና ክትዕወት ትኽእል ዶ? ዝብል እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ቀጻሊ ዕጽዋን ከባን ዘላ ትግራይ ዝተናውሐ ኩናት እሞ ድማ ህዝባዊ ዕላማ ብዘይውክል ምልካዊ መሪሕነት እናተመርሐት ትግራይ ዝህልዋ መኸተ ይዕወትዶ? ኢልካ ምሕታት ውን ጠቓሚ እዩ።

እዞም ሕቶታት ንምምላስ ሕዚ ህዝባዊ ተጋድሎና ዘለዎ ኩነታትን ምስ ናይ ጻላእትና ኩነታት እናነጻጸርና ምርኣይ የድሊ። ናብ ባዕላዊ ኩነታትና ምስንመጽእ፤ እቲ ኣብ ሞንጎ መሪሕነት ህወሓትን ህዝብን ዝተፈጠረ ናይ ዕላማ ጎነጽ ተቐሊዑን ተባሊሑን ወጽዩ ኣሎ። ህዝብና ባህጉ ነጺሩ ንምግሃድ ሃገረ ትግራይ ዋጋ እናኸፈለ ከመዝመጸን ንቐጻሊ ውን ከመዝኸፍልን ዘጠራጥር ኣይኮነን። ብሓቂ ውን ንዋንነት ሃገር ኣብ ዝሳለጥ ቃልሲ ህዝብና ኣድላይ ዘበለ መስዋእቲ ክኸፍል ድልው እዩ። ኮይኑ ግን እቲ መሪሕነት ንናይ ባዕሉ ጸቢብ ረብሓ ክብል ኣንጻር እቲ ህዝባዊ ዕላማ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ዝኾደ ኣካይዳ፤ ህዝባዊ ሕቶታት ክባራዕን ለዉጢ መሪሕነት ክህሉን ኣገዳዲ ኩነታት ፈጢሩ ኣሎ። ብተወሳኺ ህዝባዊ ተጋድሎና ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ዝኸፈሎ መሪር ዋጋታት እናሃለወ፤ ብሰሪ ጸቢብ ዕላማ ህወሓት ዝተኸፈለ ዋጋ ኣብዘይ መዓልኡ ውዒሉ፤ ተጋድሎና ወተሃደራውን ድፕሎማሳውን ረብሓታት ከየሰሰነ ተሪፉ እዩ። ከም ውጽኢቱ ከዓ ተጋድሎና ንህዝብን ነቲ ኩናት ዝኸውን ቀረብ ዝረኸበሉ ኣፍደገ ዘይብሉ ኣብ ዕጹው ሜዳ እዩ ዘሎ። ምስዚ ተዛሚዱ፤ ብወገን ኢትዮጵያ ዘለው ጻላእትና፤ ብሰሪ ህወሓት ናብ ኣዲስ ኣባበ ተመሊሱ ስልጣን ክሕዝ ዘንቀሎ ውግኣት፤ ህዝባዊ ደገፍን ዲፕሎማሳዊ ዓወታት ረኺቦም ኣለው። ብወገን ኤርትራ ውን እንተሪኢና፤ ንወተሃደራዊ ቀረባት ዘይተዓጽወ ኣብ ልዕሊ ምዃኑ፤ ንሕና ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣብ ኣምሓራን ዓፋርን መኸሰብ ንዘይብሉ ገዚፍ ዋጋታት ኣብ ዘኽፈለ ውግኣት እንተለና፤ ንሱ ሓይሉን ቀረባቱን ዓቂቡ ዝጸንሐሉ ኩነታት ኣሎ።

**ብሓቂ ውን ንዋንነት ሃገር ኣብ ዝሳለጥ ቃልሲ ህዝብና ኣድላይ ዘበለ መስዋእቲ ክኸፍል ድልው እዩ። ኮይኑ ግን እቲ መሪሕነት ንናይ ባዕሉ ጸቢብ ረብሓ ክብል ኣንጻር እቲ ህዝባዊ ዕላማ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ዝኾደ ኣካይዳ፤ ህዝባዊ ሕቶታት ክባራዕን ለዉጢ መሪሕነት ክህሉን ኣገዳዲ ኩነታት ፈጢሩ ኣሎ።**

ካብዚ ተበጊስና ኣብ ውሽጥና ዘሎ ቅልውላው መሪሕነት፣ ምልካውን ጸረ ዕላማ ህዝባዊ ተጋድሎን ዝቐንዐ ኣካይዳ፣ ከምኡ ውን ጉሂሮም ዘለው ህዝባዊ ሕቶታት ኣብ ግምት ብምእታው፤ መኸተና ኣብ ዝተናውሐ ኩናት ክዳኸም ይኽእል። ባዕላዊ ምትዕርራይ ጌርና መኸተና ብስትራቴጂካዊ ኣገባብ እንተዘይመሪሕናዮ፤ ኣብ ነዊሕ ኩናት ተዳኺምና ትግራይ ግዳይ ዳግማይ ወራር ክትከውን ትኽእል። ስለዚ እዚ ተኽእሎ እዚ፤ ከም ህዝቢ ክንለዓል ዕድል ዘይህብ ወይ ከዓ ነዊሕ እዋንን ከቢድ ዋጋን ናብ ዝኸፍል ኩነታት ዘውድቕ፤ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ፈሪሱ ህዝብና ናብ ዝተፈላለዩ ናይ ጻላእቲ ምሕደራ ዝወድቀሉ ዘበነ ደማዊ ባርነት ዝኸፍት፤ ሓደገኛ ተኽእሎ ኮይኑ ክመጽእ ይኽእል።

# ለ. ምምላስ ናብ ፌዴሬሽን ኢትዮጵያ - ሪፈረንደም ህወሓት

እዚ ተኽእሎ እዚ ብቐንዱ ብኣሜሪካ ካብ ፈለማ እቲ ኩናት ዝተትሓዘ መርገጺ ኮይኑ፣ ቶኽሲ ደው ብምባል ጀሚሩ፣ ኩነታት ናብቲ ቅድሚ ጥቅምቲ 24/2013 ክምለሱ ዘኽእል ነዊሕ ድርድር ብምኽፋት፣ መንግስትነት ኣብይ ኣብ ኢትዮጵያ ዘውሕስ ከምኡ ውን ህወሓት ገለ ጽገናዊ ለውጥታት ኣካይዱ ኣብ ትግራይ ስልጣን ሒዙ ክቕጽል ዝፈቅድ ተኽእሎ እዩ። ኣብዚ መዳይ መንግስቲ ኣብይን ህወሓትን ገለ ምስምዕማዓት ከመዘለዎም ዝሕብር ምዕባለታት ከዓ ኣሎ። ህወሓት እቲ ብጉጉይ ፓለቲካዊ፣ ዲፕሎማሳውን ወተሃደራውን ገበጣ ዝኣተዎ ገስጋስ ኣዲስ ኣበበ ምስተኾለፎ፣ ንኣብይ ብሓይሊ ናይ ምእላይ ድሌቱ ንግዚኡ ሰሪዙ፣ ፌዴራላዊት ኢትዮጵያ ዝተሰምየ ዕላምኡ ብካልእ መገዲ ኣብ ዝተናውሐ ቃልሲ ከዐውት ዝተሰማምዐ ይመስል። ብርግጽ መንግስቲ ኣብይን ህወሓትን ካብ ሰናይ ጉሓቱ ናይ ስልጣን ንሕንሕ እምበር ናይ ዕላማ ባእሲ ከምዘይብሎም ሓቁ ክቕላዕ ከሎ ከዓ እዚ ተኽእሎ ናይ ምዃን ዕድሉ ሰፊሕ እዩ። ኣሜሪካን ዓለምለኸ ማሕበረሰብን ብሰፊሑ ዝደልይዎን ዝሰርሕሉን ምዃኖም ከዓ ተደራቢ ሓይሊ እዩ። ብወገን ህወሓት ዘለው ናይ ውድባዊ ድሕነት፣ ካሕሳን በጀትን ሕቶታት መልሲ እንተረኺቦም፣ ከምኡ ውን ኣብይ ካብ ሸነኽ ህወሓት መንግስትነቱ ከምዘይትንከፍ መረጋገጺ እንተረኺቡ፣ ኣብ ቀረባ ናብ ስምምዕነት ክመጹ ይኽእሉ። ከም ውጺኢቱ ከዓ ኣብይ ዕጽዋታትን ክልከላታት ከፊቱ፣ ትግራይ ድማ ከምታ ሕዚ ዘላታ ወይ ውን ምዕራብ ትግራይ ናብ ቦትኡ ተመሊሱ፣ ኣብይ ፌዴራል መንግስቲ ሒዙ ህወሓት ኣመሓዳሪ ክልል ትግራይ ኮይኑ ተዓሪቖም ግን ድማ ከይተኣማመኑ ክቕጽሉ ክሰማምዑ ይኽእሉ።

እዚ ተኽእሎ ሰፊሕ ናይ ምዃን ዕደል እንተሃለዎ ውን ግን፣ ብቐሊሉ ክውን ክኸውን ዘየኽእሉዎ ባእታት ገዘፍቲ እዮም። ቀዳማይ ዕንቅፋት ዝኸውን ሓይልታት ኣምሓራን ኤርትራን ኣብይ ነዚ ተበግሶ ከይወስድን ትግራይ ድማ ናብ ቅድሚ ጥቅምቲ 24/2013 ዝነበረቶ ኩነታት ከይትምለስን ብዕቱብ ክሰርሑ እዮም። ብስሩ ውን ነቲ ኣብይን ኦሮሞን ዝድግፍዎ ሕገ-መንግስቲ መሊኦም ክቕይሩ ክለዓሉ ይኽእሉ። ሓይልታት ኣምሓራን ኤርትራን ኣንጻር እዚ ተኽእሎ ካብ ዘለዎም ቆራጽ መርገጺ ተበጊሶም፣ መንግስቲ ኣብይ ክሳብ ምዕላው ዝኸይድ ስጉምትታት ክወስዱ ይኽእሉ። እዚ ኩነታት ከዓ መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ ምንዋጽ ጀሚሩ ንመላእ ኢትዮጵያ ናብ ኩናት ናብ ዝድቕድቕ ምዕባለ ከምርሕ ይኽእል። ሳልሳይ ነዚ ተኽእሎ ዕንቅፋት ክኸውን ዝኽእል ባእታ፣ ብሄራዊ ህዝባዊ ሓይሊ ትግራይ እዩ። እዚ ሓይሊ እዚ ትግራይ ናብ ኢትዮጵያ ክትምለስ ድሌት የብሉን። እዚ ዓብላላይ ደገፍ ህዝቢን ሰራዊትን ትግራይ ዝሓዘ ሓይሊ እዚ፣ ባህጉ ነጻ ሃገረ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ምዃኑ፣ ድሕሪ ኩናት ኣብ ትግራይ ተፈጢሮም ዘለው ምዕባለታት ፈጺሞም ብፌዴሬሽን ኢትዮጵያ ዝፍትሑ ዘይምኻኖም፣ ንህወሓትን ተወሳኺ ፈተና እዩ። ዋላ ውን ከምቲ ህወሓት ብዕሊ ዝገለጾ ንክልላት ክሳብ ናይ ባዕለን ሓይሊ ምክልኻል ዝፈቅድ ፌዴሬሽን ወይ ኮንፌዴሬሽን ብዝብል መብጸዓታት ክቐርብ ዝኽእል እንተኾነ፣ ብወገን ትግራይ ኮነ ብወገን ኢትዮጵያ ተቐባልነት ክህልዎ ከቢድ እዩ። ኮይኑ ግን ህወሓት ከምወትረኡ ድምጺ ህዝቢ ትግራይ ዓፊኑ፣ ሰላም ተቐቢለ ኢሉ፣ ትግራይ ናብ ፌዴሬሽን ኢትዮጵያ ክምልስ ምንቅስቓሱ ኣይከተርፍን። በዚ ድማ ሰፊሕ ተቓውሞ ኣብ ትግራይ ክለዓል ይኽእል። ህወሓት ዕላምኡ ፌዴራላዊ ማዕርነታዊ ሓድነት ኢትዮጵያ እንሃለወ፣ ሪፈረንዶም ክነካይድ ዝብል መርገጺ ምሓዙ ከዓ ድምጺ ህዝቢ ትግራይ ብህወሓት ንምጭዋይ ምድላዋት ከምዘሎ ድሮ ተፈሊጡ ኣሎ።

ብሓፈሻ እንትርአ ግን እዚ ተኽእሎ እዚ ዋላ እኳ ባህርያዊ ምዝባዕ ኢትዮጵያ ዘይፈትሕ ግዝያዊ መደንዘዚ እንተኾነ፣ ብምሉእ ክሳራ ዕላማን መስዋእትን ህዝባዊ ተጋድሎ ተጋሩ ዝዛም፣ መጻኢ ዕድል ህዝቢ ትግራይ ናብ ተወሳኺ ዕዳ ዘእቱ፣ ካልእ ሓደገኛ ተኽእሎ እዩ። ብርግጽ ክሳብ ሕዚ ዝተኸፈለ ዋጋ ተጋድሎና ዘኽስር፣ ንቕጻሊ ተወሳኺ መስዋእቲ ዝሓትት፣ ንመጻኢ ወለዶ ትግራይ ግዳይ ዳግማይ ጀኖሳይድ ክኸውን መጽባዓ ጥፍኣት ዝሓዘለ፣ ስቓይ ህዝቢ ትግራይ ዘናውሕ ተኽእሎ እዩ።

## ሐ. ኣይኩናት ኣይሰላም - ምቕጻል ዕጽዋን ከባን

ዓለምለኸ ማሕበረሰብ ብዝበለጸ ኣሜሪካ በቲ ገና ኢጋውሉ ዘይተፈለጠ ቶኽሲ ደው ምባል ዝብል ዘረባታት ዓጊቦም፤ ቅልውላውን ኲናት ትግራይን ንምፍታሕ ሞራልን ድሌትን ስኢኖም፤ ኣብይ ኣንጻር ጸቕጥታት ዓለምለኸ ማሕበረሰብ ንባህግታት ኣምሓራን ኤርትራን ተገዛኢ ኮይኑ ግን ድማ ናብ ትግራይ ወተሃደራዊ ወፍርታት ካብ ምግባር ተቖጢቡ፤ ምናልባት ውን ትግራይ ምዕራባዊ ግዝኣታ ከየመለሰት ብምቕጻል ... ዝህሉ ተኽእሎ እዩ። ዛጊድ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነዚ ተኽእሎ ንምፍጣር ድሌታት ከምዘለዎ ብገለ ተኣመንቱ ዝውዛዕ ዕላዊ ዘረባታት ኣሎ እዩ። ብዝበለጸ ድማ ድሌት ዕርቂ መንግስቲ ኣብይን ድሌት ምቕጻል ኲናትን ኣምሓራን ዘተዓርቕ ነጥቢ ኮይኑ ክመጽእ ይኽእል እዩ። ብወገን ኤርትራ ውን ትግራይ ክምታ ሕዚ ዘላታ ምዕራብ ትግራይ ዘይብላ ተዓጽያን ተኸቢባን ኣብ ቀጻሊ ጥፍኣትን መከራን ክትነብር ብነዊሕ ዝተትሓዘ ስትራቴጂ እዩ።

ኣብ ሞንጎ እዚ፤ ኣብ ትግራይ ዕጽዋን ከባን ንምፍንጣሕ ህዝባዊ ድሌት ዘሎ ኮይኑ፤ ግን ከዓ ህወሓት ብዝወስዶ ጉጉይ ስልሒት ወይ ውን ካብ ስእነት ዓቕምን ድሌትን፤ ሕዚ ዘሎ ደውታ ክቕጽል ይኽእል። ምስ እዚ ተዛሚዱ ዋላ ውን ዓለምለኸ ማሕበረሰብ ምዕራብ ትግራይ ናብ ትግራይ ክምለስ እንተደለዩ፤ ኣብይ ምስ ኣምሓራን ኤርትራን ንዘይምጽላእ ወይ ድማ ካብ ህወሓት ክመጾ ዝኽእል ስግኣት ንምዕባስ ከምቲ ሕዚ ዘለዎ ዕጽዋን ከባን ክቕጽል መሪጹ፤ ትግራይ ምዕራብ ትግራይ ዘይብላ ከብብቲ ኮይና ትቕጽለሉ ኩነታት ክፍጠር ይኽእል።

ምስዚ ተዛሚዱ፤ ኣብ ትግራይ ዘሎ ወጥሪ ኣዝዩ ወሳኒ ነጥቢ ናይዚ ተኽእሎ እዩ። ህወሓት ክሳብ ሕዚ ብዘርኣዮ ናይ ዘይምልዋጥ ቁዋም፤ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ተቐባልነት እናሰኣነ ይርከብ። ብዓብይኡ ድማ ነቲ ኲናት ከም ናይ ባዕሉ ጉጅለኣዊ ህልውና ሰለዝሪኦ፤ ዘተ ሰላም በርዒኑ ኢሉ ውን ምዕራብ ትግራይ ዝኽፈተሉ ዕድል መኺኑ፤ ህወሓት ፌዴራላዊት ኢትዮጵያ ኣብ ዝብል ዕላምኡ ተሸኺሉ ምስዝቕጽል፤ ኣብ ትግራይ ውሽጣዊ ሕቶ ሓይሉ ክወጽእ እዩ። እዚ ውሽጣዊ ሕቶ ብሓይልታት ናጽነት ትግራይ ዝዝወር ስለዝኾውን፤ ብዓይኒ ህወሓት ስልጣን ናብ ህዝቢ ምምላስ ማለት ከም ናይ ባዕሉ ናይ ህልውና ሓደጋ ስለዝሪኦ፤ ብሽም መኸተ ኩሉ ነገር ዓጸጽዩ ኣንጻር ድሌት ህዝቢ ብምልካዊ ኣገባብ ኣብ ስልጣን ምቕጻል ከም እንኮ መማረጺ ክወስዶ ይኽእል። እዚ ስቓይ ኲናትን ዓጸቦን ህዝቢ ትግራይ ዘናውሕ ተኽእሎ ከዓ እቲ ብጸላእቲ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተደገሰ ጥፍኣት ብኢደዙር ብህወሓት ክፍጸም ዘገድድ ብመሰረቱ ካብ ቅሉዕ ወራር ዘይፍለ ሓደገኛ ዕድል እዩ።

እዚ ተኽእሎ ክውን እንተኾይኑ፤ ከም ባህጊ ስርዓት ኣስመራ፤ ትግራይ ኣብ ትሕቲ ፍጹም ምልካዊ ዘይሕጋዊ መንግስቲ ህወሓት ክትሓቅቕ እያ። መናእሰያ እንኮላይ እቲ ኣብ ሰራዊት ዘሎ ገዲፍዋ ናብ ስደት ዝኸይድ ዝባደመት ተስፋ ዘይብላ ዓዲ ክትከውን እያ። ህዝቢ ሰኣን ሕክምናን መግብን በቢመዓልቲ ዝረግፈላ ሲኦል ክትከውን እያ። ናይዚ መወዳእታ ከዓ እቲ ሕዚ ጸላእታ ብኲናት ክፍጽምዎ ዝሓሰቡ ጀኖሳይድ ብዝተናውሐ መገዲ ብናይ ባዕላ ውድቀት መፈጸምታ ረኺቡ፤ ግዝኣታን ታሪኻን ተዘሚቱ፤ ከም ብሄረ ይሁዳ ፋሕፋሕ ኢላ ንዘልኣለም ትዓርበሉ ዕድል ዘይኽፈተሉ ኩነታት ኣይክህልውን።

## መ. ሱር-ነቀል ምትዕርራይ ፓለቲካ ትግራይ- ጉዕዞ ዓወት- ጉዕዞ ናጽነት

እዚ ሕዚ ኣብ ትግራይ "መንግስቲ እየ ኢሉ ኣብ ስልጣን ዘሎ መሪሕነት"፤ ካብ ባህሪን ባህግን እቲ ኲናት ተበጊስካ ከትርፎ ጸቢብ ዕድል ጥራሕ ነይርዎ ምባል ይከኣል ይኸውን። ብዓይኒ እቲ ኲናት ዘስዓቦ ዕንወትን ምቕናስን ነቲ ኲናት ኣብ ምምራሕ ዘርኣዮ ድኽመትን እንትርእ ግን፤ እዚ መሪሕነት እዚ ይትረፍ ነቲ ገጢሙና ዘሎ ጸገም ክፈትሕ፤ ንናይ ሓንቲ ንእሽቶ ኲባንያ ቅልውላው ውን ክፈትሕ ዘይክእል ኢ-ሓላፍነታዊን ሓደገኛን መሪሕነትን እዩ። እዚ መሪሕነት እዚ ብጉጉይ ኣተሓሳስባን ምዕሪት ናብቲ ዋጋ ዘኽፍለና ዘሎ ኲናት ኣትዩ ከየብቅዕ፤ ናይቲ ኲናት መሰረታዊ መንቀልን ፍታሕን ውን ዝተረድኦ ኣይኮነን። ነቲ ኲናት ብመሰረታዊ ባህሪኡ፣ ትሕዝትኡን ኣሰላልፍኡን ገምጊሙ ስትራቴጂ ሓንጺጹ ከዐውቶ ይትረፍ፤ ንባዕሉ ከድሕኑ ዝኽእሉ ወድዓዊ ሕርያታትን መዋጽእን ውን ከመጽእ ኣይከኣለን። እዚ ሓይሊ እዚ ናይ ሓሳብ ድርቀት ኣጋጢምዎ፤ ነቲ ትግራይ ዘላቶ ኩነታት ምስ ዞባውን ዓለምለኻውን ኩነታት ኣጋጢሙ ፍታሕ

ኣብ ክንዲ ምንዳይ፤ በቲ ነቲ ኵናት ዝወደለደን ንትግራይ ግዳይ ዝገበረን ጉጉይ ኣተሓሳስባ ክኸይድ ስለዝመረጸ፤ ተጋድሎና ብሻላ ህዝባዊ ጻዕርን መስዋእትን ረኺብዎ ዝነበረ ዓወታት ክሕንሸሽ ገይርዎ ኣሎ።

ብሓጺሩ እቲ ሕዚ ትግራይ ተካይዶ ዘላ ደማዊ ኵናት ኣብ ደውታ ኣትዩ፤ ኣንጻር እቲ ንስለ ተስፋን ብሩህ መጻእን ዝተኸፈለ ዋጋ ኣብ ሰንፈላል ተሸሚሙ ዝርከብ፤ እዚ ሓይሊ እዚ ሕዚ ውን በቲ ንህዝቢ ትግራይ ግዳይ ዝገበረ ጉጉይ መገዲ ክቕጽል ሰለዝወሰነ እዩ። እዚ ድኹም መሪሕነት እዚ ሕዚ ውን እቲ ጨና ወድዓውነት ዘይብሉ ጉጅለኣዊ ዕላማኡ ብዋጋ ተጋድሎ ትግራይ ከዐወት፣ ህዝቢ ትግራይ ግዳይ ጀኖሳይድን ወራርን ኮይኑ እንከሎ፤ ነቶም ፍልፍል ሕሰምና ዝኾኑ ኣተሓሳስባታቱን ናይ ደገን ውሽጥን ፓሊሲታት ክልውጥ፤ ምስቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ባህጊ ህዝቢ ትግራይ ከሳንዮም፤ ድሌት ኣይብሉን። እኳ ደኣስ ነቲ ኣብ ትግራይ ሕዚ ዘሎ ጻምእ ናጽነትን ባህጊ ዋንነት ብሄረ-ሃገረ ትግራይን ተጠቒሙ፤ ብዋጋ መስዋእቲ ህዝቢ ትግራይ ናይ ባዕሉ ህልውናን ጸቢብ ረብሓን ከሰጉም፤ ጨካንን ዘይወድዓውን ዕላማ ሒዙ እዩ ዝቕጽል ዘሎ።

---

**ዋላ ውን ከምቲ ህወሓት ብዕሊ ዝገለጾ ንክልላት ክሳብ ናይ ባዕለን ሓይሊ ምክልኻል ዝፈቅድ ፌዴሬሽን ወይ ኮንፌዴሬሽን ብዝብል መብጸዓታት ክቐርብ ዝኽእል እንተኾነ፤ ብወገን ትግራይ ኮነ ብወገን ኢትዮጵያ ተቐባልነት ክህልዎ ከቢድ እዩ።**

---

እዚ እዩ ከዓ ፍልፍል ኩሎም እቶም ሕዚ ቃልስና ኣጓኒፎም ዘለው ብድሆታት። ዕላማን ባህግን ናይቲ ነቲ ኵናት ተሰኪሙ ዘሎ ህዝብን ብሄራዊ ሓይልን ምግሃድ ሃገረ ትግራይ እናሃለወ፤ ዝመርሖ ዘሎ ኣካል ግን ነቲ ኩናት ዝወለዶን በቲ ኩናት ዝፈጠረ ኣካይዳ ክኸይድ ዝደሊ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ መሪሕነት እዩ። ኣይኮነን ኵናት ዝኣክል መዐነዊ ብሄራዊ ሓደጋ ዝወለደ ጉጉይ ኣተሓሳስባን ፓሊስን፤ ዝኾነ ሕ/ሰባዊ ጸገም ዝፈጠረ ኣሰራርሓ ውን እንተኾነ፤ መፍትሒ ናይቲ ዝፈጠሮ ጸገም ክኸውን ኣብ ዓለም ተራእዩ ኣይፈልጥን። ብስሩ ውን ኣብ ንቡር ኩነታት እንተንህሉ፤ ነቲ ጸገም ዝፈጠረ መሪሕነት ኣይኮነን ዶ ነቲ ጸገም ፍታሕ ከምዘይህብ እናተፈለጠ፤ ብገለ ተኣምር ለውጢ ሓሳባት እንተዝገብር ውን ተሓታቲ ደኣ እዩ ክኸውን ዘለዎ እምበር፤ ነቲ ባዕሉ ዝፈጠሮ ጸገም በቲ ጸጉም ኣካይድኡ ከይፍታሕ ክዕንቅፍ ዕድል ክወሃቦ ኣይምተገብአን። ኮይኑ ግን ሕዚ ውን እቲ መሪሕነት ብምኽንያት ኣብ ትግራይ ዝፈጠሮ ስርዓት፤ ከም ህዝቢ ኣብ ቅኑዕ ኣቋውማ ሰለዘይጸናሕና፤ ንኸምዚ ዝኣመሰለ መመሊሱ ህልውናና ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ክፉእን ውድቀትን ተዳሪግና ኣለና።

እምበኣር እቲ ኩናት ግቡእ መኸምበቲ ረኺቡ ካብቲ ሕዚ ህይወት ተጋሩ ዝበልዕ ዘሎ ምዕራፍ ታሪኽ ክንወጽእ ኢሉ ውን ካብቶም ክፉኣት ቀጸልቲ ዕድላት ክነምልጥ እንተኾይና፤ ህዝባዊ ተጋድሎና ኣጓጢምዎ ዘሎ መሰረታዊ ብድሆ ብምፍታሕ ክንጅምር ኣለና። ፈለማ ህዝቢ ትግራይ ዕላማ ናይቲ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ደቒቕ ህይወት ዝኸፍለሉ ዘሎ መኸተ ምግሃድ ሃገርነት ምኳኑ ይነጸር። ነዚ ከምዚ ዝበለ ዕላማ ከዓ እቲ ሕዚ ህልው ኩነታት ኣንቢቡ ስትራቴጂክ መዋጽእ ክሕንጽጽ ዓቕምን ቅንዕናን ዘይብሉ መሪሕነት ዘይኮነስ፤ ብዘይ ናይ ውድባዊ ፓለቲካዊ ፍልልያት ነዚ ዕላማ ዝቐንዐ ተጋሩ ክመርሕዎ ምትዕርራይ ነበግስ። ዝተረፈና እንኮ መዋጽእ ሱር-ነቀል ምትዕርራይ ኣሳሊጥና ነቲ ህዝባዊ ተጋድሎ ዝግባእ ብሄራዊ መሰጋገሪ መሪሕነት ምውላድ ጥራሕ እዩ።

ሕዚ ግዘ ከይሃብና ነዚ ምንጻር ዕላማን ምትዕርራይ መሪሕነትን ከም ህዝቢ እንተተላዒልና፤ እቶም ካልኦት ኣብ ምሕደራ ደጀን፣ ዲፕሎማስን ወተሃደራዊ መሓውርናን ዘጋጥሙ ዘለው ጸገማት ንምእራም ኣይከንጽግምን። ቀንዲ ብድሆ መኸተና ዝኾነ ስእነት ባህግን ሓቀኛ ዕላማን ህዝቢ ትግራይ ዝተሓንገጠ ስእነት ብሄራዊ ስትራቴጂክ መሪሕነት እንተፈቲሕና፤ ካልኦት ካብዚ ዝፍልፍሉ ውሽጣውን ግዳማውን ብድሆታት ክንፈትሕ ምሉእ ጸጋ እዩ ዘለና። ቃልስና ናብ ሓቀኛ ዕላምኡን በዓል ዋንኡን እንተመሊስናዮ፤ ካልኦት ሕመቓት ንምፍታሕ ሕዚ ትግራዋይ ብሄራውነት ዝሃበና ጸጋታት እኹል ዕጥቅን ስንቅን እዩ። ህዝባዊ ተጋድሎና ናብዚ ተኽእሎን ዕድልን እንተኣትዩ ጥራሕ እዩ ሕሰም ሰጊርና መስዋእቲ ክንከፍል ነቕኒቑ ኣጋዲሉና ዘሎ ብሄራዊ ባህግና ዝሰምር። መጻኢ ወለዶ ትግራይ ካብ መጽብዓ ጀኖሳይድ ድሒኑ ኣብ ራህዋን ቅሳነትን ዝዓሰላ ናቱ ሃገር ክነብር ትምኒትና ክሰምር እንተኾይኑ፤ ሕዚ ከም ህዝቢ ተጋድሎና ካብ ሓደገኛ መገዲ ኣውጺኡ ናብዚ ዕዱል ክኣቱ ካብ ምግባር ወጻኢ ዝተረፈ መማረጺ ኣይብልናን።


ተጋዳላይ መን ይሃንፆ。。。

መፅሄት
#ረመፅ

20
14

መፅሄት #ረመፅ: ህዝቢ ትግራይ ብዙሓት ሓሳባት ክሸከም ዘኽእል እንግድዓ ዝወነነ ስልጡን ህዝቢ ክኸውን ኣለዎ ኢላ ትኣምን።